# ተጋሩ ንዘጋጥሙና ፀገማት ብስልጡን መንገዲ ናይ ምፍታሕ ባህሊ ኣለና ዶ? ናይ ታሪኽናን ባህሊናን ግደ ኸ እንታይ እዩ?

## Contents


**መእተዊ** ........ 1

**1. ኣብ ሓድነት ዘለና ርድኢት** ........ 4

**2. ታሪኻዊ ፣ ባህላዊን ፣ ሃይማኖታዊን ፅዕንቶታት** ........ 5

**3. ናይ ውግእ ስነ ልቦናዊ ሃንፍን (Nostalgia) ንግዲን** ........ 11

**4. ናይ ኲናት 'በሰላ' ብግቡእ ዘይምርዳእ** ........ 12

**5. ዝተዛበዐ ሓበሬታን ስነልቦና ሕዝቢን** ........ 14

**6. "ንዓበይቲ መልሲ ኣይዋሃብን"** ........ 15

**7. ናይ ስርዓተ ትምህርቲና ፅዕንቶ** ........ 16

**8. ናይ ተጋሩ ውሽጣዊ ሓያል ንሕንሕ (rivalry of "siblings")** ........ 17

**9. ዘይምዕሩይ ፖለቲካዊ ስግግር (ካብ 1960ታት - ክሳብ ሎሚ)** ........ 18

**10. ምትእትታው ሓደሽቲ ነውሪታት (New antisocial culture)** ........ 24

**11. ካብ ፊውዳላዊ መስፈንነት ናብ ኮሚኒስታዊ ፖለቲኮ-መስፈንነት** ........ 26

**12. ብሓይሊ ናብ ስልጣን ምድያብ ዝፈጥሮ ፍርሒ (Control Freak)** ........ 33

**13. ብዕስለ ምሕሳብ (mob thinking)** ........ 34

**14. ስእነት በሊሕ መሪሕነት (strategic leadership)** ........ 38

**15. ጉድለት ስነልቦናዊ ብስለት (emotional Intelligence)** ........ 44

**16. ፍትሕን ርትዒን - ኣልቦ ስርዓት** ........ 47

**17. ስእነት ናፃ ትካላት (independent institutions)** ........ 48

**18. ናይ ግዳማውያን ሓይሊታት ኢድ ኣታውነት** ........ 49

**19. መጠቓለሊ** ........ 51

# መእተዊ

“ተጋሩ ኣብ እዋን ኲናት’ምበር ኣብ እዋን ሰላም ኣይንሓብርን” ዝብል ብዙሕ ትግራዋይ ዝሰምዖ ብሂል እዩ። ብዝተወሰነ መልክዑ’ውን ሓቂ ዝመስል ብሂል። እዚ ብሂል’ዚ ነቲ ሓቂ ዝሸፍንን ናብ ፍታሕ ከይንበፅሕ ዝዓግተናን ስለ ዝኾውን ብውነ ምፍታሽ ግድን እዩ። ኣብ እዋን ኲናት ይኹን ካልእ ናይ ሓደ ሕዝቢ ድሕነት ዝፋታተን ክውንነት እንትፍጠር ዝኾነ ይኹን ሕዝቢ (ዋላ እንስሳ’ውን እንተኾነ) ኣብ ከምዙይ ዝበለ ናይ ሃላዋት ፈተና (existential threat) ምሕባር ንቡር’ምበር ናይ ትግራዋይ ፍሉይ ባህሪ ኣይኮነን። ካልእ ይትረፍ ከም ሓደ ማሕበረስብ ክምደብ ዘይኽእል ካብ ዝተፈላለየ ቦታ ዝመፀ ግና ኣብ ዓብይ ከተማ (metropolitan) ዝነብር ነባሪ’ውን ኣብ’ቲ ሰፈር ንኣብነት ናይ ባርዕ ሓደጋ እንተዝበፅሕ ይፍለጡ ኣይፋለጡ ብዘየገድስ ፣ ዋላ ብነብሲ ዝዳለዩ ዝነበሩ ጎረባብቲ ሓቢሮም ነቲ ባርዕ ከጥፍኡ ምፍታኖም ዘይተርፍ እዩ። ኣብ ከምዙይ ዝበለ ሓደጋ ዝኣተወ ሕዝቢ **“ናይ ሓደጋ ጊዜ ማሕበረሰብ” (disaster community[1])** እዩ ዝባሃል። ቀንዲ ዕላምኡ ድማ ካብ’ቲ ጊዜዊ ፀበባ ንምውፃእ ዝረብሕ ስጉምቲ ምውሳድ ስለዝኸውን ነቲ ሓደጋ ሓቢርካ ካብ ምምካት ወፃኢ ካልእ መማረፂ ኣይህልዎን። ብርግፀ ሕዝቢ ትግራይ ብዓለም ዝተመስከረሉ ጀኖሳይድ (ፅንተት) ዝበፅሖ ስለዝኾነ እቶም ተርእዮታት ካብ ናይ’ቲ disaster community ባህረታት ዝገደዱ ክኾኑ ከም ዝኽእሉ ኣብ ግምት ምእታው ከድሊ እዩ። እቲ ካልእ ሓቂ ድማ ድሕሪ ዓብዪ ሓደጋ (crisis) ኣብ መንጎ ሊሂቃን ኣፈላላያት ምፍጣሮም እዩ። ስለ’ዚ ድሕሪ ጀኖሳይድ ኣብ ሞንጎ ተጋሩ ኣፈላላይ ምፍጣሩ ነውሪ ወይ ካዓ ኣብ ተጋሩ ዝተፈጠረ ፍሉይ ባህሪ ጌርካ ምውሳድ ትኽክል ኣይኮነን። እቲ ሓደጋ ንምታይ ተፈጢሩ? መን ኣምፂእዎ ወይ ድማ መን ኣስተዋፅኦ ገይሩ ፣ መን ኣይገበረን? ከመይ ፈቲሕናዮ? ብዝሓሸ መንገዲ ክፍታሕ ይኽእል ኔሩ ዶ? እቲ ሓደጋ ምቕናስ ይካኣል ነይሩ ዶ? ወዘተ ዝብሉ ሕቶታት ምልዓሎም ንቡር እዩ። ዝኾነ ይኹን ማሕበረሰብ ዝሓቶም ሕቶታት’ውን እዮም። ነዚኦም መልሲ ኣብ ምሃብ ኣፈላላያት ምፍጣሮም’ውን ዘይተርፍ እዩ። ናይ ተጋሩ ፍሉይ ፅገም ጌርና እንወስዶ ነገር እንታሃልዩ ኣፈላላያት ይኹን ዝተፈጠሩ ፅገማት ከም መምሃሪ ዕድል ክንወስድ ዘይምኽኣልናን ከይዲ ኣፈታታሐኦም ድማ ኣብ ክሊ ሕልኽን ኣጉል ንሕንሕን ዝተመስረተ ምኧኑ እዩ። እዙይ ይቀየር እንቴልና ንቡር እዩ።

እቲ ኣብ ትግራይ ዝበፅሕ ዘሎ ዓቕን ዘይብሉ መከራ ኣብ ምእላይ እቲ ኣብዛሓ ማህበረሰብን ልሂቅን ነናይ ባዕሉ ብፅሒት ዘለዎ እንትኾን ብልሂቃን ትግራይ ተደጋጊሙ ዝቐርብ ወቐሳ ኣሎ። ናይ ሕዝቢ ትግራይ ጅግንነት ኣብ ናይ ወፃእ ሓይሊ ጥራህ ድዩ ዝግለፅ ፣ ናይ ባዕሉ ሕማቕ ከባሳብሶ እንተሎ ንምንታይ ስኽ ኢሉ ይርኢ? ዝብል። ነዙይ መልሲ እንተኾነና ኣብ ተመሳሳሊ ኩነታት ዝርከብ ሕዝቢ (ኣብ ትሑት መነባብሮ ዝነብር ማሕበረሰብ) ዝወስዶም ስጉምቲታት ኣብ ክልተ መቑልካ ምርኣይ ይካኣል። ገለ ክፋል’ቲ ማህበረስብ መማረፅታቱ ሪኡ እቲ ዝሓሸ “ሰይጣን” ክመርፅ ዝግደድ እዩ - ካብ ጠርሽካ ምጥፋእን ምቕናይን። ካብ’ቲ ዝለመዶ መንገዲ ውፅእ ዝበለ ሓዱሽ ስጉምቲ ምውሳድ ስለ ዝፈርሕ (risk avoidance)[2] ይሓልፍ ዶ ይኾን ብዝብል ተስፋ ታኣዛዚይ መሲሉ ጊዜ ዘሕልፍ እቲ ኣብዛሓ ክፋል እዩ። እተን ዘለዎኦ ሒደት ጥሪታትን ዕድላትን’ውን ከይስእነን ስለ ዝፈርሕ። እቲ ኻልኣይ ክፋል ድማ መብዛሕትኡ መንእሰይ ኮይኑ ዋላ ቁሩብ ጊዜ’ውን ክፅመም ኣይክእልን ኢሉ ዝኣምን’ሞ ብዙሕ ዘይታሓሰበሉ ሓደገኛ መመራፂ ከይተረፈ ዝወስድ ይኾን። እታ ክማሃረላን መፅኢ ናብርኡ ከማቻቸወላን ዝኽእል ናይ ንእስነቱ ጊዜ ሓፃር ስለ ዝኾነት ጊዜ ከይሓልፎ ንሒወቱ ኣብ ሓደጋ ዘእቱ መንገዲ ክመርፅ ይግደድ። እቲ ፈቖዶ በረኻታት የመንን ዓረብን ሒወቱ ኣብ ኢዱ ሒዙ ዝጓዓዝ ፣ ዘይካኣለ ድማ ናብ ካልኦት ቦታታት ዝጠፍእ ወይ ምስ ፀላኢ’ውን እንተኾነ ርእሱ ኣድኒኑ ዝሰርሕ ዘሎ ኣብ’ዙይ ይምደብ። ናብ ሓደ

---

[1] United Nations Office for Disaster Risk Reduction (UNDRR), DRR Community: https://www.undrr.org/building-risk-knowledge/drr-community

[2] De Courson B, Frankenhuis WE, Nettle D., Poverty is associated with both risk avoidance and risk taking: empirical evidence for the desperation threshold model from the UK and France. Proc. R. Soc. B., 2026

ሚሊዮን ዝፅጋዕ መንእሰይ ነ'ቲ ናይ ኣስገዳድ ወታሃደራዊ ኣዋጅ ፈሪሑ ናብ ኣዲስ ኣበባን ካልኦት ከተማታት ኢትዮጵያን ከም ዝወፀ ኣብ ቀረባ ጊዜ ዓለም-ለኸ ሙሁራትን ሰብ ሙያን ትግራይ (GSTS) ዘውፀኦ መፅናዕቲ የረጋግፅ። ሓንሳብ ካብ ዓዱ ዝወፀ ከም ዘይምለስ ካብ ናይ ደርጊ መግዛእቲን ድርቂን ሃዲሙ ናብ ሱዳን ዝኣተወ መንእሰይ ሎሚ ኣበይ ከምዘሎ ምፍላጥ እኹል መረዳእታ እዩ። እንታይ ክሳብ ዝኸውን ዳኣ'ዩ ናይ ባዕሉ ስጉምቲ ኣብ ክንዲ ምውሳድ ሱኽ ኢሉ ዝፅበ ዘሎ ንዝብል ሕቶ መልሱ ሕዝብና ብ'ተን ዝኽእለን ተቓውሙኡ ይገልፅ ኣሎ (ብበዝሒ ምስዳድ ፣ ብስቕታ ፣ ዝተሓተቶ ኣይገብርን ብምባል ፣ ደቁ ብምህዳም ፣ ወዘተ)። ክውቀስ ዘለዎ እቲ ካብ'ቲ ኣብ ትግራይ ዘሎ ስርዓታዊ ፅዕንቶ ናፃ ዝኾነን ብናይ ባዕሉ ዓቕሚ ዝነብር'ሞ ክፉእ እናራኣየ ሱኽ ኢሉ ዘሎ ልሂቕ እዩ።

እቲ ትግራይ ኣትያቶ ዘላ ውድቀት ኩለ-መዳያዊ እዩ። ንቡራት እሴታት እናጠፍኡ ዘይንቡር ባህሊ ይትከል ኣሎ። እቲ ማሕበራዊ ውድቀት ዕምቆቱን ስፍሓቱን ብዘደንግፅ መልክዑ ሕዝብና የብርስ ምህላዉን ንወለዶታት ዝቕፅል ፀገም ይተክል ከምዘሎን እንታሓስብ ናይ ትግራይ ሊሂቃን (elites) ከም ጓና ታዓዘብቲ ክንከውን ከመይ ኢሉ ዓቕሊ ከምዝሃበና ይገርም። ለውጢ ክትዓግቶ ዘይትኽእል ናይ ወድሰባት ጠለብ ስለ ዝኾነ ለውጢ የለን ክንብል ኣይንኽእልን። ለውጢ ኣሎ። እቶም ዝልወጡ ዘለዉ ግና እቶም ሕዝብና ትፅቢት ዝገብረሎም ኣይኮኑን። ክዕቀቡ ዝነበሮም ንማሕበረሰብ ኣዝዮም ኣገደስቲ ዝኾኑ እሴታት ናብ ምጥፋእ ዘምርሑሉ ኩነታት ንርኢ ኣለና። ሕዝባዊነት ፣ ታሓታትነት ፣ ግልፅነት ፣ ስርቂን ወገናዊነትን ምፅያፍ ወዘተ ሃደሽደሽ ይብሉ ኣለዉ። ብኣንፃሩ ድማ ክውገዱ ዘለዎም ናይ ስልጣን ህርፋን ፣ ወገናዊነት/ከባቢያዊነት ፣ ናይ ጥቕሚ ኔትዎርክ ፣ ፉሉልነት ፣ ተሸካላይነት ወዘተ ኮይኖም ብዝገርም ፍጥነት ሓደሽቲ ንቡራት (new norms) ናብ ምኧን ይሕምበቡ ኣለዉ። ክንመልሶም ናብ ዘይንኽእለሉ ብርኪ'ውን ይበፅሑ ኣለዉ። እዙይ ንቀፃሊ መዚዝና ዘይንውድኦ ሕማም ይተክል ከም ዘሎ ርዱእ እዩ። እሞ ዳኣ ማሕበረሰብ ኣብ ምምሃርን ኣጀንዳ ኣብ ምፍጣርን እጃሙ ክዋፃእ ዘለዎ ሊሂቕ ኣብዚኦምን ካልኦት ኣገደስቲ ዛዕባታትን ዘየላጢ መርገፂ ሒዙ ፅገም ንዘፍጥር ዝኾነ ይኹን ሓይሊ ዓገብ ምባል ከመይ ኢሉ ኣብዮዎ? እዙይ'ውን ዶ ንናይ ፖለቲካ ዋጋ ዕዳጋ ይቐርብ እዩ? ሊሂቕ ትግራይ ንዝሓለፉ ሰላሳ ዓመታት ኩሉ ነገር ንሓደ ፓርቲን ውልቀሰባትን ገዲፉ ስኽ ብምምራፁ ሕዝብና ከቢድ ዋጋ ከም ዝኸፈለ እናፈለጥና ቀፃሊ ስቕታ ዝገደደ ከዕንወና ከም ዝኽእል ንምንታይ ነጋሪ ንደሊ? ካብ ትማሊና ክንማሃር እንተ ዘይኪኢልና ታሪኽ ባዕሉ ክደግም እዩ።

ኣብ ሕዝቢ ትግራይ ንዝበፅሖ ፅቡቕ ይኹን ሕማቕ ታሓታቲ ብዋናነት መንግስቲ ምኧኑ ዝፍለጥ እዩ። እቲ መንግስቲ ባዕሉ (መንግስቲ ነይሩና ዶ ይፈልጥ ዝብል ስነሞገት ገዲፍና) ንሕዝቢ ኣብ ሓደጋ ዘውድቖ እንተ ኾይኑ ግና ልሂቃን ዓገብ ክብሉን ኣብ ጎኒ ሕዝቢ ክስለፉን ትፅቢት ይግበረሎም። ሰበ ስልጣናት ታሃተቲ ዝኾኑሉ ትካላዊ መስርሕ ስለ ዝይብልና። ኣብዛሓ ልሂቕ ግና ኣብ ማይ ዝኣተወት ኣንጭዋ ኾይኑ ይርከብ። ቅድሚ ሒደት ዓመታት ብዓርሰ ተበግሶ ዓለም ዘደነቐ ሓድነት ከም ዘርኣየን ኣብ ናይ ዳያስፖራ ሕዝባዊ ምንቅስቓስ ሓዱሽ ምዕራፍ ከም ዝፃሓፈን እቶም ጀኖሳይድ ዝፈፀሙሉ ሓይሊታት ከይተረፉ ዝመስከሩሉ እዩ (*" The Tigrayan diaspora managed to drive global narratives, capture sustained media coverage, and influence key decision-makers through a level of coordination and professionalism rarely witnessed in Ethiopian political history.*[3]")። ግና ንሳቶም ከይ ፀውዑዎ ብዓርሰ ተበግሶ ተወዲቡ ታሪኽ ዝቐየረ ናይ ትግራይ ሊሂቕ እኩብ ምብታን ዝቐንየም ፖለቲከኛታት ክብትኑዎ ንምታይ ፈቒዱሎም? እቲ ልሂቕ ገሊኡ ናይ'ቲ ሓደ ወገን ካልኦት ናይ'ቲ ካልእ ወገን ኣብዛሓ ድማ እቲ ናይ ፖለቲካ ውጥጥ ኣፅሊኡዎ ሱኽ ኢሉ ተመልካታይ ኮይኑ ኣሎ ፣ ፀፀግዑ ሒዙ። እቲ ሓደ ካብ'ቲ ካልእ ብምንታይ ከም ዝፍለ ብዝግባእ ተረዲእዎ ኣይኮነን። ሕሉፍ ታሪኽ ብዕስለ ምሕሳብ ዘታባብዕ ስለ ዝኾነ'ምበር። ዋላ ኣፈላላይ እንታሃለወ ኣብ ጉዳይ ሃላዋት ሕዝቢ ሓቢርካ ንምስራሕ ኣብ ኩሉ ፖለቲካዊ ስነ ሓሳብ ግድን ክንሳማማዕ ኣለና ማለት ኣይኮነን። ኣብ ገሊኡ ንዘይምስምማዕ

[3] Abel Tewodros: The Advocacy Gap: Why Tigrayan Diaspora Activism Outperformed the Amhara Movement Globally, Borkena, February 2026

ምስምማዕ'ውን እኹል እዩ። ናይ'ቲ ብሔር ረብሓ'ምበር ርካሽ ፖለቲካዊ ነጥቢ ምቑፃር እቲ ዝዓበየ ኣጀንዳ ክኸውን ስለ ዘይብሉ። እቲ ፀገም ናይ ሓሳብ ኣፈላላይ ነውሪ ተገይሩ ኣፈላላይካ ሒዝካ ኣብ ናይ ሓሳብ ዕዳጋ ምርኻብ ዝፍራሕ ምኺኑ እዩ። መማረፂ ዘይብሉ "መማረፂ" ሒዝካ ምቕፃል ድማ ነቲ ዝለናሉ ዘበን ዝምጥን ኣይኮነን።

ናይ ፖለቲካ ባህሊና ፀገም ከም ዘለዎ ብዙሓት ዝኣምኑሉ ስለዝኾነ ንሕስያ ብዘይብሉ መንገዲ ምምርማር ናይ ግድን ይመስለኒ። ሕሉፍ ታሪኽ ክንማሀረሉ'ምበር ንድሕሪት ተመሊስና ኣይንቕይሮን ፣ ነንባዕልና እንዋቐዕሉ በትሪ'ውን ኣይኮነን። ናይ ታሪኽ ቁምነገራት ወይ ሃጓፍት ሽፍፊንካ ምሕላፍ'ውን ናዓና ይኹን ንመፃኢ ወለዶ ኣይጠቅሞን። ኣገደስቲ ዝኾኑ ሕቶታት ምልዓል ብኡ ኣቢልካ ድማ ክድገሙ ዘይብሎም ጥፍኣታት ብግቡእ ተንቲንካ ናይ እርምቲ ስጉምቲ ምውሰድ ንምዕባለ ማሕበረሰብና ኣድላዪ እዩ። ሰብ ኮይኑ ሓደ ዓይነት ስሕተት ደጋጊሙ ክፍፅም ስለ ዘይብሉ። ሎሚ ሃለዋት ሕዝብና ኣብ ሓደጋ ኣብ ዝወደቐሉ ዘበን'ማ ከምዙይ ዝበለ ስጉምቲ ዝበለፀ ክጥለብ ዘለዎ እዩ። ንምታይ ኣብ'ቲ ንሕዝቢና ኣብ መከራን ወጥረን ዘእተወ ፀገምን ንኹላህና ዘግድሰና ሓበራዊ ረብሓና ምዕሳል ይኣብየና? ኣብ እዋን ኲናት ሕዝቢ ትግራይ ግዴትኡ ንኽፍፅም ፖለቲከኛታት ዝኻኣልኡዎ ፅዕንቶ ገይሮም ንደቁ ናብ ኲናት ከእትዉ ሰጋእ መጋእ ዘይበሉ ስልጣኖም ዘዳላደሉ እንትመስሎም ንምታይ ነቲ ዘድሓኖም ሕዝቢ ምስማዕ ይኣብዮም? ካብ'ቲ በፂሑና ዘሎ ዝገደደ እንታይ እንተ በፅሐና ኢና ካብ ናይ ኲናት ዕንክሊል ንምውፃእ ቅድሚ ሎሚ ዘይፈተንናዮም ካልኦት ስጉምቲታት እንወስድ? ናይ ብሓቂ ከምቲ ፖለቲከኛታትና ዝብሉዎ ካብ ቁፅፅርና ወፃኢ ብዝኾነ ምኽኒት ጥራሕ ድያ ትግራይ ዓውደ ኲናት ኮይና ተረፋ? ናይ ፖለቲካን ሃይማኖትን ሊሂቃትና ብፅሒት የብሎምን? ኣብ ማሕበረሰብና ዘለዉ ባህላዊን ሃይማኖታዊን ድሕረታት ኣስተዋፅኦ የብሎምን? እንተሊእዎም ንምታይ? ንምታይ ክሳብ ሎሚ ተሸኪምናዮም መፂና? ካብ ሕሉፍ ስርዓታትና ንምንታይ ምምሃር ይኣብየና - ሕዝቢ ትግራይ ጨቋኒ ስርዓት ንምጥፋእ ዶ ኣይኮነ ተቓሊሱ? ሰኺንና ምዝታይ ዝኣብይና ሊሂቃን ንምታይ ኮይንና? ወዘተ ዝብሉ ሕቶታት ኣልዒልና ምዝታይ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። እንተንኣሰ መፃኢ ወለዶ ካብ'ዚ "ሕማም" እዙይ ክናገፍ ኣለዎ እንቴልና ካልእ መማረፂ የብልናን። ከም ሕዝቢ ክንጠፍእ ኣብ እንኽእለሉ ብርኪ ስለዘለና።

ናይ ቀረባን ርሑቕን ታሪኽና ምስ እንምርምር ኣብ ክንዲ ናይ ሓሳብ ዘተን ክትዕን ሓይሊ ምጥቃም ልሙድ ኮይኑ ምፅንሑ ንርዳእ። ኣብ ሞንጎ መሳፍንቲ ዝግበር ንሕንሕ ንሕዝብና ብዙሕ ዋጋ ኣኽፊሉዎ እዩ። ኣፈላላያት እንትፍጠሩ ኩሉ ናይ ሓቂ ብሕታዊ ባዓልናይ ይኸውን'mo ንገላጋላይ የሸግር። ናብ ናይ ሓይሊ ስጉምቲ ይኽየድ ፣ ብሓይሊ ክፍታሕ እንትዘይክኢሉ ድማ እቲ ጉዳይ ካብ ናይ ትግራይ ሜዳ ወፅዩ ካልኦት ሓይሊታት ኣብ ሞንጎ ክኣትዉ ዝገብር ኣካይዳ ክምረፅ ንርኢ። ንናይ ትግራይ ሓይሊ ንምውቃዕ ወይ ምስ ሸዋ ወይ ምስ ይጠቅም'ዩ ዝተባህለ ካልእ ሓይሊ ጊዜዊ "ፅምዶ" ምፍጣር ከም ሓደ ስትራተጂ ጌርካ ይውሰድ። ከም'ዙይ ዝበለ ናይ "ፅምዶ" ስትራተጂ ኣየድልን ኣይባሃልን ፣ ግና ዕላምኡ ብስነ ሓሳብ ክትስዕሮ ንዘይካልካዮ ናይ ባዕልኻ ወገን ንምውቃዕ እንተኾይኑ ዘላቒ ፍታሕ ኣይፈጥርን። የግዳስ እቲ ዝተዓደመ ግዳማዊ ሓይሊ ንኽብለፅለና ዕድል ይህብ።

እዚ ዘዕብ'ዙይ ሎሚ ኣገዳሲ ዝገብሮ እቲ ኣብ መበል 21 ክፍለ ዘበን ዝነብር ዘሎ ወለዶ ካብ'ዚ ዕንክሊል'ዙይ ንምውፃእ ዘይጠቅም ባህሊን ታሪኽን ብውነ ዝፍትሸሉን ኣድላይ ዘበለ ስጉምቲ ኹሉ ዝወስደሉን ዘበን ስለ ዝኾነ እዩ። ትግራይ ናይ ሰለስተ ሺሕን ካብኡ ንላዕሊን ንዝኸውን ዘበን ስሩዕ ናይ መንግስትነት ትካል ዝነበራ ፣ ብሕገ መንግስቲን ሕገ እግዚሀርን እትግዛእ ፣ ካልእ ተረፉ ናይ እንሳስታት ሕጊ'ውን ነይሩዋ ናይ እትባሃል ዓዲ ወራሳይ ወለዶ ዓብዪ ሓላፍነት ኣለዎ። ንሕጊን ስርዓትን ከምኡ'ውን ንወዲ ሰብ ዘለና ኽብሪ ንምንታይ ካብ'ቲ ወለድና ነይሩዎም ዝበሃል ዝወረደ ኾይኑ ዝብል ሕቶ ድቃስ ክኸልኣና ዝግባእ እዩ። ሕጊን ስርዓትን ዝፈልጥ ሕዝቢ ረብሓታቱን ብድሆታቱን ብስርዓት ምምርማርን ፍታሕ

ዝረኸበሉ መስርሕ ምእላሽን ዘኽእል መስርሕ ክህልዎ ኣይካኣለን። ስለ'ዚ ሊሂቃን ትግራይ ካብ ሙሉእ ፅንተት ንምድሓን ኣብ ቀንዲ ዋኒኖም ኮፍ ኢሎም ብምዝታይ ታሪኽ ክቕየር ናይ ባዕሎም ታራ ክፃወቱ ናይ ኣኽሱማውያን ጥበበ ኣብ ዘድልዮም እዋን ኣለዉ።

ብዛዕባ ዘላቒ ፍታሕ እንትንሓስብ መጀመርታ ሎሚ ተጋሩ ኣብ ሰፍ ዘይብል ብርኪ ውድቀት ከም ዘለና ምቕባል የድሊ። ሕማሙ ዝሓብአ መድሓኒት ስለ ዘይረክብ። ቀፂልና ናብ'ዙይ ዘብፁሑና ኣየኖት ፖለቲካዊ ፣ ታሪኻዊ ፣ ማሕበራዊን ሃይማኖታዊን ጉዳያት እዮም? ካብ ሕሉፍ እናተማሃርና ዶ መፂናስ ኣብ ዘለናሉ ንረግፅ ኣለና? ኣብ ከምዚኦም ዝበሉ ውድቀታት እንትንኣቱ እንወስዶም መማረፂታት ጠቒሞሙና ዶስ ጎዲኦምና? ፣ ንሕዝብና እንታይ ዋጋ ኣኽፊሎሞ? ካልእ ይትረፍ ትማሊ ጀኖሳይድ (genocide) ምስ ዝፈፀሙልና ብሰሜንን ደቡብን ዘለዉ ሓይሊታት ፅምዶ ክንፈጥር እንተኺእልና ፣ ናይ ሓሳብ ኣፈላላይ ዋላ ይሃልዎም ምስ ከማና ተጋሩ ኮፍ ኢልካ ምዝታይ ከመይ ኢሉ ይኣቢ? ብሱሩ ኸ እቲ ብሉፅ መዋፅኦ እንታይ ክኸውን ኣለዎ? ዝብሉ ሕቶታት ኣልዒልና ብዘይ ንሕስያ ክንፈተሽም ኣለና። ኣፈላላያትና ስልጡን ብዝኾነ መንገዲ ምፍታሕ ኣብዩና ኣደዳ ፀልእቲ ምኳን ይኣክል ክንብል ዘለና እዋን ሎሚ ስለ ዝኾነ።

ትግራይ ኣብ ናይ ህልውና ሓደጋ (existential threat) ኣብ ዘለትሉ እዋን ከመይ ጌርና ሕሉፍና ክንፍትሽ ፣ ኣብ ናይ ነዊሕ እዋን (long-term) ጉዳያትና ክንመክርን ብዕምቈት ክንሓስብን ንኽእል ዝብል ሰብ ክህሉ እዩ። ግቡእ ሕቶ'ውን እዩ። ይኩን'ምበር ሕዝብና መሰረታዊ ግልጋሎት ብጉቡእ ምርካብ ኣብ ዘይጀመረሉ ፣ ልዕሊ ሚሊዮን ተፈናቒልቲ ኣብ ማዓስከር ተዳጒኖም እናሃለዉ ፣ ወረርቲ መሬትና ሒዞም ኣብ ባይታ ዘሎ ኩውንነት ንምቕያር ድቃስ ስኢኖም ኣብ ሰርሑሉ እዋንን ካልእ ይትረፍ ማዓልታዊ ናይ ፀፅታ ኩነታት ኣብ ዘይተረጋገፀሉ ኩነታት ኰይንና ልዕሊ ክልተ ዓመት ኣብ ስልጣን መን ሓዘ ክንጓተት ጊዜ እንተ ረኺብና ሁሉፍና ክንግምግምን መሰረታዊ ፀገምና እንታይ ከምዝኾነ ክንፍታሽን ጊዜ ክንስእን ኣይንኽእልን። ትግራይ ብዙሓት ሙህራትን ሰብ ዓቕሚን ኣለዋ። ኩሉ በብዓቕሙን ክእለቱን ክዋፈር እንተ ኾይኑ ብዙሓት ስራሕቲ ብሓደ ጊዜ ምዕማም ይካኣል። እቲ ዘሎ ዓቕሚ ክጥቀም ዝደለን ዝኽእልን መሪሕነት እንተሊኡ።

እዛ ፅሕፍቲ ካብ ናይ ባዕለይ ጭንቂ ተበጊሰ ሓሳበይ ክስንድ ኢለ ዝጀመርኩዋ እያ። ኣገደስቲ ሕቶታት እተልዕል እያ ግና ንኹሎም ሕቶታት መልሲ እትህብ ኣይኮነትን። ናይ ትግራይ ናይ ፖለቲካ መድረኽ ኣብ'ዚ ዘለሉ ናይ ውድቀት ብርኪ ኳንካ ክሕተቱ ኣለዎም ዝብሎም ሕቶታትን መበገሲ ዝኾኑ ሓሳባትን ንምይይጥ ንምውዛዕ ዝዓለመት እያ። ናይ ማሕበራዊ ሳይንስ ተመራመርቲ ብገፊሑ ክረእዎ እዮም ኢለ ተስፋ እገብር። ክሳብ ሽዑ በዛ ፅሕፍቲ'ዚኣ ምጅማር መሪፀ ኣለኹ። ኣንባባይ ብውነ ክሓስበሉ ፣ ክዝትየሉ ፣ ርኢቶ ክህበሉን ዝንፀግ እንተሊኡ'ውን ኣይፋል ክብል መፅዋዕታይ እዩ። ሎሚ ኣይንካእን ዝበሃል ዘዕባ ይኹን ሓይሊ ክህሉ ኣይኽእልን ፣ ንኹሉ ምፍታሽ ግድን እዩ። ዘይጠቅም ናትካ'ውን ጉድኣት'ምበር ረብሓ ክህልዎ ኣይኽእልን።

## 1. ኣብ ሓድነት ዘለና ርድኢት

**ሓድነትን ሓደ ዓይነትነትን**: ቅድሚ ናብ'ቲ ትሕዝቶ እዛ ፅሕፍቲ ምእታውና "ተጋሩ ሓድነት ኣለዎም ወይ የብሎምን" ብህለት እንታይ ማለት እዩ? ሓደ ምኳን ከ ግድን ድዩ? ኣብ ምንታይ ሓደ ንኸውን ኣብ ምንታይ ከ ክንፋላለ ንኽእል? ዝብሉ ምርኣይ ይጠቅም። ብሓደ ገፅ ብሹም ሓድነት "ሓደ ዓይነትነት" ዘሰጉሙን ዝሰብኩን ኣለዉ። ሕዝቢ ከም ሕዝቢ ናይ ሓደ ውድብ ከም ዝኾነ "ሕወሓትን ሕዝቢ ትግራይን ሓደ እዩ" ብዝብል መልክኡ ዝግለፅ። ካልኦት ድማ ኣብ ኩሎም ናይ ትግራይ ጉዳያት ክንሳማማዕ ኣለና ዝብሉ ኣለዉ። ሹዱሽተ ሽውዓተ ሚሊዮን ዝኾነ ሕዝቢ ዘለዎ ዓዲ ሓደ ዓይነት

ኣታሓሳስባ ክህልዎ ኣይኽእልን። ኻልእ ይትረፍ ኣብ ሓደ ቤተሰብ ውሽጢ'ውን ከምኡ ኣይኾውንን። ኣይጠቅምን'ውን። ኣብ ብዙሓት ነገራት ክሳማምዑን ክፋላለዩን ንቡር እዩ። እዞም ኣፈላላያት ገሊኦም ብሕጊ ገሊኦም ድማ ብዘተን ካልኦት መንገዲታትን ዝፍትሑ ይኾኑ። ገሊኦም ሓሳባት ናይ ፖለቲካ ቅዋማት ስለዝኾኑ ዝተፈላለዩ ውድባት ነናይ ባዕሎም ስነ ሓሳብን መርገፂን ይህልዎም ፣ ኣብ ከም'ዚኦም ዝበሉ ዛዕባታት ኣፈላላያት ተቐቢልካ ምኻድ ግድን ይኸውን። ብምይይጥ ዝፍታሑ'ውን ከምኡ ፣ ብዘተ ክፀብብ ዘይካኣለ ኣፈላላይ ናብ ሕዝቢ ቀሪቡ ብናይ ሕዝቢ ድምፂ እዩ ዝውሰን። ስለዚ ሓድነት እንትባሃል ኩሉ ሰብ ሓደ ዓይነት ኣታሓሳስባ ይሃልዎ ፣ ኩላህና ኣብ ተመሳሳሊ ዓይነት ዕማማት ንዕሰል ማለት ዘይምኳኑ ርዱእ ንገብር። ጥዕና ብዘለዎ ፖለቲካ ዝኣምን ሕዝቢ ብዙሓት ሓሳባት ዘተኣናግድ እዩ።

ግና ቅድም ክብል ከም ዝተገለፀ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ሕዝቢ ክሳማመዕለን ዝግባእ ጉዳያት ክህልዋ ይኽእላ እየን። ኣብ ሓደጋ ዘሎ ማሕበረሰብ (disaster community) ካብ'ቲ ሓደጋ ንምውፃእ ዝጠቕሙ ኣብዛሓ ዝቕበሎም ቀንዲ ዛዕባታት ኣለዉ ፣ እቲ ማሕበረስብ ከም ሕዝቢ ንኽነብር ክብል ክሕዞም ዝግቡኡ ኣዝዮም ኣገደስቲን ብሔራዊን ረብሓታትን (vital interests)። ኣብ'ዚኦም ስምምዕነት እንተ ዘይሃልዩ ብቀፃልነት እቲ ሕዝቢ ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ ይኸውን። ኣብ ከም'ዚኦም ዝበሉ ዛዕባብታ ሃበራዊ መርገፂ ክህሉ ምእንትን ዝተፈላለዩ ውድባትን ዝምልከቶም ኣካላት ማሕበረሰብን ዝዝትዩሉ መድረኽ ሃልዩ ነቲ ሕዝቢ ካብ'ቲ ሓደጋ ንምድሓንን ኣብ'ተን ሓደ ዓይነት መትከል ዝተታሕዘለን ዛዕባብታት ድማ ብሓባር ጠጠው ምባል ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾነሉ እዋን ኣሎ። እቲ ክመፅእ ዝኽእል ሓደጋ ንምትራፍ ወይ ንምቕናስ ፣ ከምኡ'ውን ከም ናይ ሓደጋ መርሓቒ (deterrence) ስትራተጂ ከገልግል ስለ ዝኽእል - ከም ዓቢዪ ናይ ተፈጥሮ ሓደጋ ፣ ኣብ'ቲ ብሔር ዝተፈነወ ናይ ተፃብኦ ውዲት (ኲናት) ፣ ወዘተ ንምምካት። ብተወሳኺ ኣብ እዋን ሰላም'ውን ናይ ማሕበረሰብ ስትራተጂካዊ ረብሓ ኣብ ዘረጋግፁ ጉዳያት ፣ ክዕቀቡ ኣብ ዘለዎም ማሕበረሰባዊ እሴታት ወይ ካዓ ኣብ ናይ ነዊሕ እዋን ብሔራዊ ርእይን ረብሓን (national vision & interest) ናብ ዘቃራርብ ብርኪ ምብፃሕ ነቲ ብሔር ጠቓምቲ ጉዳያት ይኾኑ። ከምኡ'ውን ተጋሩ ኣፈላላያትና ብዕሊ እንተ ገሊፅና ናብ ዝገደድ ምፍልላይ ክንኣቱ ኢና ኢሎም ዝሓስቡ ሰባት ከም ዘለዉ'ሞ ገሊኦም ብጌጋ ካልኦቶም ድማ ኮነ ኢልካ ናይ ሓደ ኣካል ሓሳብ እንተ ዘይኮይኑ ናይ ካልእ ኣይትስሙዑ ንምባል'ውን ክኸውን ከም ዝኽእል ኣብ ግምት ምእታው ኣገዳሲ ይመስለኒ። ስለ'ዚ ሰባት ብዛዕባ ሓድነት ኣድሂቦም ብዙሕ ክዛረቡን ክፅሕፉን እንሪኦም ብዝተፈላለየ ምኽኒት ክኸውን ከም ዝኽእል ምርዳእ የድሊ። ክነስተውዕሎ ዘለና ቀንዲ ቁምነገር ግና ማእኸልና ናይ ሕዝቢ ረብሓ እንተ ኾይኑ (ልዕሊ ውልቃዊን ውድባዊን ረብሓ) ኣብ ሓደ ሓሳብ እንዓሰለሉን ኣድላዪ እንተ ኾይኑ ድማ ኣፈላላይና ሒዝና እንቕፅለሉን ጊዜ ክህሉ ግድን እዩ። ከይተባኣስና።

## 2. ታሪኻዊ ፣ ባህላዊን ፣ ሃይማኖታዊን ፅዕንቶታት

**ታሪኽ**: ተዘጊቡ ዝርከብ ታሪኽ ኢትዮጵያ ይኹን ትግራይ ታሪኽ ነጋውስ ፣ ወታሃደራዊ ዘመቻን መንፈሳዊ ተረኽን እዩ[4]። ዝነበሩ ነጋውስ ካዓ ስልጣን ዝቃባበሉ ዝነበሩ ብሕልፈ ብዘበነ መሳፍንቲን ድሕሪኡን ብኹናት እናሳዓሩ እምበር ብዘተን ስምምዕን ኣይብአረን። እቲ ባህሊ'ውን የለን። ካልእ ይትረፍ ካብ ወላዲ ናብ ውሉድ ወይ ናብ ቀረብ ዘመድ ዝግበር ናይ ስልጣን ስግግር'ውን ብጎንፂን ምቅትታልን ዝነበረሉ እዋን ነይሩ (ንኣብነት ካብ እያሱ ቀዳማዊ/ታላቁ እያሱ ናብ ንጉስ ተክለሃኢማኖት ቀዳማዊ ዝተገብረ ስግግር - 1706 ዓ. ም. ኢ. ፈረንጂ)። ናይ'ቶም መሳፍንትን ገዛእቲን ደረጃ ስፋሓት መንግስትነት እውን ከከምዓቕሞም ይፋላለ። ብሓፂሩ ዓዲ እንተይኮነስ ነጋውስ ነይሮሙና ምባል ይቐልል ፣ ናይ'ታ ዓዲ ትሕዝቶ ብናይ'ቲ ንጉስ ዓቕሚ ስለ ዝውሰን ። ሓያል ዝኾነ ግዝኣቱ የግፍሕ ዝደኸመ ድማ ግዝኣቱ ይፀብብ። እዙይ ክሳብ

[4] Gebeyehu Temesgen Duressa & Gemechu Kenea Geleta, A history of modern Ethiopia: Review, Cogent Social Sciences, 2021

ቀረባ እዋን ዝነበረ ሓቂ ስነልቦና ተጋሩን ኢትዮጵያውያንን ኣብ ምቕራፅ ናይ ባዕሉ ተራ ተፃዊቱ ይኸውን። ናይ ትግራይ ታሪኽ ምስ ናይ ካልኦት ሕዝብታትን ዓዲታትን ተመሳሳሊ ክኸውን ይኽእል እዩ። እቲ ትኹረት ዘድልዩ ነገር ካልኦት ምስ'ቲ ጊዜ እናታዓፃፀፉ እንትኸዱ ንሕና ግን ኣብ ትማሊ ተሸኺልና ተርፊና ፣ ምስ ጊዜ ክንስጉም ዘይምኽኣልና እዩ።

ሕዝቢን መሬት ትግራይን ብዙሕ ኩናት ዘሕለፈ ምኧኑ ፍልይ የብሉ። ካብ ዘበነ ኣኽሱም ጀሚሩ ምስ ዝተፈላለዩ ናይ ውሽጢን ናይ ደገን ሓይሊታት መዕነውቲ ኩናታት ተኻይዶም እዮም። ናይ ነዊሕ ዘበን ታሪኽ ዘለዋ ብሔር ክንሳ ንታሪኻ ዝምጥን ሓድጊን ናይ ታሪኽ ፅሑፋትን የብላን። ኣብ ዝተፈላልየ ዘበን ብዝተገብሩ ኩናታት ስለ ዝዓነዉ። ካብ ዘበነ መሳፍንቲ ጀሚርና እንተሪኢና'ኳስ ሕዝቢ ቀሲኑ ዝነበረሉ እዋን ውሑድ እዩ። እቶም ነጋውስን ነናይ ከባቢኡ ገዛእቲን ካብ ሓደ ስፍራ ናብ ካልእ እናተዘዋወሩ የማሓድሩ ስለ ዝነበሩ ካብ ግዝኣቶም ግብሪ ክእክቡ ወይ ድማ ኣይግብርን ንዝበሎም ተናሓናሒ ከምበርኩኹ ስሩዕ ማሃያ ዘይነበሮ ሰራዊቶም እኽቲቶም እንትቀሳቐሱ ኣብ መንገዶም ካብ ዝረኸቡዎም ገባራት እናዘመቱ ይቕለቡ ከም ዝነበሩ ይፍለጥ። ገባራት ብተደጋጋሚ ፍርያቶም ብዕጡቓት ዓጀብቲ መሳፍንቲ ይህደጉ ስለዝነበሩ ካብ ክሓርሱ ዕጡቓት ኮይኖም ናብ'ዞም ናይ መሳፍንቲ ዓጀብቲ ክፅምበሩ ይግደዱ ከም ዝነበሩ ናይ ታሪኽ መዛግብቲ ይገልፁ[5]። ታሓዳጋይ ካብ ምኧን እናሕደግካ ምንባር ይኻይሽ ብምባል። መወዳእታ ዘይብሉ ናይ ሰራዊት ምንቅስቓስን ስዒቡ ዝመፅእ ናይ እኽሊን ጥሪትን ዘመተ ኣብ ናይ'ቲ ገባር ስነልቦና ዘሕድሮ ፅቕጢ ቀሊል ከም ዘይኮነ ንምግማት ኣይኸብድን። ኩናት ክንደየናይ ኣብ ሒወት ሓበሻ ዓብላላይ ከም ዝነበረ ዘርደእና "ጥይት" ከም ባጤራ ዝገልገለሉ ዘበንን ቦታታትን ምንባሩ እዩ[6]። ጥይት እንተ ሃሊዩካ ኩሉ ኣለካ!

**ምስ ታሪኽና ተታሓሂዙ ተጋሩ ሓደ ክንምልሶ ዘለና ዓብዪ ሕቶ ኣሎ** ፣ ብውነ እንተ ዘይመሊስናዩ ካብ'ቲ ኣቲናዮ ዘለና ውድቀት ክይንትስእ ማሕለኻ ክኾነና ስለ ዝኽእል። **ንሱ'ውን ካብ'ቲ ኣኽሱም በፂሓቶ ዝነበረት ልዕልና ንምታይ ንድሕሪት ተጓዒዝና ዝብል እዩ።** እዚ ሕቶ'ዙይ ኣዝዩ ዓቢዩን ብዙሕ ምርምር ዝደልን ስለዝኾነ ኣብ'ዛ ፅሕፍቲ'ዚኣ ዘርዚርና ኣይንውድኦን። መበገሲ ሓሳብ ምሃብ ግና ይካኣል እዩ። **ሸዋ መንግስቲነት ከም ርስቲ ገይራ እትውንነሉ ተረኽ ፈጢራ ናይ ስልጣና ፍልፍል ካብ እስራኤል ከም ዝምዘዝ ክመስል ዝማሃዘቶ ናይ ሚኒሊክ ቀዳማዊ ተረኽ ብግርህነት ይኹን ብፍርሒ ተቐቢልናዮ።** ተጋሩ ሓማይኖተኛታት እዮም'ሞ በዙይ እንተ መፂናዮም ክቕበሉዎ'ዮም ብዝብል ሽርሒ ዝተዳለወ መፃወድያ። ቅድም ቀዳድም እቲ ተረኽ ስናዕን ምስ ታሪኽ ዝጣረስን እዩ ፣ እቲ ክብረነገስት ዝበሃል ፅሑፍ'ውን ናይ ሸዋ መንግስትነት ሕጋዊነት ንማሃብ (legitimacy) ዝተወጠነ ናይ ሃይማኖትን መንግስቲን መፅሓፍ እዩ[7]። ብተወሳኺ ድማ ካብ'ቲ ናትና እዩ ዝብሉዎ ናይ 3000 ዓመት "ታሪኽ" እቲ ዝበዝሐ (2000 ዓመት) ኣብ ትግራይ ዝተፈፀመ ምኧኑ እናተፈልጠ ፣ ኣብ እዋን መንግስቲ ኣኽሱም ዝነበሩ ነገዳት መን ምኧኖም'ውን ፍሉጥ ኮይኑ እንተብቅዕ እቲ "ታሪኽ" ናታቶም ጌሮም እንትትርኹዎ ናይ ትግራይ ልሂቃን ስቕታ ምምራፆም ጥራሕ ዘይኮነስ ናይ'ቲ ተረኽ ተገዛእቲ ምኧኖም ዘህዝን እዩ። ክሳብ ሎሚ'ውን ዋጋ የኽፍለና ኣሎ። መንግስቲ ኣኽሱም እንትወድቕ ካብ ኣኽሱም ሃዲምና ሸዋ በፂሕና ዝብሉ ካብ'ቲ ናይ'ቲ ታሪኽ ባዓል ዋና ዝበለፁ "ኣኽሱማውያን" ኮይኖም ክዋራዘዩልና ካብ ምርኣይ ንላዕሊ ዘሕፍር ክህሉ ኣይኽእልን። እቲ ዝገርም ድማ ነቲ ስኑዕ ምህዞ ኣሚንና "ኢትዮጵያ ናትና እያ" እናበልና በብዘበኑ ሕዝቢና እናገበርና ኔርና። ብተረኽ ዘይተደገፈ ናተይነት (claim)። ሕዚ'ውን እቲ መንግስቲ ካብ

---

[5] Ludolf J. A new history of Ethiopia, being a full and accurate description of the kingdom of Abyssinia Vulgarly, though erroneously called the Empire of Prester John, 1684

[6] ነጋድራስ ግ/ሒወት ባይከዳኝ ነባር ስራዎች ፣ ነባር ምርጥ መፃህፍት ህትመት ፣ ኣኣዩ ፕረስ፣ 2007 (ገፅ 26)

[7] Joshua J. Mark, World History Encyclopedia: Queen of Sheba, March 2018: https://www.worldhistory.org/Queen_of_Sheba/

እዝጊ ዝተዋህበና እዩ ብዝብል ተረኽ ካብ ናይ “ሕማቕ” መንግስቲ ማእሰርቲ ክንወፅእ ዘይ ምኽኣልና ንቐፃሊ ዋጋ ከየኽፍለና ናይ ታሪኽ ተመራመርቲ እቲ ተረኽ “ክምክቱዎ” ኣለዎም ፣ ናትና እንብሎ - ኣብ ጭቡጥ መረዳእታ ዝተደረኸ ታሪኽ ክፅሕፉን ነቲ ነበረ-ያ-ነበረ ኣብ ናይ ታሪኽ መድረኽ ክውጥሩዎን (challenge ክገበሩዎ) ኣለዎም። ሕዝቢ ኣግኣዝያን ካብ ውድቀት መንግስቲ ኣኽሱም ጀሚሩ ስቓዩ ብፍሉይ ክበዝሕን ተጋሩ ኣብ ናይ ኢትዮጵያ ፖለቲካ ዝነበረና ታራ ክንእስን ዝገብሩ ፍፃመታት እንትፍጠሩ ክንነቅሕ ዘይምኽኣልና ኣሕፊሩና ንመፃኢ ብወነን ተገዳስነትን ክንላዓል ይግባእ።

ብሓደ ይኹን ብኻልእ ምኽንያት ኲናት ኣካል ታሪኽና እዩ። ውዕሎ ኲናት’ድማ ብዙሕ ነገር ዝቕይረሉ ፣ እቲ ዝሳዓረ ጅግና ተባሂሉ ሹመትን ሽልማትን እንትረክብ ተሳዓራይ ድማ ወይ ሒወት ዝኸፍለሉ ወይ ድማ ዝነብሮ ደረጃ ዝምንጠለሉ መድረኽ ስለ ዝኾነ። ኣብ ውዕሎ ኹናት ጅግንነት ዘመስከረ ብማሕበረስብ ይውደስ ፣ ይኽበር። ምስላታትን ደርፊታትን’ውን ነዚይ የጠናኽሩ። እዚይ ድማ ሕዝቢ ትግራይ እንትርፊ ኲናት ካልእ መስተጋብር ከም ዘይነበሮ ዝተወልደ ኩሉ ምስ ዓበየ ክኾኖ ዝብህጎ ነገር ጅግና ተዋጋኣይ ምኳን ጥራሕ ክኸውን ፅዕንቶ ፈጢሩ። ዝሰፈርናሉ ጂኦግራፊ “በሪ” ኣፍሪቃ ምኳኑ ኣብ ዘይደለናዮም ኲናታት ክንፅመድ ኣስተዋፅኦ ምግባሮም ኣብ ግምት እንትነእቱ እቲ ጌጋ ጅግና ምኳን ኣይኮነን ፣ ነገር ግን ሎሚ’ውን ውዕሎ ኲናት መምለኽቲ (ብጅግንነትና እንምካሕ ምኳና - ዲና ኣይኮናን ብዘየግድስ) ድኽመት እዩ እብል። **እቲ እንኸፍሎ ዋጋ ናይ ዕሸላት ሂወት ምኳኑ ኣብ ግምት ከየእተና ብዛዕባ ጅግንነትና ጥራህ ክንሓስብ ፣ ዝኾነ ይኹን ዋጋ ከፊልካ ምዕዋት ከም ዓብዪ ኩርዓት ጌርካ ክረአ ይገብር።** “ትግራዋይ ኣይማረኽን ፣ ኣይሳዓርን” እናበልካ ኣጉል መስዋእቲ ይኽፈል። እቲ ናይ ኲናት ሰብኣዊን ንዋታዊን ዕንወት ከምኡ’ውን ኣብ ናይ’ቲ ማህበረስብ መፃኢ ምዕባለ ዝፈጥሮ ፅዕንቶ እንተንርዳእ ጥራሕ ኢና ካብ ኲናት ወፃኢ ካልኦት መማረፅታት ናብ ምንዳይ ክንኣቱ እንኽእል።

ታሪኽና ብግቡእ ተመርሚሩን ተዘጊቡን ስለ ዘይንረኽቦ ዳርጋ ኹሉ ከከምድላዩ ዝትንትኖን ናተይ ንዝብሎ ዘዳልወሉን ኩነታት ኣሎ። ኣብ ሞንጎ ተጋሩ’ውን ናይ ሰገር መረብን ትግራይን ታሪኽን ተረኽን ክዓነፅ ይረአ። ናይ ታሪኽ ሃዓፍ ንትምህርትኻ ኢልካ ምልዓል’ውን ንብዙሓት ምቾት ኣይህብን። እትድግፎ ሰብ ወይ ስርዓት እንተ ኾይኑ ዋላ ጭቡጥ መርተዖ ይሃሉ ደጋፊኡ ነቲ ዝቐርብ ሂስ ክቕበሎ ይሸገር። ናተይ ናትካ ዝብል ውጥጥ’ውን ናይ ባዕሉ ታራ ኣለዎ። ካብኡ ሓሊፉ ኣብ ትግራይ ይኹን ኣብ ኢትዮጵያ ሕሉፍ ታሪኽ ከም ጣኦት እዩ ዝረአ። ስለ’ዚ ሕሉፍ ታሪኽ ምልዓል ንውጥጥ ዝዕድመሉ ጊዜ ብዙሕ ስለ ዝኾዕነ ብድፉኡ ናይ ወለድና ታሪኽ ኩሉ ፅቡቕ ጌርካ ምውሳድ ዝምረፀሉ እዋን ብዙሕ እዩ። ንገሊኡ ናብ ኣምልኾ ዝቐረበ ክብሪ ይዋሃቦ። **እቲ ናይ ሎሚ ወለዶ ናይ ባዕሉ ታሪኽ ክሰርሕ ዘይምኽኣሉ በቲ ሕሉፍ ምምካሕ ከም ናይ ስነ ልቦና ፈውሲ (therapy) ገይሩ ዝጥቀመሉ ዘሎ ይመስል**። ግና ናይ ታሪኽን ተረኽን ታራ ብዙሕ እዩ። ዩቫል ሃራሪ (Yuval Harari) ዝባሃል ናይ ታሪኽ ተመራማሪ ታሪኽ ሕሉፍ ፍፃመታት እነዘንትወሉ ዓውደ ትምህርቲ እንተይኮነስ ናይ ለውጢ መፅናዕቲ እዩ ይብል (“*History isn’t the study of the past; it is the study of change. History teaches us what remains the same, what changes, and how things change.*[8]”) ኣብ ከይዲ ታሪኽ እንታይ ተቐይሩ? ከመይ ኢሉ ኸ ተቐይሩ? እንታይ ከምዘሎ ቐፂሉ? ንዝብሉ ሕቶታት መልሲ ዝርከበሉ። ስለ’ዚይ ድማ ታሪኽና ብግቡእ ምፍላጥ ፣ ናይ ዝኾነ ይኹን መንግስቲ ወይ ውድብ ታሪኽ ናይ ኩላህና ምኹኑ ተረዲእና ንትምህርትና ብዝጠቕመና መንገዲ ክንፍትሾ’ምበር ፅግዒ ሒዝና ምክርኻር ኣይረብሓናን። ንሕዝቢና እንታይ ብኸመይ ጠቒሙ? እንታይ ጎዲኡና? እንታይ ንዓቅቦ እንታይ ከ ንቐይር? ብዝብል መንፈስ ክንሪኦ ይግባእ። ዝኾነት መስርሕ ኣብ ክንዲ ነቲ ዘለናሉ ዘበን ክመስል ከምታ ወለድና ዝገደፉዎ እንተሊኣ’ሞ ቡኡ ምኽኒት ንጉዳእ እንተሊና ታሓተቲ ባዕልና ኢና። ስለ ዘይሓተትና ፣ ክንቅይር ፃዕሪ ስለ ዘይገበርና።

---

[8] Yuval Noah Harari, Nexus: A Brief History of Information Networks from the Stone Age to AI, 2024

ማሕበረሰብና ጅግንነት ደላዪ እዩ ካብ በልና ናይ ***ጅግንነት መለክዒና እንታይ*** እዩ ዝብል ክንሓስበሉ ኣለና። ጅግና መን እዩ? እንታይ ብንኽንደይ ዋጋ ዝዕውት? ብናይ ባዕሉ ትሑት ፖለቲካዊ ዓቕሚ ወይ ሰኺኑ ክሓሳብ እናተገበአ ብስምዒታዊ ውሳነ ናብ ኲናት ዘእተወ ዋላ ይታዓወት ጅግና ድዩ? እቲ ብሉፅ ጅግና ክበሃል ዘለዎ ሰብ ከም ናይ ዲፕሎማሲን ካልኦትን ዓቕሚታት ተጠቒሙ ዋላ ናይ ሓደ ሰብ ዋጋ ከየከፈለ ፀገማት ዝፈትሕ ክኸውን ዶ የብሉን? ***ሓንሳእ ናይ ሕይወት ዋጋ እንተ ተኸፊሉ እቲ ዝርከብ ጅግንነት ይኹን ዓወት*** ከም ዓወት ክተስተማቕሮ ዝኽብድ ስለ ዝኾነ። ስለ'ዙይ መምለኽቲ ኲናት ካብ ዘምስለና ስነ ሓሳብ ወፂና ካልኦት 'ሉስሉስ' ዓቕሚታት (soft skills) ክነማዕብል ዝጠቕመና ፣ ሓይሊ ሰብና'ውን ክንዕቅብን ሕዝብና ካብ ናይ ኲናት ዕንክሊል ክነናገፍን እንኽእለሉ መንገዲ ምምራፅ ግድን ኣብ ዝኾነሉ እዋን ዶ ኣይኮናን ዘለና? ዘይሩ ዘይሩ ብኹናት ዝፀንዕ ውሳነ የለን ፣ ዳሓር ናብ ዘተ ምምላስ ኣይቐረን። ብ1983 ዝተረኽበ ወታሃደራዊ ዓወት ንትግራይ ዘላቒ ሰላምን ዕረፍቲን ክህባ ዘይምኻኣሉ ጭቡጥ መረዳእታ እዩ። ካብ ናይ ባዕልና ታሪኽን ብተመሳሳሊ ናይ ተፃብኦ ታሪኽ ዝሓለፉ ካልኦት ሕዝቢታት ግና ድሕሪ ኹናት ፀገማቶም ብዘተን ትካላዊ መስርሕን ካብ ዝዘዘሙ ሕዝቢታት[9] ክንማሃር ዶ የብልናን?

እቲ ካልእ ኲናት ኣብ ናይ ሰብ ስነልቦና ዘሕድሮ ፅዕንቶ ድማ ዝኾነ ይኹን ኣፈላላይ ብዓይኒ ኲናት ክትሪኦ ዝገብር ምኺኑ እዩ። ኲናት ናይ ሳዓራይን ተሰዓራይን ፀወታ እዩ። እቲ ዝሳዓረ ድማ ኩሉ ነገር እዩ ዝወስድ (win-lose ይኸውን)። እዙይ ኣብ ምዕባለ ስነ ሓሳብ ናይ ባዕሉ ፀቕጢ ክፈጥር ይኽእል'ዩ። ሓሳብ ባዕሉ ናይ ኲናት ሜዳ ይኸውን'ሞ ብሓሳብ እንተ ተሳዒርካ ኣብ ዓውዲ ኲናት ከምዝተሳዓርካ ጌርካ ክትሓስብ የገድድ። ብኲናት ዝተሳዕረ ኩሉ ነገሩ ከም ዝስእን ማሕበረሰብና ንተሳዓራይ ቦታ ዘይብሉ ምኺኑን ምስ እትፈልጥ ድማ ተሳዓራይ ከይትኸውን ዋላ ጌጋ እንተለኻ ናብ ሕልኽ ትኣቱ። **ተሳዒሩ ንኽይትባሃል ከም ጠቕነ ፣ ሓሶትን ከባብያዊነትን ዝበሉ "ምሽጋት" ሒዝካ ትታኾስ**። ናይ **ሓስብ ስነ ሞገት ዓውዲ ኹናት ይኸውን** ማለት እዩ። ምቅልላስ ዝብሉዋቶ - ኣብ ቅልስ ድማ ወይ ተውድቕ ወይ ትወድቕ - ጃላነት (win-win) ዘይብሉ። **ኣብ መንጎ ክልተ "ጀጋኑ" ዝግበር "ውግእ"** ስለ ዝኸውን'ድማ ሳዓራይ ንምኺን እቲ ክርክር ክሳብ መውዳእታ ብህልኽ ይቕፅል። **እቲ ሓደ ነቲ ኻልእ ብናይ "ኣነነት ጥይት" ክሳብ ዝቐትል**። እቲ ናይ ሓሳብ ውግእ "ጥይት" እናቐያየርካ እንተ ዝኸውን ናይ ሰብ ነይሩ። ሓዱሽ "ጥይት" እንተይቀየርካ በ'ታ ዘላ ንምስዓር። ኣብ ሞንጎ ተጋሩ ዝፍጠር ኣፈላልይ ቀልጢፉ ናብ ጎንፂ ዝኸይድ በዙይ ምኽንያት ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብ ናይ 1977 ዓ. ም. ኣ. ግእዝን ድሕሪኡን (ናይ 2015ን ናይ 60 ማዓልቲ ገምጋም) ዝነበረ ናይ መራሕቲ ሕወሓት ነዊሕ ክርክር እንትንርኢ ናይ'ቶም ዘከራኸሩ ነጥብታት ትሕዝቶ ንኣዋርሕ ኮፈ ዘብሉ ኣይነበሩን። ባዕሉ ዝኻኣለ "ውግእ" ኮይኑ ስለዝነበረ እምበር። ካብ ብናይ ሓሳብ "ውግእ" ሓዲኡ ዝስዕር ካብ ክልቲኦም ሓሳባት ብልጫ ዘለዎ ካልእ (win-win) ሓሳብ ምፍጣር ይሓይሽ ፣ ዝጠቅም'ውን ንሱ እዩ። ሕዚ'ውን ዘሎ ህልው ኩነታት እቲ ምትህልላኽን ተፃብኦን ክቕፅል ኣስተዋፅኦ ዝገብር ፣ ንዘተ'ውን ቦታ ዘይህብ እዩ።

**ሓይማኖት**: ቤተ ክርስትያን ኣብ ግዝኣት ሮማ ይኹን ኣብ ኣኽሱም መንግስታት ኣፍልጦ ሂቦምን ደጊፎምን ንኽጣየሻ ዝገበሩወን ትካላት እየን። ኣብ ኤሮጳ ክርስትና ዕላዊ ሃይማኖት ኮይኑ ቤተ ክርስትያን ልዑል ቅቡልነት ዝረኸበት ብናይ ሮማ ቤተመንግስቲ ድጋፍ ከም ዝኾነ ይፍለጥ (ብ325 ዓ. ም. ኣ. ፈረንጂ)[10]። እቲ ንጉስ ነቲ ሃይማኖት ምስተቐበለ ዝቕተሉን ዝግፍዑን ንዝነበሩ ኣመንቲ ከለላ ብምሃብን ክርስትና ዕላዊ ናይ መንግስቲ ሃይማኖት ብምግባርን። ኣብ ኣኽሱም'ውን እምነተ ክርስትና መጀመርታ ነግስቲታት (ብ330ታት ብንጉስ ኤዛና[11]) ተቐቢሎሞ ዳሓር ነቲ ቤተመንግስቲ

---

[9] ደቡባ ኣፍሪቃ ኣብ 1990ታት ብ ኣ. ፈ. ከምኡ'ውን ናይ ኤሮጳ ሃገራት ድሕሪ ካልኣይ ዓለም ኹናት

[10] Encyclopedia Britanica: Law and government – world leaders (emperors & empresses)

[11] Aethiopica: International Journal of Ethiopian and Eritrean Studie, Ezana of Aksum: The First Christian African King, 2026

ቀረባ ዝነበሩ ከምኡ እናበለ ናብ ሕዝቢ ወሪዱ። ድሕሪ ምቕባል ክርስትና ዝነገሱ ኩሎም ንግስነኦም ብናይ ጳጳሳት ኣፍልጦን ብራኾትን ጥራሕ ይፀንዕ ፣ እንተዘየለ ብሕዝቢ ቅቡልነት ኣይረኽቡን። ናይ ክርስትና እምነት ካብ ኣኽሱም ንደቡብ ገፁ እናተጋፈሐ ዝኸደ'ውን ምስ'ቶም ነገስታት ብምኺን እዩ። ካብ ኣኽሱም ናብ ላስታ ፣ ሸዋን ጎንደርን ምስ'ቲ መንግስቲ ሓቢሩ ታኣታትዩ[12]። ናይ ኣኽሱም ቤተክርስትያን ንዝተወሰነ ጊዜ ኣብ ትምህርተ ወንጌል ኣተኲራ ዝሰርሐት እንትኾን ቀስ እናበለት ግና ናብ ናይ መንግስቲ ፅግዕተኝነት ተቐይራ (ናይ ኣባ እስጢፋኖስ ናይ ለውጢ ጠለብ መበገሲ ምርኣይ ይካኣል)። ስለ'ዙይ ኣመንቲ ንመንግስቲን ቤተክርስታያንን ፈልዮም ዝሪኡሉ ኩነታት ጠፊኡ ፣ ነቲ ምሕዝነት ነገስታት ብዙሕ ተጠቐሞሙሉ። ናይ ታሪኽ ምሁር "The orthodox Church helped sustain and prolong the life of a wicked social system[13]" ይብሉ - እታ ቤተክርስትያን ናይ ጨቋንቲ ስርዓታት ዕድመ ኣብ ምንዋሕ ዕዙዝ ታራ ተፅዊታ እያ ከም ማለት።

ናይ ኦርቶዶክስ ቤተክርስትያን ነገስታት "ስዩመ እግዚኣብሄር" ከም ዝኾኑ ትኣምን[14] ፣ ውዳሴ-ነገስታት ድማ ኣብ ናይ ቤተክርስትያን ጥንታውያን መፃሕፍታ ንረኽቦም። ብግልባጡ ድማ ክርስትና ናይ መንግስቲ ብሕታዊ ሃይማኖት ብምኺና ብመንግስቲ ሓለዋ ይግበረላ። ነጋድራስ ገ/ሒወት ባይከዳኝ "መንግስቲ ናይ ዓድና ጠበቓ ስለ ዝኾነን ካልእ ሃይማኖት ከም ዘይፈቅድን ስለ ዝፈለጡ ካህናት ሃይማኖቶም ንሕዝቢ ከምሁሩ'ኳስ ይሰንፉ[15]" ይብሉ። ኣብ መበል 14 ክፍለ ዘበን ብዝተፃሕፈ "ክብረ ነገስት" ኣቢላ ድማ ነገስታት ክኽበሩን ክፍሩሑን (be revered) ከምዘለዎም ቤተክርስትያን ትእዝዝ[16]። ምስ ቤተክርስትያን ዝተፃለአ ንጉስ መንግስቱ ኣይፀንዕን። **ብዕሊ ምስ ቤተ ክርስትያን ካብ ዝተፃለኡ ነጋውስ ሓደ ኣፄ ቴድሮስ ነይሮም ፣ ግና መንግስቶም ድሕሪኡ ብዙሕ ኣይቀነየን**[17]። ናይ'ዞም ክልተ ዓበይቲ ትካላት (መንግስቲን ቤተክርስትያንን) ምትሕግጋዝ ንናይ ሓባር ረብሓኦም ተጠቐሞሙሉ። ካብ ደገ ዝመፅእ ነገር ኩሉ ንኽልቲኦም ከም ሓደጋ ዝቖፅርዎ ሓዱሽ ኣታሓሳስባ ሒዙ ከይመፅእ ፣ ሃገርና ክወስድን ሃይማኖትና ክብርዝን ከም ዝመፀ ባዕዲ ተገይሩ ንኽረአ ብምግር ክካላኸሉ ፈቲኖም[18]። እዙይ ምስ ናይ ከባቢና ጂኦፖለቲካዊ ኩነታት ኣንፃር እንትረአ እኹል ምኽኒት እንተነበሮ'ኳ ካብ ዓቕን ንላዕሊ ተለጢጡ ናብ ፍርሒ ኣዘንቢሉ። **ዘበናዊነት ክፍራሕ ኣስተውፅኦ ገይሩ** ፣ ለውጢ ዝደልዩ ዘበሉ ድማ ካብ ናይ ማሕበረሰብ ወቐሳ ንምድሓን ሓዱሽ ካብ ምምናይ ሕሉፍ እናምለኹ ክነብሩ ዝተገደዱ ይመስል። እዙይ "ናህና" ዘይንብሎ ሓሳብ ይኹን ቴክኖሎጂ ብዓይኒ ጥርጣረ ክንርኢ ፅዕንቶ ገይሩ ዶ ይኾን?

እቶም ነገስታት ነንባዕሎም ከም ዝናሓንሑ ኹሉ እታ ቤተክርስትያን'ውን ኣብ ውሽጣ ኩይኖም ሕቶ ምስ ዘልዕሉ ፈላጣት ኣብ ብዙሕ ምውጣጥ ኣትያ። ካልእ ይትረፍ ርእይ ኣቕሚ ዝነበሮምን ነታ ቤተክርስትያን ዓብዪ ኣበርክቶ ዝገበሩ ሊቃውንቲን ካብ ማሕበረሰብ ክግለሉን ካብ'ቲ ናይ ቤተክርስትያን ኣገልግሎት ክእገዱን ኩይኖም እዮም (ከም ኣባ እስጢፋኖስ ፣ ፈላስፋ ዘርኣያእቆብ ዝበሉ ሊቃውንቲ ክስደዱን ተቐባልነት ክስእኑ ብምግባርን)። ናይ ቤተክርስትያን ፅዕንቶ ስለ ዘሎ ካብ'ቲ ናይ 'ኣቦታት' እምነት ዝወፅእ ሰብ ብማሕበረሰብ ጥራሕ ዘይኮነስ ብቐረባ ቤተሰቡ'ውን ክግለል

---

[12] Tadesse Tamrat, Church and State in Ethiopia (1270 – 1527), Tsehay Publishers & distributers, 2009
[13] Gebru Tareke: Abbe Gubegna in The Rise and Fall of Political Radicalism in Ethiopia (1960-1991), 2026
[14] Messay Kebede, Radicalism and Cultural Dislocation in Ethiopia, 1960-1974 (page 32-36)
[15] ነጋድራስ ግ/ሒወት ባይከዳኝ ነባር ስራዎች ፣ ነባር ምርጥ መፃህፍት ህትመት ፣ ኣኣዩ ፕረስ፣ 2007 (ገፅ 27)
[16] Shimelis Mulugeta Kene & Solen Feyissa, The pitfalls of Ethiopian elites' war of narratives: https://africasacountry.com
[17] Philip Parsden, The Barefoot Emperor: An Ethiopian Tragedy, 2007
[18] Adugnaw Chekole Gashie and Alehegn Tebikew, The progressive disestablishment of the Ethiopian Orthodox Tewahedo Church: From state integration to institutional fragmentation (1974–2025), African Research Reports, Volume 2(7), pages 286-295, July 2026

ይኽእል እዩ። **መናእሰያት ዘበን ዝጠልቦ ሓዱሽ ሓሳብ ፣ ስራሕ ወይ እምነት ክጅምሩ ይፈርሑ።** ናይ ወለዲ ይኹን ማሕበረሰብ ተቓውሞ ኣስጊኡዎም። እቶም ተቓውሞታት ኣብ ኣመኽንዮ ዝተመስረቱ ዘይኮኑ ይኽእሉ። ንኣብነት ናይ ሃይማኖት ኣፈላላይ ኣብ'ቲ ናይ'ቶም ሃይማኖታት ናይ እምነት ትሕዝቶ (doctrine) ዝተደረኸ ኣብ ክንዲ ክኸውን ሹማሹም ብማሃብን ነቶም ሓሰብቲ ሰባት ብምግላልን ይግለፅ። ነቶም ጀኖሳይድ ተፈፂሙዎም ኢልና ኣብ ታሪኽ እንዝክሮም ደቂቀ እስጢፋኖሳውያን እውን ንናይ ሽዋ ነገስታት ኣሕሊፎም ዝሃቡዎም ኣብ'ቲ ቤተክህነት ዝነበሩ ተጋሩ ምኺኖም መዘግብቲ ይሕብሩ[19]። ግና እዙይ እንትብል ናይ ኦርቶዶክስ ቤተክርስትያን ኣብ ትግራይ ይኹን ኣብ ኢትዮጵያ ዝሰርሐቶ ፅቡቕ ነገር የለን ማለተይ ከም ዘይኮነ መንበባይ ክርደኣለይ እደሊ። ኣብ ታሪኽና ዓብይ ስፍራ ዘለዋ ትካል ስለ ዝኾነት።

ሕዝቢ ትግራይ ኣብ መንግስትን ሃይማኖትን መጠኑ ዝሓለፈ እምነት ስለ ዘለዎ በደልቱ ንሳቶም እንተ ኾይኖም ንኽሓትት ዓቕሚ ይስእን። እንካብ ሓቲቱ መልሲ ክረክብ ፣ ጌጋ ምኺኑ እናፈለጠ'ውን ስኽ ምባል ይመርፅ። ንኽነብር ክብል። ንብዙሓት ዘበናት ኣብ ኹናት ዝፀንሐ ምስ ምኹኑ ድማ ኲናት ዘምፅኦ ሳዕቤን ይርዳእ። ኹናት ዋጋ ስለ ዘኽፍል ብዙሕ ጊዜ ስኽ ኢልካ መግዛእቲ መማረፂ ዝኾነሉ እዋን ኣሎ። ደጃት ውቤ ኣብ ሕዝቢ ትግራይ ማእለያ ዘይብሉ ግፍዒ እንተብፅሑ ሕዝቢን መሳፍንቲን ትግራይ ንነዊሕ እዋን ተፅሚሞም[20]። ሎሚ ዘሎ ኲነታት'ውን ከምኡ እዩ። እዙይ እንትብሃል ግና ወየንቲ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ብዓርሰ ተበግሶ ካብ ዓቕን ንላዕሊ ካብ ዝኾነ መግዛእቲ ንምንጋፍ ኣይተንቀሳቐሱን ንምባል ኣይኮነን። ከም'ዚኦም ዝበሉ ወያነታት ግና ውሑዳት'ዮም ፣ ደፋራት መራሕቲ'ውን ይጠልቡ ነይሮም። ናይ'ዞም መራሕቲ መወዳእታ መቕተልቲን ስደትን ምስ ዝኸውን ግና ቀፃላይ ወለዶ ይፈርሕ ፣ መርኣያ'ውን ስለ ስእን ብዙሕ ኣይስጉምን። ካብ ምሕታት ስቕታ ዝመርፅ ሕዝቢ ይኸውን።

**ምስላታትና**: ናይ ሓደ ማሕበረሰብ ስነልቦና ኣብ ምህናፅ ዓብይ ብፅሒት ዘለዎም ከም ስነ ቃል ፣ ሙዚቃን ፣ ተረኻትን ነቶም ቅድም ክብል ዝተገለፁ ዘራጉዱ እዮም። ድሕረት ዘበራታትዑ ምስላታት ብዙሓት ዋላ እንትኾኑ ዝተወሰኑ ንርአ። **"ሰማይ ኣይሕረስ ንጉስ ኣይኽሰስ"** ዝብል ብሂል ብቕልፅሙ ናብ ስልጣን ዝመፀ ንጉስ (ዋላ'ኳ ኣማኢቲታት ሰባት ኣሰዊኡ እንተረኸበ) ከምድልየቱ ክገብር ዝፈቅድ ባህሊ ነይሩና ሕዙ'ውን ኣለና። ካብ ደገ ንዝመፀ ወራሪ ምምካት ግና ሃይማኖትካ ከም ምዕቃብ ተገይሩ ይውሰድ። መግስቲን ቤተ ክርስትያንን "ንመኽተ" ፃውዒት ይገብራ ፣ ሕዝቢ ይቕበል። ነገር ግን ሃይማኖትን ሕዝቢን ዘበሳብስ ናይ ደገ ፀላኢ ጥራሕ ድዩ? ናይ ባዕልኻ ሕማቕ እንተጋፈዐካ እዝጊ ክፈርደልካ ትፅቢት ካብ ምግባር ናይ ባዕልኻ ስጉምቲ ምውሳድ ዘኽእል ስነልቦና ኣየጥረናን። "ደጃት ኣባይዕ ሓያል ኢኻ'ሞ የራኽበና ላዕላይ ሰማይዕ" ምባል ክንደየናይ ይጠቅም? **"ንኣቦኻ ምሰል"** ዝብል'ውን ብድፉኑ ዝውሰድ ዘይኮነስ እትመስለሉን ዘይትመስለሉን ምፍላይ ዘድልዮ እዩ ፣ ኣብ ትማልኻ ደው በል ዝብል እንተኾይኑ ክንፀግ ዘለዎ ብሂል እዩ። **"ካብ ዘይትፈልጦ መልኣኽስ እትፈልጦ ሰይጣን"** ብዝብል መንፈስ ሓዱሽ ወለዶ ናይ ባዕሉ ሓዱሽ ታሪኽ ከይሰርሕ ዝዓግትን እንቲ ዘሎ ነኺስካ ሓዝ ዝብልን ኮይኑ። እቲ ሓደ "ሰይጣን" ካብ'ቲ ካልእ ከም ዘይሓይሽ ርዱእ ዋላ እንተ ኾነ። ካብ'ዚኦምን ካልኦትን ናይ ወዲ ሰብ ዓቕሚን ድልየትን ዝድርቱ "ማእሰርቲታት" ክሳብ ሎሚ ኣይተናገፍናን።

ብሓፈሻ መንግስቲን ሃማኖት ኦርቶዶክስን ብሓደ ወገን ሕዝቢ ንዘመናት ዝኣመኖም እንትኸውን ብኻልእ ወገን ድማ ዘይምዕሩይ ምሕዝነቶም ኣብ ሕዝቢ ልዑል ስነ ልቦናዊ ፅዕንቶ ፈጢሩ እዩ። ከም'ቲ ግቡእ እንተ ዝኸውን መንግስቲ

---

[19] Getachew Haile, Deqiqa Estifanos: Behigg Amlak, 2016

[20] Jeef Moran's History Atlas: Wube Haile Maryam, regional ruler and Dejazmach of his hereditary province of Semien (1799 CE to 1867 CE) - https://www.historyatlas.com/people/wube-haile-maryam/

እንትጋገ ናይ ሃይማኖት መራሕቲ ማዓድቲን ገሰፅቲን ክኾኑ ይግበኦም። ነር ግን እታ ቤተ ክርስትያን መንግስቲ ከም ምርኩሳ ገይራ ስለ እትወስድ ፣ ወይ ካዓ ካብ ክበፅሓ ዝኽእል ናይ መንግስቲ ፅዕንቶ ንምድሓን ክትብል ዋላ ሕዝቢ እናተበደለ ግደፉ ናይ ምባል ዓቕሚ ነይሩዋ ኣይፈልጥን። ዋላ ሎሚ። እዞም ሕዝቢ እምነት ዘሕደረሎም ክልተ ትካላት እቲ ሓደ ነቲ ኻልእ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ እናደገፈ ናይ ሕዝቢ በደል ብስቕታ እንትሓልፎ ሕዝቢ እንታይ መማረፂ ኣለዎ? ፣ ኣምላኽ ይፈልጥ እናበልካ ካብ ምንባር ወፃኢ። ሕዚ'ውን ናይ ፖለቲካ መራሕቲ ተራእዩ ዘይፈልጥ በደል እናኣብፁሑሉ ዝኾነ ሓይሊ ካብ ደገ መፅዩ ብታኣምር ከድሕኖ'ምበር ናይ ባዕሉ ሓላፍነት ምኳኑ ዝርዳእ ውሑድ እዩ። ኣብ ሃይማኖታዊ ይኹን መንግስታዊ ትካላቶም እምነት ስለ ዘይብሎምን ተዛሪብና ኣይንስማዕን ፣ ጠሪዕና እነምፀኦ ነገር የለን ኢሎም ስለ ዝኣምኑ። ሎሚ'ማ በቶም ናይ'ቲ ስርዓት ዓቀይቶት ዝበፅሐ ግፍዒ ዝገደደ ስቕታ ስለ ዝፈጠረ መሰልካ ምሕታት ዘእስርን ንስደት ዝዳርግን ከይኑ ኣሎ።

## 3. ናይ ውግእ ስነ ልቦናዊ ሃጓፍን (Nostalgia) ንግዲን

ኣብ ጭንቂ ስለዘለና ናይ'ዚ ካብ ታሪኽ ተጋሩ ክጠፍእ ዘይካኣለ ኣርዑት ኲናት እንታይነትን ኣብ ናይ ተጋሩ ስነልቦና ዘሕድሮ በሰላን ምፍታሽ ኣገዳሲ እዩ። ኲናት ልማድ ካብኡ ሓሊፉ'ውን ልክፍቲ (obsession) ክኸውን ከምዝኽእል ዝሕብሩ መፅናዕቲታት ኣለዉ። ዋላ'ኳ ደረጀኡ ዝፋላለ እንተኾነ እቲ ፀገም ኣብ ፖለቲካዊን ወታሃደራዊን መራሕቲ ከምኡ'ውን ኣብ ማህበረሰብ ክህሉ ዝኽእል እዩ። እቶም ሰብ ሙያታት ምኽኒቱ እንትዝርዝሩ ድማ ኣብ እዋን ኲናት ኣብ ሰውነትና ዝሳራጮ ዝላዓለ ኬሚካል ኣድሬናሊን (adrenaline) ዝፈጥሮ ፍሉይ ስምዒት (neurochemical high) ፣ ኲናት ካብ ናይ ማዓልታዊ ናይ ናብራ ጭንቂ ኣናጊፉ ኣብ ሓንቲ ዕላማ ክተተኩር ስለዝገብር (clarity of purpose) ፣ ኣብ ሞንጎ ተጋደልቲ ዝፍጠር ኣዝዩ ጥንኩር ምሕዝነት/ብፃያዊነትን (extreme brotherhood) ንወታሃደራዊ ጅግንነት ዝዋሃቦ ፍሉይ ማሕበረሰባዊ ክብሪ ምኳኖም ይሕብሩ[21]። ኣብ እዋን ኲናት ዝረአ ናይ'ቲ ማህበረሰብ መስተጋብር'ውን ካብ እዋን ሰላም ፍልይ ዝበለ ስለዝኸውን ፍሉይ ተዘክሮ ዝፈጥር እዩ። ስለ'ዚ ገለ ሲቪላት'ውን ዘበን ኲናት ዝናፍቑ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

ንዝሓለፉ ሓምሳ ዓመታት ኣብ ኲናት ዘሕለፉ ኣሕዋትና **ኲናት ዝናፍቑ ኮይኖም ብዘይ እኹል ምኽኒት ደጋጊምና ኣድላይ ኣብ ዘይኮኑ ጎንፂታት ንኣቱ ከይንህሉ ጠመተ ሂብና ክንምርምሮ ዘለና ዛዕባ እዩ።** ካብ'ቲ ኣቲናዮ ዘለና ናይ ኲናት ዕንክሊል ንምውፃ ስነልቦናዊ ሓገዝ'ውን ዘድሊ እንተ ኾይኑ ከምኡ። እቶም ኣብ'ቲ ጀኖሳይዳዊ ኲናት ኣብ ዝተፈላለዩ ብርክታት ወታሃደራዊ ኣማራርሓ ዝነበሩን ድሕሪኡ'ውን ዝቐፀሉን መኮንናት መብዛሕቶም ካብ ናይ ኢትዮጵያ ሓይሊታት ምክልኻል ብጡረታ ተገሊሎም ዝፀንሑ እዮም። ዝተወሱኑ ድማ ንጡረታ ቁሩብ ዝቐረዮም። ኣካል TDF ምስኮኑ እቲ ናይ 17 ዓመት ዕጥቃዊ ቓልሲ ተሞኩሮኦም ክጥቀሙ ዕድል ሂቡዎም ፣ ናብ'ቲ ናይ ሹዑ ናይ ተጋዳላይነት ስምዒት'ውን መሊሱዎም። **እዚ'ዩ ኣብ'ቲ ኲናት ናይ ምቕፃል ድልየት ታራ ክህልዎ ይኽእል ዶ ዝብል ሕቶ ክላዓል ግቡእ እዩ።** እንተስ ናይ ስነልቦናዊ (nostalgia) ወይ ካዓ ናይ ሕዝቢ ናይ ጠመተ (focus) ማእኸል ናይ ምኳን ድልየት።

ኣብ'ቲ ናይ 17 ዓመት ዕጥቃዊ ቓልሲን ድሕሪኡን ብዙሕ ዘገልገሉ ሓርበኛታት እታ ዝተቓለሱላ ዓዲ ማዓልታዊ ናብረኦም እኳ ብግቡእ ክመርሑ ዘኽእል ደገፍ ከም ዘይገበረት እንፈልጦ ሓቂ እዩ። ብዘይካ ኡኹል ሓፍቲን ንብረትን ዘጥረዩ ውሑዳት መብዛሕትኦም ዱልዱል ናብራ ከም ዘይነበሮም'ውን ይፍለጥ። ግና ኣብ'ቲ ናይ ጡረታ ዘበኖም ዘይረኸቡዎ

[21] David Kendrick Jr., Why Veterans Feel Addicted to Combat: Combat is the itch that many veterans try to scratch when their career is over, January 19, 2022.

ቱኽረትን ረብሓታትን ኣብ TDF ክረኽቡ ክኢሎም። እቶም ኣባላት "ኮርን ልዕሊ ኮርን" ብሹም መኸተ መኪና ፣ ገዛን ፣ ብዙሕ ጥቕሚን ዓጀብን ኣለዎም። ከምኡ'ውን ኣብ ከይዲ'ቲ ጀኖሳይዳዊ ኲናት ብዙሓት ጌጋታት ከም ዝተሰርሑ'ሞ ታሕታትነት ዝፈርሑ ከም ዘለዉ ኣብ ግምት ምስ እነእቱ እዞም ፖለቲካዊን ወታሃደራዊን መራሕቲ ዋላ ኲናት ኣይድለዩ እቲ ዘሎ ሕማሶ ክቕፅል ድልት ክህሉዎም ከምዝኽእል ግን ኣብ ግምት ክኣቱ ኣለዎ።

ኣብ'ቲ ጀኖሳይዳዊ ኲናት ጅግንነቶም ዘመስከሩ ብዙሓት መናእሰያት ምፍጣሮም እሙን ኮይኑ ኣብ'ቲ ምስ ሓደ ፓርቲ ዝወገነን ሕዚ'ውን ንኹናት ዝዳሎ ዘሎ "ኮርን ልዕሊ ኮርን" ዝባሃል ዘለዉ ግና እቶም ኣብ ናይ'ቲ 17 ዓመት ቃልሲ ዝነበሩ እዮም። ኣብ'ቲ ናይ ፖለቲካ ኣማራርሓ ዘለዉ'ውን ከምኡ። በታሓሳስባ ናይ ሓደ ወለዶ ብልምዲ'ውን ናይ ኲናት። ብኣንፃሩ ኣብ'ቲ ተቓውሞ ዘለዉ ድማ ናይ'ቲ ሓዱሽ ወለዶን ዘበናዊ ትምህርቲን ዝተፈላለየ ፍልጠትን ዝወነኑ። እዙይ ንባዕሉ ኲናት ከም ናይ ኩሎም ጎንፂታት ብሕታዊ ፍታሕ ገይሩ ዝወስድ ወለዶ ብሓደ ወገን ካልእ መንገዲ ዝብህግ ሓዱሽ ወለዶ ብኻልእ ወገን ዝተሰለፉሉ ናይ ውጥጥ ባይታ ከምዘሎ የርኢ። እቲ ሓዱሽ ወለዶ ኲናት ባህጉን ሙዩኡን ኮይኑዎ ዘይኮነስ ጊዜዊ ፀገም ንምፍታሕ ዝተሰለፍ ፣ ተመሊሱ መፃኢ ሒወቱ ክሃንፅ ዝደሊ እንትኾን እቲ ነባር ዝፅበዮ ጡረታ እዩ። እዙይ ንገፊሕ ናይ ኣታሓሳስባ ኣፈላላይን ዘይምትእምማንን ምኽኒት ኮይኑ ፣ እቲ መንእሰይ ዕጡቕ ይኹን ፖለቲከኛ ብሓይሊ ኣገዲድካ ክታሓዝ ዘለዎ ሓይሊ ተገይሩ'ውን ተወሲዱ። ድጉል ሓዊ።

እቲ ፀገም ማህበረሰባዊ ክይኽውን'ውን ምፍታሽ ኣገዳሲ እዩ። **"ኲናት ናይ ሓጋይ ፀወታና እዩ" ዝብል ትምክሕቲ ናይ ሓደ ዘበን ስርሒት ውፅኢት እንተይኮነስ ወለዶታት እናተቓባበሉዎ ዝመፁ እዩ።** ኲናት ካብ'ቶም ካልኦት ነገዳት ብልጫ እንወስደሎም ክእለታትና እዩ ኢልካ ምሕሳብ'ውን ቀልጢፍካ ናብ ጎንፂ መእተዊ ምኽኒት ክኸውን ይኽእል። ናይ መበል 21ን ክፍለ ዘበን ኲናት መልክዑን ትሕዝትኡን ብዙሕ ይፍለ። ካብ ብሓይሊ ሰብ ዝግበር ናብ ካልእ ዕቑሚ ሰብ - ቴክኖሎጂ - ተሰጋጊሩ ኣሎ። ትርጉም ጅግንነት'ውን ከምኡ። ከምኡ'ውን ኣብ ሓበራዊ ናይ ወዲሰብ ዕብየት ዘምፅኡ ጉዳያት ምትሕብባርን ምርድዳእን'ዩ ናይ ስልጡንነት መለክዒ። ጅግና ዘብል ድማ ስልጡንነት ክኸውን ኣለዎ። ስለ'ዚ እቲ "ትምክሕቲ" ኣብ ድሑር ኣታሓሳስባ ዝተደረኸ እዩ። ካብ'ዚ ዘለናሉ ትምክሕቲ ምውፃእ'ውን እንተንኣሰ እቲ መፃኢ ወለዶ ናይ ባዕሉ ተረኽ ክፈጥር ዕድል ክህቦ ይኽእል እዩ። ካብ ውግእን ወረ ውግእን ወፃኢ።

## 4. ናይ ኲናት 'በሰላ' ብግቡእ ዘይምርዳእ

ፖለቲከኛታትና "ኲናት መዕነዋይ እዩ" ክብሉ ንሰምዕ'ምበር ኣዝዩ ክፍራሕን ንኸይመፅእ ውሕሉል መስርሕን ኣታኣላልያን ከምዘድልዮ ዝግንዘቡ ኣይመስሉን ፣ ጣሕሸም ብዝበለ ቖፅሪ "ውፈር ተበርገስ" ንምባል'ውን ፃት ኣይፀንሑን። ብመፅናዕቲ ከምዝተረጋገፀ ኲናት ናይ ሃገር ኢኮኖሚ ዘዕኑ ፣ ንዘበናት ዝተሃነፁ ትክላት ዘብርስ ፣ ማሕበራዊ ምትእምማንን ምትእስሳርን ዘባላሹ ፣ ልዕሊ ኹሉ ኻዓ ናብ ወለዶታት ዝሓልፍ ናይ ስነ ልቦና ቀውሲ ዘብፅሕ ዓቢዪ ናይ ማሕበረሰብ ጠንቂ[22] ስለ ዝኾነ ዘሊልካ እትኣትዎ ኣይኮነ። ኣሜሪካ ኣብ ቬትናም ብዝወለዕቶ ኲናት ዝበፅሖ መጉዳእቲ ዘፅንዑ ተመራመርቲ ከም ዘረጋገፅዎ ናይ ኣየር ደብዳብ ብሓደ ሚኢታዊ (1%) እንትውስኽ ኣብ'ቶም ሕፃውንቲ ዝበፅሖ ስነ ልቦናዊ ጉድኣት ብ16 ሚኢታዊ (16 percentage points) ይውስኽ[23]። **ሕፃውንቲ ናይ ወለዶም ስነ ልቦናዊ ጉድኣት እናራኣዩን ናይ ኣፀዋራት ቶኽሲ እናሰምዑን እንተ ዓብዮም ሰላማዊ ናብራ ናይ ምምራሕ ዓቕሞም ድሩት**

[22] Joseph, B. Ajofu, Mary Silles, Zoazic, Wang Sonne Elise & Ene Ikpebe, The Long-Term Effects of Civil Conflict on Psychological Well-being, The Journal of Development Studies Volume 61, 2025 - Issue 5

[23] Singhal, S. (2019). Early life shocks and mental health: The long-term effect of war in Vietnam. Journal of Development Economics, 141, 102244.

**ይኸውን ፣ ማሕበራዊ መስተጋብሮም'ውን ኣብ ጎንፂ ዝተመስረተ ንኽኸውን ናይ ባዕሉ ኣስተዋፅኦ ኣለዎ ማለት እዩ።**

ብኣንፃር ጥዕና እንተ ሪኢናዮ ድማ ሒወቶም ኣብ ኹናትን ምምዝባልን ዘሕለፉ ሰባት ብሰንኪ ስእነት መሰረታዊ ግልጋሎትን ስነልቦናዊ ማህሰይቲን ካብ ዕድሜኦም ዝተወሰነ ከምዝቕንስ ተረጋጊፁስ ብኽንደየናይ ዝኣክል ከም ዝቕንስ ንምፍላጥ ዝካኣለሉ ቀመር'ውን ኣለዎ (life-year loss)[24]። ናይ ኲናት ጉድኣት ክግበጥ ዘለዎ በቲ ናይ'ቲ ብቕጥታ ኣብ'ቲ ሓዊ ዝጥበስ መንእሰይ ናይ ሒወት ዋጋ ጥራሕ ከይኮነስ ኣብ'ቶም ሕፃውንቲ (እንተስ ኣብ ከብዲ ኣዲኦም ዘለዉ ወይ ካዓ ትሕቲ ሓሙሽተ ዓመት ዝኾኑ) ዝበፅሕ ናይ ዕብየት ድኽዳኸን ኣብ ዓበይቲ ወለዲ ዝበፅሕ ስነ ልቦናዊ ማህሰይቲን'ውን ክኸውን ኣለዎ። ንዓበይቲን መናእሰያትን ከም ተስፋ ምስኣን ዝበለ ቀታሊ ክህሉ ኣይኽእልን። ሕልሞም ዝተመንጠሉ መናእሰያት ሒወቶም'ዮም ዝሕደጉ - ቀፃሊ ሒወቶም ዝሃንፁሉ ዕድመ ኣብ ኲናት ከሕልፉዎ ስለ ዝግደዱ።

ኣብ ሓደ ወለዶ ዝተፈጠረ **ናይ ኲናት በሰላ ክሳብ ክልተ-ሰለስተ ወለዶ (60 – 90 ዓመት) ከም ዝኸይድ** ብመፅናዕቲ ተረጋጊፁ እዩ[25]። እቶ በሰላታት ብዙሓት እዮም - ናይ ስነልቦናዊ ቀውሲ ፣ ናይ ትምህርቲን ስራሕ ዕድል ምቅዋስ ፣ ናይ ሕዝቢ በዝሒ ምዝባዕ (demographic) ፣ ናይ ኲናት በሰላ ናብ ቀፀልቲ ወለዶታት ምትሕልላፍ *(trauma from severe violence can alter gene expression (epigenetic markers)*[26] ፣ ከምኡ'ውን ማሕበረሰብ ኣብ ታሪኻዊ እህታ (grievance) ክነብር ምግባርን ፣ ባህላዊ በሰላን ንነዊሕ እዋን ዝፀንሑ ጉድኣታት እዮም። ዝኾነ ይኹን ኲናት ዝጅምር ሓይሊ ናይ'ታ ብሔር መፃኢ (ክሳብ 60 – 90 ዓመት) ይውስን ከም ዘሎ ምፍላጥ የድልዮ። እቲ ዝተፈጠረ ናይ ወዲሰብ ናይ ሒወት ምዝባዕ ጠጠው ክብል እንተ ዘይክኢሉ ድማ ጉድኣቱ እናተደመረ ከም ይኸዴድ (cumulative)። እዙይ ማለት ካብ'ቲ ሕሉፍ ናይ ኲናት በሰላ ከይወፃና እንተለና ካልእ እንተ ወሲኽናሉ ናብ ንቡር እንምለሰሉ ጊዜ እናናዋሕና ንኸይድ። ናይ ክልተ ዓመት ጀኖሳይድ ሓደ ሚልዮን ሰብና ኣጉዲሉልና ፣ ኣብ'ቲ እዋን ሕፃውንቲ ናይ ዝነበሩ ዕሽላት ተስፋ ኣፀልሚቱ (ሓሙሽተ ዓመት ትምህርቲ ዘብኲረ መንእሰይ መፃኢ ተስፍኡ ዝተመንጠለ ስለ ዝኾነ) ፣ ትካላትና ዓሰርተታት ዓመታት ንድሕሪት ተመሊሰን።

እቲ ናይ ስለስተ ሽሕ ዓመት ዝባሃል ናይ ኲናት ታሪኽ ንትግራይ ካብ'ቲ በፂሓቶ ዝነበረት ናይ ኣኽሱም ብርኪ ስልጣነ ናብ'ቲ ሎሚ ዘላቶ ኣውሪዱዋ። ዘዝተወለደ ብኲናት እናተቐነሰ ፣ ዘዝተሰርሐ'ውን እናፈረሰ። ዝመፀ መንግስቲ ንትግራይ እንትርፊ ኲናት ካልእ ሒዙላ ኣይመፀእን ፣ ብዝፈጥሮም ተናሓናሕቲን ፅላእቲን ኣቢሉ። ሎሚ'ድማ ትግራይ እታ ዝደኸየትን ንድሕሪት ዝተረፈትን ክልል ኮይና ኣላ። እቲ ብጀኖሳይድ ዝጠፍአ ሓደ ሺሕ ዝግመት ትግራዋይ ከይኣክል ናይ ሕዚ ናይ ኲናት ፍርሒ ድማ ካብ ሓደ ሚልዮን ዘይንእስ መንእሰይን ሙሁርን እግሩ ናብ ዘምረሖ ይጠፍእ ኣሎ። **መፅናዕቲ ከም ዘረጋግፆ ድማ ካብ 60% ንላዕሊ ተፈናቐልቲ ናብ ዓዶም ኣይምለሱን[27]**። ስለ'ዚ ኣብ ትግራይ ተፈጢሩ ዘሎ ፖለቲካዊ ውድቀት ዓዲ እዮ ዘጥፍእ ዘሎ። ትግራዋይ እዙይ ዘየድንግፆ እንተ ኾይኑ እንታይ ከድንግፆ ይኽእል? **ናይ ወዲሰብ ዋጋ ሓሲሩና (ንሕዝብና ከም ዓቓሓ ቖፂርና)** ኣብ ተደጋጋሚ ኲናት እናኣተና ተወሳኺ ናይ ጥፍኣት ምኽንያት ንኸውን ኣለና'ሞ ልሂቅ ትግራይ ዓገብ ክብል ይግባእ።

---

[24] Ilan Noy, A Global Comprehensive Measure of the Impact of Natural Hazards and Disasters,

[25] University of Oxford: 25-year Oxford study finds the effects of conflict last for generations: March 2026: https://www.ox.ac.uk/news/2026-03-06-25-year-oxford-study-finds-the-effects-of-conflict-last-for

[26] Martha Henriques, Can the legacy of trauma be passed down the generations? BBC, 219: https://www.bbc.com/future/article/20190326-what-is-epigenetics

[27] IOM, Progress 2024, Periodic Global Report on Solutions to Internal Displacement, 2025.

## 5. ዝተዛበዐ ሓበሬታን ስነልቦና ሕዝቢን

ኣብዛሓ ማሕበረሰብ ትግራይን ኢትዮጵያን ትሑት ናይ ትምህርቲ ደረጃን ርድኢት ዓለም ለኸ ስነ ሓሳባትን ዘለዎ እዩ። ትምህርቱ ባህላዊ ፣ ርዱቱ'ውን ኣብ ሕሉፍ ልምዲን ማሕበራዊ መስተጋብርን ዝተመስረተ። ከም'ዙይ ዝበለ ማሕበረሰብ ንዝኾነ ፕሮፖጋንዳን ማሕበረሰባዊ ምህንድስናን (social engineering) ዝተቓለዐ ይኸውን። ዝቐርቡሉ መማረፂታት ብርድኢቱ መጠን ይምዝኖም። ብሜላን ምስ ጊዜዊ ረብሓኡ ብዝዛመድ መልኩዑ ወይ ካዓ ብድኽነቱ ምኽንያት እታ ዘላቶ'ውን ከይስእን ብዘፍራርሕ መንገዲ ዝዋሃብ ስነ ህንፀት (indoctrination) ብቐሊሉ ክፀልዎ ከም ዝኽእል እቲ ዝሓለፈ ሓምሳ ዓመት ምስክር እዩ። ብሕልፊ ድማ ቅድም ክብል ብዝጠቐስናዮም ሕዝቢ ትግራይ እምነት ብዘሕደረሎም ናይ ሃይማኖት ትካላትን መንግስቲን እንትስራሕ ከየማተአ ነቲ ዝቐርበሉ ሓሳብ ክቕበል ይኽእል። ብሕልፊ ኣብ ዝሓለፉ ሓምስ ዓመታት ድማ እቲ ስርዓት ሕዝቢ ናይ ሕወሓት ፅግዕተኛ ብዝገብር መልክዑ ስለ ዝተሃነፀ "ውድብ" ዝበለቶ ከም ኣስገዳድ ዝቑፀር እዩ። ስለ'ዚ ማሕበረሰብና ኣብ መርትዖ ዝተደረኸ ዘተን ክትዕን እንተይኮነስ ኣብ ዝንገሮ ፕሮፖጋንዳዊ መልእኽቲ ተደሪኹ ነቲ ሓደ ክፈቱ ነቲ ኻሊእ ድማ ክፀልእ ይረአ። ሎሚ ማሕበረሰብና ናይ ፖለቲካን ሚድያ ትካላትን ንዝውዝዕዎም **ኢ-ኣመኽንያዊ ወረታት (misinformation/disinformation) ተቓላዓይ** ኮይኑ ኣሎ። እዘም ኣካላት እዚኦም ጫፍ ዝሓዙ ተፃባእቲ ስለ ዝኾኑ ነቲ ሕዝቢ'ውን ከምኡ ክካፋፈል ኣስተዋፅኦ ይገብሩ ኣለዉ። ነቲ ሓደ "ድሑር" ነቲ ካልእ ድማ "ባንዳ" ዝብሉ ኣሸማት ሂቦም ማሕበረሰብና ዘናግዑ ዘለዉ ፣ ዝበሉዎ ኣሚኑ ድጋፉን ተቓውሙኡን ዝህብ ደጋፊ ብኽልቲኡ ወገን ስለ ዘሎ እዩ።

ሎሚ ማሕበረሰብና ኣብ ልዕሊ መከርኡ ደቂ እናተጎተቱ መሰወሪ ኩናት እንትኾኑ ንምታይ ሱኽ ኢሉ ይርኢ? ጅግንነቱ ዘርኢ ካብ ደገ ኣብ ዝመፅእ ፀላኢ ጥራሕ ድዩ ንዝብል ሕቶ መልሲ ኣንተኾነ ሕዝቢ ኣድኪኻን ኣፋራሪሕኻን ንምቁፅፃር ዝተኻእለሉ ናይ ማሕበራዊ ምህንድስና ስራሕ ንምርኣይ ንፈትን። ሕዝቢ ትግራይ ኩሉ ጊዜ ኣብ ናይ ድሕነት ስግኣት ክነብር ዝገብር ናይ ተፃብኦ ፖለቲካ ፣ ብተደጋጋሚም ዝኽሰቱ ናይ ተፈጥሮ ሓደጋታት ፣ ከምኡ'ውን ሕዝቢ ኣብ'ቲ ገድሊ ዝነበሮ ተሳትፎ ከም መእሰሪ መቑሕ ኣብ ጥቕሚ ውዒሎም እዮም። ነቲ **ኣብ ስልጣን ዝፀንሐ ውድብ ምውቃስ ነ'ቶም ኣብ እዋን ቃልሲ ዝተሰዉኡ ደቂ ዘሕሰረ ክመስሉ ብዝኽእል መክዑ ይትረኸሉ** ፣ ክመስሉ'ውን ይግበር ፣ ብናይ ስነልቦናዊ ማእሰርቲ ጅሆ ዝተታሕዘ ማሕበረስብ ክኸውን ምእንታ። ሕወሓት እንተ ዘይሃልያ ናይ ሕዝቢ ሃላዋት ኣብ ሓደጋ ክም ዝወድቕ ኈርካ ብምቕራብ (scare tactic) ፣ ኣብ እዋን ተፈጥሮኣዊ ሓደጋታት ድማ ረድኤት ክኽልከል ከም ዝኽእል (ረድኤት ምኽልካል ኣብ ወዲ ብሔርካ ክፍፀም ዘይብሉ ኢ-ሰብኣዊ ተግባር ጥራሕ ዘይኮነስ ኣንፃር ዓለም-ለኸ ሕጊ'ውን እዩ) ወይ ካዓ ኣድለይቲ ዘበሉ መሰረታዊ ግልጋሎታት ከም ዘይረክብ ምግባር ኣብ ጥቕሚ ዝዋዓለ ሜላታት እዩም። ሕወሓት ንሕዝቢ ትግራይ ናይ ረድኤትን ሴፍቲ ኔትን (safety net) ፅግዕተኛ ዝገበረቶ ናይ ስልጣና እሱር ኮይኑ ክነብር ስለ ዝደለየት እዩ ዝብሉ'ውን ኣለዉ።

**ብሓፂሩ ሕዝቢ ትግራይ ንመንግስቲ ተማእዛዚይ ምኟኑን ፣ ትሑት ርድኢት ዓለም-ለኻዊ ፖለቲካን ቁጠባዊ ዓቕሙን ንናይ ተበለፅቲ ሓይሊታት ናይ ማሕበራዊ ምህንድስና (social engineering) ኣቃሊዑዎ።** ስምዒታዊ ፕሮፖጋንዳታትን (sentimental appeal) ናይ ሕሶት ፀብፃባትን (mis/disinformation) ብቐሊሉ ዝቕበል ኮይኑ። እዙይ ድማ ገዛእቲ ነቲ ሕዝቢ ዝወነኑዎ ክመስሎም ይገብር። ውዒሉ ሓዲሩ መሰሉን ባህጉን ታሓዲኑ'ውን ምንም እንተበለ ሰማዒ ዘይብሉ ብሔር ኮይኑ ተሪፉ **(disempowered community ኮይኑ)።** እምባኣርከስ ሕዝብና ኣብ ልዕሊ'ቲ ወረርቲ ዘብፁሑሉ መከራ ናይ "ባዕሉ ሕማቓት" ወሲኹም እንትብድልዎ ሱኽ መሪፁ ዘሎ ብፍርሒ ዝተኣሰረ ማሕበረሰብ ስለ ዝኾነ እዩ። እቲ ዝኣመኖ ሓይሊ እንትጠልም ኣቤት ዝብለሉ ባይታ ስኢኑ። እቲ ኽፍተት ብሊቃን ክምላእ ነይሩዎ ግና ንሱ'ውን ኣይኮነ።

## 6. “ንዓበይቲ መልሲ ኣይዋሃብን”

**ማሕበራዊ ፅዕንቶ:** ካብ ናይ ሃይማኖት መራሕቲን መንግስቲን ብተወሰኺ ተጋሩ ንወለዲን ፣ ዓበይቲ ዓዲን ፍሉይ ክብሪ ይህቡ[28]። ስሩዕ ቢሮክራሲ ኣዝዩ ኣብ ዘይማዕበለሉ ዘበን ሕጊን ስርዓትን ናይ ምኽባር ሓላፍነት ናይ'ዘም ናይ ማሕበረስብ 'ዓምዲታት' ተገይሩ ይውሰድ። እንተኾነ ግና ናይ ምሕደራ ሕጊን ስርዓትን ምስ ዝፍጠሩ (legal & civil institutions) ናይ'ዘም 'ዓበይቲ ዓዲ' ቦታ እናቐነሰ እዩ ዝኸይድ። ኣብ ማሕበረስብና ክሳብ ሎሚ ወለዲ ፣ መራሕቲ መንግስቲን ሃይማኖትን ዓበይቲ ዓዲን ማሕበራዊ ፀገማት ኣብ ምፍታሕ ዕዙዝ ታራ ክፃወቱ ትፅቢት ይግበረሎም። ወለዲ ናይ ደቆም ፣ ናይ ሃይማኖት መራሕቲ ንምእመኖም ፣ ናይ ፖለቲካ መራሕቲ ድማ ንሕዝቢ። እቲ ሓደ ናይ'ቲ ካልእ ከም ሞግዚት እዩ። ቆልዑ ሓሳብ ኣለዎም ኢልካ ኣይእመንን ፣ ሰዓብቲ ሃይማኖት'ውን ኣቐሺቲ እንተ ዘይተርጒሞሙሎም ኣመንቲ መፅሓፍቲ'ውን ኣንቢቦም ክርደኦም እዩ ኢልካ ኣይሕሰብን። ማሕበረሰብ ኣኽቢሩ 'ዓበይቲ' ዝበሎም መራሕቲ ዝገብሩዎ ነገር ኩሉ ከም ቅቡል ጌርካ ይውሰድ[29]። ናይ ፖለቲካ መራሕቲ እንትጋገዩ ግደፉ ኣብ ክንዲ ምባል "ውድብና ትፈልጥ" ዝብል ኣብ ማሕበረሰብና ሰሪፁ ፀኒሑ። ዋላ ርኡይ ጌጋ እንተፈፀሙ ንምታይ ኢልካ ናይ ምሕታት ባህሊ የለን ፣ ከይዱ እንተ ተባሂሉ ብደርፊን ብሕሜትን ይግለፅ'ምበር። እዙይ ኣብ ናይ ተጋሩ ስነ ልቦና ናይ ባዕሉ ፅዕንቶ ዝፈጠረ ይመስል።

ናይ ሃይማኖት ይኹን ናይ ፖለቲካ መራሒ ተፀዋዕነተይ ንሕዝቢ እዩ ኢሉ ፣ ብሕዝቢ ታሕታታይ ክምዝኾነ እንተ ዘይኣሚኑ ቀስ እናበለ ናብ ትዕቢትን ሽለልታን ንክኸይድ ዕድል ይህቦ። ግፍዒ በዚሑ ገለ ሰባት ምሕታት እንትጀምሩ ድማ ከም ነውሪ ይውሰድ ፣ እቲ ታሓታቲ'ውን ይኹሪ። እንትሓትት እምበር ክሕተት ስለ ዘይፈልጥ። ሎሚ ኣብ ትግራይ እንሪኦ ናይ መራሕቲ ባህሪ ናይ'ዙይ ውፅኢት ይመስል። ዋላ'ኳ ኣብ ናይ'ቲ ቃልሲ ናይ መጀመርያ ሒደት ዓመታት ዕዙዝ ናይ ሕብረተሰብ ተሳትፎ ዝነበረ እንተ ኾዕነ ኣብ ዝሓለፉ ዓሰርተታ ዓመታት ግና ሕዝቢ ሕቶ ምስ ዘቕርብ ኣብ ክንዲ ሰሚዕኻ መአረምታ ምግባር ነቲ ዝሓተተ ሽማ ሽም ማሃብን ብሓይሊ ብረት ምብራርን ልሙድ ኮይኑ ኣሎ[30]። ዋላኳ ንዓበይቲ ዓዲን መራሕቲን ግቡእ ክብሪ ማሃብ ነውሪ'ዩ እንተዘይበልና መሰልካ ክሳብ ዝርገፅን ፣ ንሕዝቢ ዘንዕቕን ክኸውን የብሉን። ምኽንያቱ ናይ **ሓታታይን ታሓታይን ሰላማዊ መስተጋብር** እንትይፈጠርና ፀገማትና ብምይይጥ ናይ ምፍታሕ ባህሊ ከነማዕብል ስለ ዘይንኽእል። ዳሓር ናይ ነዊሕን ሓፂርን ትልሚ ኣውፂና ነ'ዚ ፅገም'ዙይ ከመይ ንፈትሖ ናብ ዝብል ክመለስ እየ።

"The startup Nation"[31] ኣብ ዝብል መፅሓፍ እቲ ደራሲ እስራኤል ንእሽተይ ዓዲ ክንሳ ናይ ዓለምና ዝልዓለት ናይ ቴክኖሎጂ ማሃዚትን ናይ ሓደሽቲ ትካላት ንግዲ (business enterprises) ጀማሪትን ንምታይ ኮይና ዝብል ሕቶ ይምልስ። ካብ'ቶም ኣስተዋፅኦ ዝገበሩ ቀንዲ ጉዳያት ሓደ እስራኤላዊ ኩሉ ነገር ኣብ ሕቶ ከእቱ ስለዝኽእል እዩ ይብል። ኣብ ከይዲ ስራሕ ፀገም እንተ ተፈጢሩ ፣ ምምሕያሽ ዘለዎ ጉዳይ እንትህሉ ፣ ባዓል ስልጣን እንተጥፍእ ወዘተ ንምታይ ኢሉ ይሓትት። "Rejection of hierarchy: Employees at all levels are encouraged to challenge their superiors and debate ideas." ኣብ እስራኤል ንምታይ ታሓተትኩ ዝብል ሰብ ይኹን ትካል የለን። ናይ ሃይማኖት

---

[28] Arega Nugussie, Ethiopia Respect Elders: Protecting Senior Rights for an Inclusive Future, Educational Reform in Ethiopia, 2026

[29] Martin Plaut, Cultural Roots of Ethiopia's Political Failure, Ethiopia Insight, 2026

[30] ናይ'ቲ ፅንተታዊ ኩናት ከይዲን ውፅኢትን ይገምግም ዝበለ ናይ TPLF ኣካል ኣማራራሓ ምስ ናይ'ቲ ክልል ፕረሲደንት ዝተወገዱሉ መንገዲ ሓደ መርኣያ እዩ።

[31] Dan Senor and Saul Singer, The Start Up Nation, The story of Irael's economic Miracle, 2011

መራሕቲ ከይተረፉ ኣብ ማእኸል ስብከቶም "እዙይ ትኽክል ኣይኮነን ፣ እዙይ እንታይ ማለት'ዩ ፣ እዙይ ኣይኣምነሉን" ወዘተ ምባል ንቡር እዩ። ወታሃደራት እውን ንጀነራላቶምን መራሕቶምን ገቲሮም ክሓቱ መሰሎም ጥራሕ ዘይኮነስ ዕለታዊ ግብሮም እዩ። ብሓፂሩ **"ንዓበይቲ መልሲ ይዋሃብ እዩ።"** **ናይ ስልጣን ተዋረድ ስራሕ ንምቅልጣፍ እትጥቀመሉ መስርሕ'ምበር ሓሳብ ንምድቋስ ኣይውዕልን።**

ናይ ዕድመ ይኹን ብናይ ስራሕ መደበም ኣብ ሓላፍነት ዘለዉ "ዓበይቲ" ዝሓዝዎ ሓላፍነት ንኻልኦት ከገልግልሉን መፃኢ ወለዶ ክሃንፁሉን ምኺኑ ዝተረድኡ እንተኾይኖም ካብ'ቲ ልሙድ ባህሊ ክንወፅእ ይሕግዝ። ወለዲ ንዝዓብዩ ቖልዑ ፍልጠት ዝሃርፉ (curious) ክኾኑ ምብርትታዕ እንተ ክኢሎም ሓለፍቲ'ውን ናይ ስራሕ ምድቦም ብቖፃልነት ዝማሃሩሉ መድረኽ ከም ዝኾነ ኣሚኖም ብተግባር ዘርእዩ እንተዝኾኑ ካብ'ቲ ዘለናዮ ናይ "ኣምልኾተ ስልጣን" ባህሊ ክንወፅእ ንኽእል። እቶም ዝርከቦም መድረኻት'ውን ኩሉ ብናፅነት ዝካፈሉምን ስራሕ ንምምሕያሽ ዝጥቀመሎም ዕድላት ገይሮም እንተ ወሲዶሞም ሓለፍቲ ከም ዝሕተቱ ፈሊጦም ሙያኦም ክኽቡሩን ካብ'ቶም ዝመርሑዎም ሰባት ብፍልጠትን ዓቕሚን በሊፆም ክርከቡን ይፅዕሩ። "ዓበይቲ" ካብ ናይ መስፍናዊ ባህሊ ንምውፃእ ኣብ ዝግበር ፃዕሪ ዓቢዩ ሓላፍነት ኣለዎም ፣ ንመናእሰያት ኣብነት ብምኺንን ብምብርትታዕን። እዙይ ዓርሰ እምነት ዘለዎን ንሕዝቢ ዝቐረበ መራሒ ክፍሪ ዕድል ይህብ ፣ ኮታስ ሓሳብን ምህዞን እናማዕበለ ክኸይድ ይሕግዝ። **ፍልጠትን ዓቕሚን ዘይብሉ "መራሒ" ግና ከምዙይ ዝበለ ምህዳር ክፈጥር ኣይኽእልን። የግዳስ "ድንቁርንኡ" ንኽሸፍን ብዓጀብ በዝሒ ካብ ሕዝቢ ዓርሱ የርሕቕ።**

## 7. ናይ ስርዓት ትምህርቲና ፅዕንቶ

ስርዓት ትምህርትና ናይ ባህልናን ሃይማኖትናን ውፅኢት ድዩስ ኣይኮነን ዝብል ሕቶ ንመንበብቲ ክገድፎ'ሞ ናፍታ ቀንዲ ነጥበይ ክኣቱ። ቅድሚ ዘበናዊ ትምህርቲ ምምፅኡ ይኹን ድሕሪኡ ዘሎ ስርዓት ትምህርትና ናይ ሓደ ገፅ ሓሳብ ዝማሓላለፈሉ ከይዲ (one-way process) እዩ። መምህር ይዛረብ ፣ ተማሃርይ ይሰምዕ። ኣብ ናይ ቤተክህነት ትምህርቲ ቆልዑ ዝተባህልዎ እንተ ዘይደጊሞም ብበትሪ ይውቀዑ። ኣብ ዘበናዊ ትምህርቲ'ውን ከምኡ። ካልእ ይትረፍ እቲ ተማሃሮ ዝፅሕፉሉ ደፍተር'ውን ዝተሰመረ እዩ። **እቲ መስመር ደረት እዩ። ካብ'ታ ውሽጢ መስመር ወፂኻ ምፅሓፍ ጌጋ ዝገብር**። እዙይ ዝተባሃልካዮ ምድጋም ከም ፅቡቕ ፍልጠት ጌርካ ንኽትወስድ የገድደካ። ቀደሙ'ውን ኣብ ዘበናዊ ትምህርቲ ዘለና ኣራኣእያ ፍርሒ ዝመልኦ እዩ ነይሩ። ወለድና ሓዱሽ ፍልጠት ባህልናን ስርዓትናን ዝስርስር እዩ ኢሎም ስለ ዝኣምኑ። እቲ ስርዓት ትምህርቲና ነቲ ተማሃራይ ፍልጠት ቆጢብካ ብማንካ እትህቦ'ምበር ፣ ጋሕ ኣቢልካ ኩሉ ንኽፈልጥ ኣይትኽፍተሉን ኣብ ዝብል ርድኢት ዝተመስረተ ይመስል። ናይ ሎሚ ኣይፈልጥን'ምበር ኣነ ኣብ ዝተማሃርኩሉ ጊዜ ናይ ዩኒቨርሲቲ መምህራን ከይተረፉ ካብ'ታ ንሳቶም ዝሃቡኻ ትሕዝቶ ወፃኢ ክትፈልጥን ክትሓትትን ኣይደልዩን ነይሮም። እንተ ሓቲትካዮም ይኹርዩ ፣ ወይ ይፃረፉ። ካብ ዓዲ ወፅየ ክሳብ ዝርኢ እዙይ ንቡር ጌረ እወስድ ኔረ።

እቲ መምህር ኩሉ ዝፈልጥን ዝካኣሉን ፣ እቲ ተማሃራይ ድማ ምንም ዘይፈልጥ ዝተዋሃቦ ጥራሕ ዝቕበል ገይሩ ዝወስድ ናይ ትምህርቲ ስርዓት ሓታታይ ወለዶ ዝፈጥር ኣይኮነን ጥራሕ ዘይኮነስ ነቶም መምህራን'ውን ዓቕሚ ዝውስኽ ኣይኾውንን[32]። እንተ ታሓቲቶም መልሲ ንኽህቡ ኢሎም እኹል ምድላዋት ንኽገብሩ ኣየባራታተያምን። እዙይ ካዓ ፍልጠት ንኻዓቢ ባይታ ኣይንፅፍን። እቲ ተማሃራይ ድማ ኣብ መምህራኑ ዘለዎ ፍርሒ ቀፂሉ ንዓበይቲን መራሕቲን ንኽይሓትት ስነልቦናዊ ፀቕጢ የንብረሉ። **እዙይ ካዓ ናይ ስልጣን ተዋረድ (hierarrachy) ዘምልኽ ማሕበረሰብ**

---

[32] Joseph Kamanga, Educational Challenges in Ethiopia – Broken Chalk, 2020

**ኣብ ምፍጣር ልዑል ግደ ይህልዎ።** ትምህርቲ ፍልጠት እትረኽበሉ መንገዲ (methodology) ዘርኢ'ምበር እተን መምህራን ዝሃቡኻ ቁንጣሮ ሓሳባት ጥራሕ እትሸምድደሉ ዓውዲ ተገይሩ ክውሰድ የብሉን። መምህር ዘይፈልጦ ሓሳብ ከምዘሎ'ሞ ካብ ተማሃሩኡ'ውን ክማሃር ከምዝኽእል ዝርዳእ ተማሃራይ ምፍጣር ግድን እዩ። ምምህር ስለዝኾነ ካብ ካልእ ክማሃር ዘይኽእል ፣ ናይ ፖለቲካ መራሒ ይኹን ዓብይ ዓዲ ካብ ብትሕቲኡ ዘለዉ "ቆልዑ" ክማሃር ከም ዘይኽእል እንተ ኣሚኑ ኣኽቡሩኒን ታኣዘዙኒን ባሃላይ "ዓቢዪ" ንፈጥር ፣ ሓቢርካ ምዝታይ'ውን ታሃንጢኻ እትፅበዮ መድረኽ ክኸውን ኣይኽእልን። ናይ 'ዓቢዩን' ብትሕቲኡ ዘለዉን ስባት መስተጋብር እቲ ሓደ ዋሃባይ እቲ ኻልእ ድማ ተቐባላይ ጥራሕ ዝገብር ይኸውን። እዙይ ነቲ ዘለናሉ ዘበን ስለ ዘይምጥንን ፣ ናይ ምዕባለ ጉዕዞና ዘታዓናቕፍን ስለ ዝኾነ ጠመተ ይድልዮ። ሎሚ ፍልጠት ኣብ ቤት ትምህርቲ ጥራሕ እትረኽቦ ሕቡእ ሚሽጥርን ብዕድሞ ንዝዓበዩ ዝተወሰነን ኣይኮነን። ብስርዓት እንተ ተመሪሑ ቴክኖሎጂ ተጠቂምካ ኣብ ዘለኻዮ ኴንካ ምምሃር ዝካኣለሉ ዘበን እዩ። ኩሉ ካብ ኩሉ ክማር ዝኽእለሉ።

## 8. ናይ ተጋሩ ውሽጣዊ ሓያል ንሕንሕ (rivalry of "siblings")

**ናይ ኣሕዋት ቅርበትን ርሕቕትን:** ሙሁራት ከምዝነግሩና (መምህር ሙሉዎርቅ[33] ንኣብነት) ንድሕሪት ዝተወስነ ወለዶ እንተድኣ ተመሊስካ ናይ ትግራይ ስርወ-ትውልዲ (genology) ናብ ውሱናት ወለድቲ ይመልሰና ይብሉ። ዳርጋ ኩሎም ተጋሩ ናይ ቀረባ ኣሕዋት እዮም ከም ማለት እዩ። ካብ ዘበን መንግስቲ ኣኽሱም ጀሚሩ ኣብ ሕማቕን ፅቡቕን ብሓደ ዝተዋሰአ ሕዝቢ ብምኻኑ ድማ **ባህሉን ፣ እምነቱን ፣ ስነልቦናዊ ውቕሩን ሓደ ናብ ዝኾነሉ ብርኪ በፂሑ (homogenous community ኮይኑ)**። ይኹን'ምበር ብዝተፈላለየ ምኽኒት ክጓነፅ ስለ ዝፀንሐ (ንኣብነት ብርስቲ መሬትን ስልጣንን) ዝኾነ ባእሲ ናይ 'ኣሕዋት' ባእሲ ይኸውን። ካብ ምስ ካልኦት ዝግበሩ ንሕንሓት ኣዝዮም ጥንኩራትን ንሕስያ ዘይብሎምን ክኾኑ ገይሩዎም - ዓቕሞምን ስነልቦናዊ ህንፀቶምን ተመሳሳሊ ስለዝኸውን። ኣብ ዘበነ መሳፍንቲ ዝነበረ ጎንፂ ኣብ ሞንጎ ኣዝማድን ናይ መውስቦ ረኽቢ ዘለዎም መሳፍንቲን ከይቀረየ እዩ ነይሩ[34]። ናይ ዝተፈላለዩ ከባቢታት መሳፍንቲን ደቀባትን ኣብ ጎኖም ደቂ ከባቢኦምን ሳዓብቶምን ኣሰሊፎም ንስልጣንን ልዕልናን ኲናት ይውልዑ ፣ ብዙሕ ጊዜ'ውን ብናይ ሓደ ወገን ዓወት ይዛዘም። እዞም መሳፍንቲን ደቀባትን ብቐረባ ስለ ዝፋለጡ እቲ ሓደ ነቲ ኻልእ ክስዕር ሓያልን ደማዊን ንሕንሕ የካይዱ ፣ ሳዓራይ ክሳብ ዝርከብ። ናይ መሳፍንቲ ንሕንሕ ኣብ ዓለም ዝነበረ'ምበር ናይ ትግራይ ፍሉይ መግለፂ ከም ዘይኮነ ርዱእ እዩ። እቲ ፀገም ካብ'ቲ ናይ መስፍናዊ ናይ ንሕንሕ መንፈስ ክሳብ ሎሚ ክንወፅእ ዘይ ምኻኣልና እዩ።

"ዘበናዊ" ናይ ፖለቲካ ምንቅስቓስ ምስተጀመረ'ውን እቲ ውሽጣዊ ንሕንሕ ቀፂሉ። ኣብ ውሽጢ ሓደ ናይ መንግስቲ/ምሕደራ ወይ ካዓ ፖለቲካ ፓርቲ ሓቢሮም ክሰርሑ ዝፀንሑ ሰባት ኣፈላላይ ምስ ዝፍጠር እቲ ባእሲ ካብ ምስ ጓኖት ዝግበር ባእሲ ዝበለፀ ዓብዪ ንዋታዊን ስነልቦናዊን ዕንወት ኣብፂሑ እዩ[35]። ብተጋሩ ዝምርሑ ዝነበሩ ናይ ፖለቲካ ፓርቲታት መብዝሕትኦም ምስ ሕወሓት ናብ ጎንፂ ኣትዮም ፣ ኣብ መወዳእታ'ውን ብሓይሊ ብረት ዝሳዓረ ቀፂሉ ካልኦት ከሲሞም። ገድሊ ሓርነት ትግራይ ፣ ጠራናፊት ፣ ኢድዩን ፣ ኮላይ ኢህኣፓ መራሕቶም ተጋሩ እዮም ነይሮም። ዋላ'ኳ ናይ'ቲ ፅልእ መበገሲ ናይ ፖለቲካ መርገፂ እንተ ነበረ መራሕቶም ተጋሩን ብቐረባ ዝፋለጡን ስለ ዝነበሩ (ብቤተሰብ ወይ ካዓ ኣብ ቤት ትምህርቲ) እቲ ባእሲ ከም ናይ 'ደቂ ሓውኣቦታት' ፅኑዑ ክኸውን ገይሩዎ ፣ ብኹናት ተዋዲኦም። እቲ ዝገርም ሓቂ ግና ሕወሓት ኣዲስ ኣበባ ምስ ተቖፃፀረት ነ'ዞም ኩሎም ፓርቲታት መፀዋዕታ ገይራ ናይ'ቲ ስግግር

[33] መምህር ሙሉወርቅ ናይ ትግራይ ስርወ-ትውልዲ (genology) ዘፅንዑ ከምዘለዉ ኣብ ዝገለፁሉ መድረኽ ዝተዛረቡዎ።
[34] AAU, Political History of Tigray: Rivalry for Power (1910-1935)
[35] ኣብ ውሽጢ ሕወሓት ዝተፈጠረ ናይ 1993 ዓ. ም. ግጭት ኣፈላላይ ንሕዝቢ ትግራይ ኣብ ክልተ ዝመቐለ ኮይኑ ሓሊፉ

መንግስቲ ኣካል ክኾኑ ገይራቶም። ቀደሙ ዳኣ ምጥፍፋእ እንታይ ኣምፀኦ? የግዳስ ኣቓዲሞም እንተ ዝሓብሩ ነይሮም ደርጊ ቀልጢፉ ክወድቕ ዶ ኣይምሓገዘን?

እቲ ፀገም ፍልልይ ምፍጣሩ ኣይኮነን። ባህሪያዊ ክኸውን ስለ ዝኽእል። ነቲ ዝተፈጠረ ኣፈላላይ ዝዋሃቦ ትርጉምን ቀፂሎም ዝውሰዱ ስጉምቲታት'ምበር ። ኣብ ሓደ ደንበ ዝፀንሑ ግና እንተስ ናይ ፖለቲካ ቅዋም ወይ ካዓ ናይ ስልጣን ንሕንሕ ዝፈለዮም ሰባት ኣብ ሓፂር እዋን "ፀላእቲ" ተባሂሎም ይፋራረጁ። ኣብ ሓፂር እዋን ናብ **ፀላኢን ፈታዊን ዝብል ምፍርራጅ ምብፁሑ ነቲ ኣፈላላይ ናይ ኲናት መልክዕ የትሕዞ**። "ፀላኢ" እንተ ተባሂሉ ቀፂሉ ዝመፅእ ናይ ምጥፍፋእ ከይዲ ስለ ዝይኸውን። እቲ ከም ተጋሩ ክንሓስበሉን ክንቅይሮን ዝግባእ ጉዳይ **ብሓሳብ ንዝተፈለየካ ወዲ/ጓል ብሔርካ "ፀላኢ" ኢልካ ምፍራጅ እዩ**። ንናይ ሓደ ብሔር ሓይሊታት ፀላኢን ፈታዊን ዝብል ስያሜ ምሃብ ንዘተን ምርድዳእን ምቹእ ኣይኮነን። ብፍላይ ኣብ'ቲ ዘለናሉ ዘበን።

**ሲቪላዊ ኲናት:** ካብ ፖለቲካ ወፃኢ ኣብ ሞንጎ'ቲ ማሕበረሰብ'ውን **ብመሬትን ርስቲን ዝኸረረ ክርክርን ባእሲን** ልሙድ ነይሩ። መሬት ናይ መንግስቲ ዝገብር ናይ ደርጊ ኣዋጅ ክሳብ ዝእወጅ ቀሊል ዘይባሃል ቤተሰብ ናይ ርስቲ ክርክር ነይሩዎ። ኣብ ኣውራጃ ቤት ፍርዲ ዝተወሰነ ናብ ክፍለ ሃገር ኣግብእ ይባሃል ፣ ድሕሪ ክፍለ ሃገር ድማ ናብ ናይ ኣዲስ ኣበባ ቤት ፍርዲ። እቶም ብርስቲ ዝዋጠጡ ዝነበሩ ሙብዝሕትኦም ናይ ቀረባ ኣሕዋት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ኣብ'ዙይ ኣብ ኣፅቢ ዝሰማዕኹዎ ታሪኽ ዘኪረ። ሓደ ሰብኣይ ነይሮም ይብሉ። ብናይ መሬት ክርክር ክሳብ ኣዲስ ኣበባ ከይዶም ተረቲዖም። እንታይ እንተዝብሉ ፅቡቕ? **"ኣገብእ ንመፃኢ መንግስቲ!"** ናይ ተጋሩ ናይ ሕድሕድ ውጥጥ ክሳብ ክንዲ'ዙይ ይኸይድ። ከም'ዙይ ዝበለ ዕውር ክርክር ናብ ፖለቲካ ኣትዩ ከም ብሔር መዳኸሚናን መጥፊኢናን ክኸውን ይኽእል።

ብኣንፃሩ ካዓ ንኻልኦት (ተጋሩ ዘይኮኑ) ሓለይሊታት ሓዘንቲ ንመስል። ንኻልኦት ጠበርቲ ፣ ንናይ ባዕልኻ ወገን ድማ ሓሳድ ምኺን ኣብ ዝተፈላለዩ ዘበናት (ብሕልፊ ድማ ኣብ ዝሓለፈ ሓምሳ ዓመት) ዝተራእዩ ናይ ፖለቲካ ባህረታት እዮም። ንኣብነት ንዝተማረኹ ባዕዳውያን ወታደራት እነርእዮ ሓልዮትን ክንክንን ኣብ ናይ ባዕልና እሱራት ኣይነርእዮን። ኣብ ሞንጎ ንልዕሊ 17 ዓመታት ሓቢሮም ዝተጋደሉን ብዙሕ መከራ ሓቢሮም ዘሕለፉን ሰባት ኣፈላለያት ምስ ተፈጥሩ ብምፍንጫል እዮም ተዘዚሞም (1993ን ከምኡ'ውን ሎሚ)። ኣብ'ቲ እዋን ኣብ'ቶም ካልኦት ናይ ኢህወደግ ድርጅታት'ውን ተመሳሳሊ ፀገም ተፈጢሩ ዋላ'ኳ እንተነበረ እቶም ካልኦት ብቐሊሉ እዮም ኣልየሞ። ሎሚ ኻዓ ትማሊ ኣንፃር ጀኖሲደራት ብሓደ ጠጠው ኢሎም ዝተቓለሱ ሓሊታት ገሊኦም ኣብ መቐለ ካልኦቶም ድማ ኣብ ሓራ መሬት ተፋጢጦም ኣለዉ። ኣይበል'ምበር ኲናት እንተ ተላዒሉ ኣዝዩ መዕነዋይ ከምዝኸውን ኣየጠራጥርን። ናይ ዘተን ምርድዳእን ባህሊ ኣብ ዘይብሉ ናይ "ወዲ ሓውኣቦ" ንሕንሕ ነንባዕልና ከየጣፈኣና እሞ ናይ ፀላእቲ ዕዮ ባዕልና ከይንፍፀሞሎም ውሕሉል ኣታኣላልያ ይጠልብ። **ናይ ሎሚ ወለዶ ድማ ናይ ባዕሉ ሓዱሽ ባህሊ ኣብ ምህናፅ ኣድሂቡ ክሰርሕ ኣለዎ እብል።** ካብ ናይ 'ወዲ ሓውኣቦ' ምትህልላኽ ወፂና ናይ ዘተን ምርድዳእን ዓቕሊ ንምፍጣር።

## 9. ዘይምዕሩይ ፖለቲካዊ ስግግር (ካብ 1960ታት - ክሳብ ሎሚ)

**ፖለቲካዊ ክሳራ:** ካብ ናይ ፊውዳላዊ/መስፈናዊ ስርዓት ናብ ዘበናዊ ፖለቲካ ስግግር ኣብ ዝግበረሉ እዋን "ኣብ ልዕሊ ድኽነተን ምራኸን ይሞተን" ከምዝባሃል ኲናትን ዓቀይታይነትን (war lords) ከም ባህሊ ኣብ ዝውደሰሉ ምድሪ ተወሳኺ ሃጓፍ ፈጢሩ። 1960ታት ኣብ ኣፍሪቃን ዓለምን ኣንፃር ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝላዓለ ቃልሲ ዝካይደሉ እዋን ስለ ዝነበረ ተጋሩን ኢትዮጵያውያንን ኣብ'ቲ ቃልሲ ድልየት ምርኣዮም ዝገርም ኣይኸውንን። እታ ዓዲ ናይ ናፅነት ተምሳሌት ተገይራ ትረአ ስለ ዝነበረት። እዙይ ናይ ዩኒቨርሲቲን ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲን ተማሃሮ ኣብ ኢትዮጵያን ትግራይን ዝነበረ

መስፈናዊ ስርዓት ንምዕላው ሓያል ቃልሲ ምስ ዝገብሩሉ ጊዜ ተጋጢሙ። ምዕራባውያን ኣብ ድኻታት ዓዲታት የብፅሕዎ ብዝነበሩ በደል ምኽኒት እቲ ናይ ናፅነት ምንቅስቓስ ኣንፃር ምዕራባውያን (ኢምፔርያሊስት) ጠጠው ናይ ዝበለ ስርዓት ኮሚኒዝም ደጋፋይ ክኸውን ገይሩዎ[36]። ናይ ሶቭየት ሕብረትን ካልኦት ናይ ናፅነት ተጋደልቲ ተገይሮም ዝውሰዱ ዝነበሩን መፃሕፍቲ ምንባብ ፣ ከምኦም "ተጋዳላይ" (Che Guvera) ምኳን ናይ ትግራይ መናእሰያት'ውን ባህጊ ኮይኑ።

ከም ዝፍለጥ ናይ ስርዓት ኮሚኒዝም መርገፂ ብናይ ሓደ ደርቢ (ሸቃላይ) ሳዓራይነት ጥራሕ ዝራጋገፅ'ምበር ንምይይጥን ዘተን ቦታ ዝህብ ኣይኮነን። ኢምፔርያሊዝም ኣንፃር እቲ ኣብዛሓ ሸቃላይ ማሕበረሰብ ስለዝኾነ ፣ እቲ ሸቃላይ ዝዕወት ንኢምፔርያሊዝም ብሓይሊ ስዒሩ ጥራሕ እዩ። "የወዛደሩ ስልጣን በኢምፔርያሊዝ መቃብር ላይ ይረጋገጣል" ዝብል ጭርሖ ኣብ'ቲ ዘበን ዝነበርና ሰባት ከም እንዝክሮ። እቲ ጎንፂ ምስ ኢምፔርያሊዝም ጥራሕ ተወሲኑ ኣይተርፍን። ኣንፀር ናይ'ቲ ሸቃላይ ረብሓ ጠጠው ዝበሉ እዮም ተባሂሎም ዝግመቱ ኣካላት ወይ ካዓ ነቲ ኮሚኒስታዊ ኣታሓሳስባ ዝቃወሙ ዘበሉ ኹሎም ብምውጋድ ጥራህ ይፈታሕ ኢሉ ይኣምን። በዚ ምኽኒት ኣብ ትግራይ ይኹን ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበራ ፓርቲታት ብዘይረብሕ ኣፈላላይ ከይተረፈ ብብረት ተራፂመን ፣ ኣሽሓት መናእሰያት ሃሊቖም[37]። እዙይ ንኽትሓስቦ ዘፅግም ናይ ጭካነ መድረኽ ዓብሊሉ ንዓሰርተታት ዓመታት ክፀንሕ ተገይሩ ፣ ሕዚ'ውን ኣሎ። ስርዓት ደርጊ ምስ ወደቐ'ውን እቲ ናብ ስልጣን ዝመፀ ኢህወደግ ይኹን ብተቓዋሚነት ዝተሰለፉ ናይ ፖለቲካ ሓይሊታት ብተመሳስሊ መንገዲ ቀፂሎም። ብብረት ዘይካኣሉ ተፃባኣይ ፕሮፓጋንዳ ተጠቒሞም ፅልኢን ተፃብኦን ምስባኽ ቀፂሎም[38]። ሕዝቢ ምስ ሕዝቢ እንተ ተዋደአ ግዲ ዘይብሎምን ብምይይጥ ፀገማቶም ክፈትሑ ድልየት ዘየርእዩ ኮይኖም። ኩሉ ስምዑኒ ዝብል እምበር ናይ ካልኦት ሓሳብ ንምርዳእ ዱሉዊ ዝኾነ ኣካል ጠፊኡ።

ናይ ሕወሓት መራሕቲ እቲ ካብ ካልኦት ዝፍኖ ዝነበረ ተግዳሮት ንምዕጋት ኣብ ክንዲ ኣፈላላያት ብዘተ ዝውድኡ ወታሃደራዊ ዓቕሞም ምጥቃም ቀፂሎም (ንኣብነት ኣብ ኦነግ ዝተወሰደ ስጉምቲ)። ናይ ትግራይ ታሪኽን ተረኽን'ውን ሕወሓት ኣብ ዝመርሖ ናይ 17 ዓመት ቃልሲ ዝተዓብለለ ኮነ። ታኣምራዊ ወታሃደራዊ ዓቕሚ ከምዘለዎም ፣ ዝስዕርዎም ሓይሊ ከም ዘየለ ክዝንቶ ክኢሉ ("ተራሮችን ያንቀጠቀጠ ትውልድ" ብዝብል ዝግለፅ)። እቲ በዙይ ዝተሃነፀ ሓዱሽ ወለዶ **ሓይሊ ከም ናይ ኩሉ ፀገም መፍትሒ ጌሩ ምርኣይ ግድን ኮይኑዎ[39]**። እዙይ ምስ'ቲ ናይ ትግራይ ናይ ኩናት ታሪኽ ተደሚሩ ጣሕሸም ብዝበለ ቑፅሪ ካልኦት መማረፅቲ ፅንቂቕካ ከይወዳእካ ናብ ሓይሊ ምጉያይ ከም መፍትሒ ገይሮም እንተ ወሰዱ ዝገርም ኣይኾነን። ካብ ናይ መስፍናዊ ስርዓት ናብ ዘበናዊ መንገዲ (ናብ ናይ ሓሳብ መድረኽ) ክግበር ዝነበሮ ስግግር ብናይ ኮሚኒስታዊ ኣታሓሳስባ ተፀልዩ። ድሕሪ ሓምሳ ዓመታት'ውን ሎሚ ናይ ትግራይ ይኹን ናይ ኢትዮጵያ ፖለቲከኛታት እቲ ሓደ ነቲ ካልእ ከጥፍእ እምበር ተዘቲኻ ዓድኻ ኣብ ካልዖት ሃገራት ዝበፅሖኦ ደረጃ ንምብፃሕ ዝተግህ ኣካል ኣብ ዘይንረኦሉ ዘበን ኣለና[40]። ናይ ነዊሕ ዘበን ናይ ኩናት ታሪኽ ምስ ናይ ኮሚኒስታዊ ርእዮት ተፀምቢሩ ተጋሩ ይኹኑ ሓበሻ ብጠቕላላ ኣብ ሓሳብ ዘለና እምነት ዝታሓተ ክኸውን ኣስተውፅኦ ዝገበረ ይመስለኒ። ክሳብ ሎሚ ሕወሓት ካብ ናይ ኮሚኒስት ስነ ሓሳብ ዝቕድሑ መስርሓት እትትግብር ውድብ ብምኳና እቲ ፀገም ክቕፅል ምኽኒት ይኸውን ኣሎ ፣ **ፖለቲካዊ መትከል (Ideology) ልዕሊ ኹሉ ዝምዘን ረቛሓ ስለዝኾነ።**

---

[36] Gebru Tareke, The Rise and Fall of Political Radicalism in Ethiopia (1960-1991) – 2026 (page 91)

[37] ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበራ ናይ ፖለቲካ ውድባት ብዙሓት ዝነበራ እንትኾና ናይ ገሊኣን ናይ ፖለቲካ መርገፂ ካብ'ቶም ካልኦት ብዙሕ ኣፈላላይ ዝነበሮም ኣይኮኑን (ኢህኣፓ ፣ መኤሶን ፣ ወዝሊግ ፣ ኢጭኣት ፣ ሰደድ ወዘተ)

[38] ኢሳትን ካልኦትን ኣብ ልዕሊ ሕዝቢ ከይተረፈ ብሹም ፖለቲካ ን30 ዓመታት ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ፅልኢ ሰቢኾም

[39] The New Normal: Why TPLF and Its Cadres, Including Senior Army Officials, Struggle to Accept Reality, The danger of Perpetuating Old Lesson, Borkena, 2026

[40] ኽሳብ ሎሚ ብዘተ ዝተዛዘመ ዕዉት ናይ ፖለቲካ ድርድር ምርካብ ከቢድ እዩ። ንጊዜኡ ምይይጥ እንተ ተገይሩ'ውን ኣይዘልቕን።

**ኣምልኾተ ፓርቲ:** እቶም ናይ **ኮሚንስታዊ ስነ ሓሳባት (ፓርቲ ልዕሊ ኹሉ ዝገበሩ)** ንምትግባር ዝተኣታትዉ መስርሓት ምስ እቲ ሓዱሽ ወለዶ ዝጠልቦም ባህጊታትን ድልየትን ኣይቃደውን። ንኣብነት ናይ ፓርቲ ላዕለዋይ መሪሕነት ገዛ ዓፅዩ ናይ ትግራይ ዓበይቲ ጉዳያት ዝውስነሉ መስርሕ ካብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ጀሚሩ ክሰብ ሎሚ ኣሎ። ኣብ ክንዲ ናይ ሕዝቢ ድልየትን ባህጊን ሰሚዕኻ ዝውሰን ናይ ፓርቲ ኣማራራሓ ካብ ላዕሊ በብደረጀኡ ወሲኑ ትእዛዝ ናብ ሕዝቢ የውርድ። እታ ውድብ ካብ ናይ'ቲ ዝተቓለሰትሉ ብሔር ረብሓ ናይ ፖለቲካ "መስመር" ወይ ረእዮተ ዓለም (ideology) ኣብሊፃ። እቲ ሕዝቢ ድማ "ውድብ እንታይ በለት" እምበር ድልየትናን ስኽፍታናን ተሰሚዑ ዶ ምባል እናገደፎ ከይዱ ፣ በ'ቲ ስነልቦናዊ ህንፀት ምኽኒት። ውድብ ኩሉ እትኽእል ፣ እንተ ደኸመት'ውን በርቲዓ ከምእትወፅእ ንዓመታት ስለ ዝተሰበኸ ሕዝቢ ኣሚኑ ተቐቢሉዎ (ወዲቓ እናሃለውት ተስፋ ዘይቆረፁሉ ምኽኒት እዙይ ክኸውን ይኽእል)። ጌጋታት እንትፍፀሙ ድማ ኣጉል ምኽኒት እናሃብካ ምሕላፍ ልሙድ ኣሳራራሓ ተገይሩ። ኣብ ላዕለዋይ ብርኪ ኣማራራሓ ተሓታትነት ጠፊኡ፣ ብተጋሩ ታዓብሊሉ ናይ ዝባሃል ሓይሊ ምክልኻል ኢትዮጵያ ጀነራላት'ውን ኮንትሮባንድ ብመርከብ እናፃዓኑ ዕዳጋ ዝለ ዝሓዝዎ ነጋዶ የማርሩ[41]። እዙይ ነቲ ሕዝቢ ናይ'ቲ ውድብ ዳርጋ ትሑዝ ኣቓሓ ተገይሩ (for granted) ክውሰድ ገይሩዎ። **እቲ ሕዝቢ ድምፁ ከስምዕ ዘይኽእል ተቐባላይ ትእዛዝ ፣ እቲ መርሒነት ድማ ገባሪ ሓዳጊ ሓይሊ ኮይኑ**። እዙይ እቲ ሕዝቢ እናተሸቖረረ እንትነብር እቲ ናይ ፖለቲካ ሓይሊ ድማ ካብ ጊዜ ናብ ጊዜ ኣብ ሕዝቢ ዘለዎ ንዕቐት እናዓበየ ከይዱ። ሕዝቢ ናይ ምሕታታ መሰል ከምዘይብሉ ኮይኑ ተሰሚዑዎ ፣ ኣብ ከምዙይ ዝበለ ምህዳር ካዓ ዘተ ትርጉም ስኢኑ።

ነቲ ፀገም ዘጋደዶ ኻዓ ንናይ ሓሳብ ኣፈላላይ ዝዋሃቦ ሹማ ሽም እዩ። ብሓሳብ ካባኻ ንዝተፈለየ ኣካል/ውድብ ቅቡልነት ብዘለዎ ካልእ ሓሳብ ክትረትዖ እናተገበአ ነቲ ዝተፈለየ ሓሳብ ሒዙ ዝመፀ ሰብ ከም ሰብ ምጥቃዕ ከም ስትራተጂ ተገይሩ ዝተወሰደ ልሙድ ናይ ፖለቲካ ባህሊ እዩ። ካብ ፖለቲካ ሓሊፉ ናብ ማሕበረዊ መስተጋብር'ውን ወሪዱ። ካልኦት ክሸቕረሩን ካብ'ቲ ዝቐረበሎም ወፃኢ ካልእ ከይሓስቡ ድማ የገድድ። ኣብ ትግራይ ብ1960/70ታትን ዝተሃነፁ ናይ ሕወሓት ኮሚንስታዊ ስነ ሓሳባትን መስርሓትን እንተ ዘይኮይም ካልእ ክላዓል ኣይድለን። ሓሳብካ ንዝቃወሙ ኣካላት ማሕበረሰብ ዝፀየፎም ፅርፊታትን ጠቐነታትን (ባንዳ ፣ ኸዳዕ ፣ ፅግዕተኛ ፣ ኲኹቶ ፣ ወዘተ) ብምጥቃም ካብ ማሕበረሰብ ክንፀሉ ይግበር። ብኣንፃሩ ካዓ ናይ ባዕልኻ ሓሳባትን እምነታትን ማሕበረሰብ ዝኾርዕሎም እሴታት (ጅግና ፣ ተቓላሳያ ፣ ውፉይ ፣ ሕዝባዊ ወዘተ) ተጠቒምካ ዘይግቡእ ክብሪ ትህቦም ፣ ካብ ኣምልኾ ዘይንእስ ክብሪ። ብኸምዙይ መንገዲ ማሕበረሰብ እቲ **ገዛኢ ሓይሊ ናይ ኩሉ ፍልጠት ወናኒን ኩሉ ዝካኣሉን መሲሉ ክረአ ኮነ ኢልካ ተሰሪሑሉ**።

**ስእነት ካልእ መርኣያ:** እቲ ካልእ ክራኣይ ዘለዎ ዛዕባ ድማ ትግራይ ናይ ኩናት ጀጋኑ ጥራሕ ድዮም ዘለዉዋ ዝብል እዩ። ናይ ውግእ ጅግንነት ባዕሉ ፀገም ዋላ እንተ ዘይኮነ **መርኣያ (model) ዝኸውን ካልእ ክህሉ ዕድል ዘይህብ** ኩነታት ዓብላላይ ኮይኑ ንልዕሊ ሰላሳ ዓመታት ምቕፃሉ መንስያትና ናይ ካልኦት ሙያታት ባህጊን ድልየትን ንኽህልዎም ዘታባብዕ ኣይነበረን። ዝተወለደ ኹሉ ካብ ቁልዕነቱ ጀሚሩ ዝንገሮን ዝማሃሮን ብዛዕባ ኩናት እንተድኣኾይኑ ንኻልእ ሙያን ፍልጠትን ድልየት ካበይ የምፅኦ? የግዳስ ጦረኛ ባህሊ ክዕምብብን ናይ ኩሉ ነገር መፍትሒ ሓይሊ እዩ ኢሉ ንኽኣምን ፅዕንቶ ይፈጥር። ተገዲዱ እንተ ኣትዩዎ ትግራዋይ ብኩናት ዓርሱ ምክልኻል ኣይኣብዮን። የግዳስ ብውነ ክስርሐሉ ዘለዎ ሕዝብና ከጥርዮም ዝግቡኡ ናይ ቴክኖሎጂ ዓቕሚታትን ካልኦት ዘይፈልጦምን ዘይመለኾምን ዓቕሚታት ክብህግን ንኽመልከምን ክፅዕር ምግባር እዩ። ናይ ሰለስተ ሺሕ ናይ ኩናት ታሪኽ ቁፅርና ካብ ምውሓድን ካብ'ቲ ወለድና በፂሖሞ ዝነበሩ ብርኪ ስልጣነ ንድሕሪት መሊሱና'ምበር ዝተጠቐምናዮ የብልናን። ኩናት'ውን እኮ ሎሚ ብቴክኖሎጂ ኾይኑ።

---

41 የኢህኣድግ የቁልቁለት ጉዞ ፣ የስብሰባዎች ወግ (ገፅ 124 ፣ 204-207)

**ፅልኢት ሕሉፍ ታሪኽካ?** ሑሉፍ ታሪኽ ንምጥፋእ ዝተኸደ ጉዕዞ ዘደንግፅ'ዩ። ምስ'ቲ ኮሚኒስታዊ ስነ ሓሳብ ተታሓሒዙ ኣብ ናይ ዝሓለፉ ናይ ትግራይ ነገውስን መሳፍንቲን ዓብይ ፅልኢት ክሓድር ብዙሕ ተሰሪሕሉ ፣ ስረሖምን ሹሞምን ከይላዓል ተገይሩ[42]። ሕሉፍ ታሪኽ ትግራይ ምስ መሳፍንቲ ዝታኣሳሰረ ስለ ዝኾነ ናታቶም ታሪኽ ምፅላእ ማለት ታሪኽ ትግራይ ምፅላእ'ዩ ዝኸውን። ናይ'ቲ ፅልኢት ዕላማ ሓዱሽ ዓብላላይ ታሪኽን ተረኽን ንምፍጣር ዝተገብረ ፃዕሪ ምዃኑ ግልፂ እዩ። እዙይ ንምዕዋት ካብ ፕሮፖጋንዳ ብተወሳኺ ንኣሽሓት ዓመታት ዝፀንሑ ናይ ከባቢታትን ዓዲታትን ኣሽማት ብናይ ሓደ ወለዶ ታሪኽ ክትኩኡ ተገይሩ። ናይ ታሪኽን ተዛመድቲ ዘርፊታትን ሰብ ሙያ ኣገብእ ክብሉ ዘይምኽኣሎም ፍርሒ ኣብ'ቲ ወለዶ ክንደያናይ ከም ዝዓብለለ የርኢ። **ትግራይ ናይ ኣሽሓት ዓመታት ታሪኽ ኣለዋ እንቴልናስ እዞም ዝፅንሑ ኣሽማት ትርጉምን ታሪኽን ኣለዎም ማለት'ዩ**። ታሪኽ ድማ ክድምሰስ የብሉን። ጥንታውያን ፅሑፋት ናይ'ዞም ዝፀንሑ ኣሽማት እዮም ሒዞም ፣ ቀፃላይ ወለዶ ጥንታውያን መዛግብቲ እንተፍትሽ እዞም ዝተቐየሩ ኣሽማት ከመይ ጌሩ ይዝክሮም? **ብሱሩ ኸ እዙይ ናብ ናይ ታሪኽ ምምንጣል ዕንክሊል ዶ ኣየእትወናን? ናይ'ቲ ቅድሚኻ ዝነበረ ታሪኽ እንተ ደምሲስካ እቲ ቀፂሉ ዝመፅእ መንግስቲ ኸ ነቲ ናትካ ከም ዘይድምስሶ እንታይ መረጋገፂ ኣለካ?** ዶስ መንግስትና ዘላኣለማኢ እዩ ኢሎም እዩም ዝኣምኑ? እዙይ እንትብል ፉሉይ ጅግንነት ዝፈፀሙ ሰባት ኣይዘከሩ ማለተይ ኣይኮነን። ግና ኣብ ከተማ ናይ ጎደናታት ኣሽማት ክዋሃቦም'ምበር ዝነበረ ታሪኽ ደምሲስካ ብናይ ሓደ ወሎዶ ምትካእ ፣ እቲ ውድብ ነ'ቲ ዝፀንሐ ታሪኽ ክብሪ ዘይብሉ ምዃኑ ዘርኢ እዩ። እዙይ ሕወሓት ከም ሃገራ ናይ ፖለቲካ ውድብ ምዃና ተሪፉ ዘይትንካእ 'ታቦት' ኮይና ክትረአ ዝተገበረ ስርሒት ይመስል። ከም እንፈልጦ 'ታቦት' ካዓ ኣይሕተትን!!

**ናይ ወዲሰብ ሒወት ክንደይ ይሽረፍ?** እቲ ኮሚኒስታዊ ስነ ሓሳብ ኣብ ሕዝብና ዘታኣታተዎ ካልእ ሃዳፍ ካዓ **ንወዲ ሰብ ክብሪ ዘይማሃብ** እዩ። ሰብ ናይ ፖለቲካ መሳርሒ እምበር ክብሪ ዘለዎ ፣ ናይ ባዕሉ ባህጊን ድለየትን ከዕውት ዝነብር ክቡር ፍጥረት ተገይሩ ኣይረአን። ሰብ ብዘይ ፍርዲ ተቐቲሉ ኣብ ጎደናታት ተዘርጊሑ ይውዕል[43] ፣ ናይ መሪሕነት ብስርውና ንምሽፋን መንእሰይ ብቖሎ ጥጥቖ ናብ ኲናት ይጉተት ፣ ኮታስ "each person is an end by himself / herself" ከምዝባሃል ስርዓታት ንሕዝቢ ዘገልግሉ እምበር ብግልባጡ ዘይምዃኑ ዝሕብር መርገፂ ቦታ የብሉን። ካልእ ይትረፍ ኣብ'ቲ ናይ 17 ዓመት ቃልሲ ኣብ መሪሕነት ዝነበሩ ኣይተ ኣባይ ፀሃየ እቲ ውድብ ኣጀንዳ ገይሩ ዘልዓሎ ናይ ብሔር ቃልሲ ንሕዝቢ መላዓዓሊ ክኸውን ዝተጠቐምናሉ'ምበር ዕላማና ናይ ኢትዮጵያ ሓድነት ምርግጋፅ እዩ ነይሩ ክብሉ ኣብ ሚድያ ገሊፆሞ እዮም። እዙይ ምስ ካልኦት ታሪኻዊ ክስተታት ደሚርካ እንትረአ ሓቂነት ዘለዎ እዩ። ትግራይ ናፃ ሃገር ክትከውን ኣለዋ ኢላ እትቃለስ ናይ ዝነበረት ውድብ ገድሊ ሓርነት ትግራይ (ገሕት) መራሕቲ ብሕወሓት ምቕታሎምን እታ ውድብ ሙሉእ ብሙሉእ ምጥፍኣን[44] ፣ ትግራይ ካብ'ቲ ናይ ልምዓት ፖሊሲ ዝረኸበቶ ጥቕሚ ካብ'ተን ካልኦት ክልላት ዝታሓተ ምዃኑ ወዘተ ነዙይ የረጋግፁ። እሞ ሕወሓት ኢትዮጵያዊነት ማእኸል ገይሩ ይቃለስ ምስ ዝነበረ ኢህኣፓ እታይ ኣፈላላይ ነይሩዋ እዩ እዚ ኹሉ ደም ዝፈሰሰ ዝብል ሕቶ ገዲፍና ፣ **ናይ ፖለቲካ ዕላማኻ ንምዐዋትን ናብ ስልጣን ንምድያብን ክትብል ናይ ሕዝቢ ባህጊ መጣልዒ ምግባር ቅቡል'ዩ ዝብል ትርጉም ይህብ**። እቲ ናይ ሕዝቢ ስምዒት ከላዓዕል ዝተወዘዐ ኣጀንዳ ኣብ ግብሪ ኣይውዓለን ፣ ክውዕል ምሕታት'ውን ፀቢብ ዘብል ኮይኑ።

---

[42] እቲ ኮሚኒስታዊ ስነ ሓሳብ ዋላ'ኳ ኣንፃር ኢምፔርያሊም እንተ ኾነ ኣብ ትግራይ ኢምፔርያሊስት ስለዘየለ እቲ ናይ ፊውዳል መስፊን እዩ ከም ፀላኢ ተወሲዱ። ስለ'ዚ ተጋሩ መሳፍንቲ ከም ወከልቲ ኢምፔርያሊስት (proxy) ተገይሮም ተወሲዶም።
[43] ኣብ እዋን ቀይሕ ራዕዲ ዝተገብረ ፣ ኣብ'ቲ ጀኖሳይዳዊ ኲናት'ውን ዝተደገመ
[44] ካብ ብዙሓት ናይ ታሪኽ መዛግብቲ ብተወሳኺ ናይ ሕወሓት መስረትቲ ዝኾኑ ኣይተ ስብሓት ነጋ ኣብ ወርሒ ነሓሰ ብኣምሓርኛ ምስ ማርያማዊት እትባሃል ናይ ሶሻል ሚድያ መዋሊት ዝገበሩዎ ቃለ መሕትት ንገሕት ንሕና ኢና ኣጥፊእናዮ ኢሎም እዮም

ካልእ ናይ ሰብ ክብሪ ዘንእስ ኣብነት'ውን ምጥቃስ ይካኣል እዩ። ብዙሕ ጊዜ ናይ'ቲ ናይ 17 ዓመት ናይ ቃልሲ ውፅኢት ኣመልኪቶም ንዝላዓሉ ሕቶታታ መራሕቲ ሕወሓት እንትምልሱ ፣ "ሕዝቢ ትግራይ ሳላ ዝተቓለሰ ብዙሓት ናይ ልምዓት ውፅኢታት ተረኺቦም ፣ ቤት ትምህርቲታት ፣ ናይ ሕክምና ትካላት ፣ ዩኒቨርሲቲታት ፣ ምድንፋዕ ፍርያት ሕርሻ ወዘተ" ኢሎም ነ'ቶም ደቆም ዝሳኣኑ ወለዲ ከባራታትዑ ይራኣዩ። እዙይ **ፖለቲካ ትግራይ ንሕዝቢ ከም'ዞም ዝተጠቐሱ "ናውቲ" ገይሩ ከምዝረኦም** ግልፂ መረዳእታ ይገብሮ። ሕዝቢ ነ'ቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ሓይሊ ከውግድ ብረት ኣልዒሉ ናይ ሒወት መስዋትነት ዝኸፍል ልምዓት (እምኒን ስሚንቶን ወይ ካዓ ሽጉርቲን ኮሚደረን) ክረክብ ድዩ ወይስ "ኣብ ስልጣን ዘሎ ሓይሊ ሕዝበይ ይቐትል ኣሎ ፣ ይጭቁነኒ ኣሎ ፣ ስልጣን ስለ ዝተቖፃፀረ 'ሓፍ ኮፍ' የብለኒ ኣሎ ፣ ስለዚ ውሑድ መስዋእትነት ከፊለ ብቐፃልነት ክሞተኒ ዝኽእል ዝነበረ ሕዝበይ ከድሕን" ኢሉ?። ኣብ'ዙይ ክላዓል ዝግባእ ካልእ ሕቶ ድማ እቶም ካብ ትግራይ ንላዕሊ ዝለምዑ ካልኦት ክልላት ከ ክንደይ ደቆም ከፊሎም? ዝብል ይኸውን። ይኹን'ውን ንበል'ሞ መስዋእትነት ተጋሩ ልምዓት ኣምፂኡ ዝብል ተቐቢልና እተን ዝተሰርሓ ትካላት ብኽንደይ ደቅና ተሽሩፉወን ንዝብል ሕቶ መልሱ እንታይ ይኸውን? ትካልስ ብናይ ሰብ ሒወት ይሽረፍ? ልማዓት እግሪ መንገዱ እንተመፀ ኣይፅላእን። ናይ'ቲ መስዋእቲ ቀንዲ ዓወት ክኸውን ዝግበኦ ዝነበረ ግና ንትግራዋይ መሊሱ ዘይቐትል መንግስቲ ኣብ 4 ኪሎ ቤተመንግስቲ ምትካልን ቀፃላይነቱ ብዘረጋግፅ ትካላዊ መስርሕ ታሃኒፁ እንተ ዝኸውን እዩ ነይሩ። ብኣንፃሩ ተወሰኽቲ ሚሊዮናት ዘቕትል ስርዓት ኮይኑ። እዙይ ዘልዕል ዘለኹ ትግራዋይ ሓሳቡን ድልየቱን ክስማዕን ዘይክስማዓን ንወዲ ሰብ ብ'ንህቦ ዋጋን ክብሪን ስለ ዝውሰን እዩ። **ንሕዝቢ ብእትህቦ ዋጋ መጠን ተኽብሮ ፣ ባህጉን ድልየቱን ክትፈልጥ ትፅዕር ፣ ሕዝቢ ካብ ክመፃ ዝኽእል ሓደጋ ንምክልኻል ዋላ ምስ "ሰይጣን" ትዝቲ ፣ ትዋገ**። ይኹን'ምበር ሕሉፍ ናይ ፖለቲካ ታሪኽና ሰብ ከም "ንዋይ" ንኽቑፀር ገይሩዎ።

***"ገምጋም" ንይምሰል ዝግበር ናይ ፖለቲካ መስርሕ ምኺኑ:*** እቲ ገምጋም ዝባሃል ካብ ናይ ፖለቲካ መስርሕነት ወፅዩ ኩሎም ናይ ማሕበረሰብ ሃጓፋት ንምምርማር (to interrogate) ክጠቅም ይግባእ ነይሩ። ማሕበረሰብ ኩለ-መዳያዊ ፀገማቱ ዝፍትሽሉን ናይ ታሪኽ ረብሓን ድኽመትን ዝረኤሉ እንተ ዝኾን'ሞ ብቕንዕና እንተ ዝስራሕ ጊዜዊ ፀገማት ካብ ምፍታሕ ሓሊፉ ሓታትይ ዝኾነ ማሕበረስብ ኣብ ምፍጣር ናይ ባዕሉ ታራ ክፃወት ነይሩ። ይኹን'ምበር ጥቕሙ ኣብ ናይ ፖለቲካን ስነ ምሕደራን ጉዳይት ጥራሕ ምውዓሉን ኣብ ኣፈፃፅሙ'ውን ካብ ቅንዕና ወፅዩ መጣቓቕዒ ምኧኑ ኣብ ሕብረተሰብ ዝነበሮ ቁቡልነቱ እናሃሰሰ ክኸይድ ገይሩዎ። ከምኡ'ውን ነቶም 'ኣይነኬ' ዝባሃሉ ሓሳባት ዘይምልከት ኮይኑ። "እዙይ ኣብ መቓብር ውድብና ጥራሕ እዩ ዝኸውን" ብዝብል ንዝግለፁ። ናይ ፖለቲካን ስነ ምሕደራን "ኣይነኬታት" ቅድም ክብል ምስ ዝፍለጡ ዘይትንከፉ ዝባሃሉ ናይ ሃይማኖትን ባህሊን ጉዳያት ተፀምቢሮም **ናይ ሓሳብ ሓፁራት ኮይኖም!!**

***ናይ ቃልሲ ማእኸል መን እዩ?*** እቲ ናይ 1960ታት ናይ ትግራይ ተማሃሮ ቃልሲ መበገሲኡ ብሔራዊ ረብሓ ሕዝቢ ትግራይ ብዝብል ዝተጀመረ ከምዝነበረ ዝዝከር እዩ። ዳሓር ግና ካብ'ቶም ናይ'ቲ ፓርቲ ነባራት መራሕቲ (ቅድም ክብል ዝተገለፁ ናይ ኣባይ ፀሃየን ስብሓት ነጋን መግለፂታት ይርኣዩ) ከም እንርደኦ ብሔራዊነት ናይ ሕዝቢ መላዓዓሊ ታክቲክ እዩ ነይሩ። ናይ ሕወሓት መትከል "ናይ ማዳጋስካርን ናይ ትግራይ ጭቁናትን ሓደ እዮም" ኢሉ ዝኣምን ኮሚኒስታዊ ርእዮተ ዓለም ከም ዝኾነ የርኢ። እዙይ ካዓ **ካብ ናይ ብሔር ረብሓ ናይ ፖለቲካ መርገፂ (ideology) ብልጫ ኣለዎ ዝብል መልእኽቲ የሕልፍ**። ናይ ፖለቲከኛታት ዕላምኦምን መርገፂኦምን ነንበይኑ እንተድኣ ኮይኑ ዘተን ምርድዳእን ኣፀጋሚ ክኸውን ይኽእል። ዝተፈላለየ ዕላማ ማሓዝ ባዕሉ ፀገም ዋላ እንተ ዘይኮነ ምስ'ቲ ኣብ ተፃብኦ ዝተደረኸ ናይ ፖለቲካ ባህረ ተደሚሩ ስረይ ስረኻ ናብ ዝብል ምጥምማት ከእቱ ይኽእል። **ሕዝቢ ልዕሊ ዝኾነ ይኹን ስነ ሓስብን ፀቢብ ናይ ፖለቲካ ኣጀንዳን ጌርና እንተ ተበጊስና ግና ኣብ ናይ ሕዝቢ ረብሓ ምስምማዕ ኣይኣብን።**

ሕዝቢ ትግራይ ወፅዓን መከራን ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ምስኮኖን ጀኖሰይድ ምስተፈፀመሉን ካብ'ቲ ናይ ሓምሳ ዓመታት ስነ ልቦናዊ ማእሰርቲ ቀልጢፎም ክናገፉ ዝደልዩ መናእሰያት ሕቶታት ምልዓል ጀሚሮም ኣለዉ። እቲ ካብ'ቲ ናይ ታሪኽ ማእሰርቲ ገና ዘይወፀን ፍሉይ ተረባሓይን ድማ በቲ ኻልእ ወገን ኮይኑ ኣብ ምፍጣጥ ንርከብ። ቅድም ክብል ሕዝብና ካብ ናይ መስፍናዊ ወፅዓ ክናገፍ ኣለዎ ኢሎም ኣብ ዕድመ ንእስነቶም ብረት ኣልዒሎም ተቓሊሶም ስልጣን ዝሓዙ ፣ እቲ ሓዱሽ ወለዶ ንመስሉ ከይቃለስ ብሓይሊ ብረት ይደቑስዎ ኣለዉ። **ቃልሲ ኣባና ኣብቂዑ እዩ ማለቶም ግዲ ኾይኑ።** ኩላህና ከምንዝክሮ ሓዳ ሓደ ሰባት ሕቶ ምስ ዘልዕሉ "ኣታ ግደፉ ከፋላልየና እዩ" ምባል ዝተጀመረ ውዕሊ ፕሪቶርያ ምስተፈረመ እዩ ነይሩ (ቅድሚኡ ኹሉ ትግራዋይ ናይ'ቲ መኸተ ስምዒታዊ ደጋፊ ስለ ዝነበረ)። ገሊኡ ብጉርሒ "ኣይትሕተቱና" ማለቱ እንትኾን ገሊኦም ካዓ ብግርህነት ተቐቢሎም ክደግሙዎ ሰሚዕና። ኣብ'ቲ እዋን እቲ ፀገም ዝተፈለየ ሓሳብ ማሓዝ ኣምሲሉዎ ነይሩ። ኣፈላለያትና ከመይ ከምንፈትሕ ስለ ዘይንፈልጥ "ሱኽ በሉ" ከም ማለት። ናይ ሓምሳ ዓመት መስዋእትነትን ቃልሲን ውፅኢት ንሕዝብና ናብ ስልጡን ፖለቲካዊ መስርሕ ከሰጋግር እናተገበኦ ካልእ ሃዳፍ ሒዙ መፅዩ ፣ ንምእላይ ዘሸግር።

**ሚሽጥራዊነት ከም ናይ ሓሳብ መዕፈኒ መሳርሒ:** ናይ መንግስቲ ሓላፊነት ዝሓዘ ሓደ ሰራሕተኛ (civil servant) ካብ ሕዝቢ ዝሓብኦ ሚሽጥር ክህልዎ ኣይኽእልን (ወታሃደራዊን ናይ ድሕንነት ሚሽጥርን እንተ ዘይኮይኑ)። ምሽጥራዊነት ናይ ኢ-ዴሞክራስያዊ ስርዓት መግለፂ እዩ *(authoritarian regimes typically restrict public information and limit institutional openness*[45]*.)* እቲ ንሓምሳ ዓመት ዝፀንሐ ናይ ትግራይ ናይ ፖለቲካ ስርዓት ግና ንሕዝቢ ዝምልከቱ ዓበይቲ ውሳኔታት ገዛ ዓፀዩ ይውስን። ዝተፈፀሙ ገበናት ይሓብእ ፣ ፅቡቕ ንዝመስሎ ናይ'ቲ ውድብ ፍፃመ ጥራሕ ብናይ ፕሮፖጋንዳ መሓውራቱ ይነዝሕ። ናይ ፓርቲ ይኹን ናይ'ቲ ክልል ኣማራርሓ ምሽጥር ማሓዝ ብዝብል ሹም ጥረ ሓቂታት ከይተረፉ ካብ ሕዝቢ ይሕብኡ። ኹሉ ነገር ምሽጥር ጌርካ ምሓዝ ከም ፍሉይ ክእለት ተገይሩ'ውን ይውሰድ (ኣብ'ቲ ብረታዊ ቓልሲ ቅቡል ዝነበረ)። ተማሂርና ኢና ዝብሉ ተጋሩ ከይተረፉ ነቶም እቲ ሓቂ ሕዝቢ ክፈልጦ ኣለዎ ኢሎም ዝኣመኑሉ ነገር ብሚድያ ዝውዝዑ ኣካላት "ሚሽጥር የውፅኡ ኣለዉ" ኢሎም ዓብይ ገበን ከም ዝፈፀሙ ጌሮም ከኽሱዎም ምስማዕ ዝተልመደ ነገር እዩ። ዋላ'ኳ ዘሕፍር ክኸውን እናተገበኦ፡ ካብ ሕዝቢ ተኸዊልካ ድልየትካ ምግባርስ ያ ንቡር ኮይኑ!! ሕዝቢ ብዛዕባ ናይ'ቶም "ዝመረፆም መራሕቱ" ናይ ስራሕ ኣፈፃፅማን ስነ ምግባርን ናይ ምፍላጥ መሰል ኣለዎ። **ግልፅነት "ንዝመረፀካ" ሕዝቢ ዘለካ ክብሪ እትገልፀሉ መስርሕ ስለዝኾነ።** ናበይ ከይኸይድ ንእትብሎ ግና ክብሪ ኣይህልወካን ፣ ትሑዝ ጌርካ'ውን ትወስዶ።

"The circle" ዝብል ፊልሚ ዝርኣኹም ሰባት እትዝክርዎ ነገር ከልዕል። እቲ ፊልሚ "ሚሽጥርን ሚሽትራዊነትን ናይ ፀገማት ኩሉ ፍልፍል እዩ" ኣብ ዝብል ስነ ሓሳብ ዘጠንጥን እዩ። ብሹም ሚሽጥር ሓዳር ይፈርስ ፣ ትካላት ይኽስራ ፣ ኣብ ሞንጎ ማሕበረሰባትን ዓዲታትን ኩናት ይላዓል ፣ ወዘተ። ፀገማት ኩሎም ገዛ ዓፂኻ ብዝግበሩ ሚሽጥራት ምኽኒት ይመፁ ይብል። ብተወሳኺ ድማ ምሽጥራዊነት ድንቁርናን ንኻዓቢ ናይ ባዕሉ ኣስተዋፅኦ ይገብር። ሚሽጥራዊነት ፈላጥ ምኽን ስለ ዘይሓትት ፣ ተንኮል እምበር። ሚሽጥር ዝሕዝ እቲ "ሚሽጥር" ዝተባህለ ጉዳይ ዕላዊ እንተድኣ ኾይኑ ናይ'ቲ ሚሽጥራዊ ትካል/ሰብ እንታይነት ጋህዲ ይወፅእ ፣ እዙይ ካዓ እቲ ትካል/ሰብ ይጋለፅ ይብል። ስለ'ዙይ ናይ ፖለቲካ ይኹን ናይ ማሕበራዊ **ሓላፍነት ዝተቐበለ ኹሉ ካብ ማሕበረሰብ ዝሓብኦ ነገር ክህልዎ ስለ ዘይኽእል ብስነ ሓሳብ መጉቱ ክረትዖሉ ዝኽእል ስራሕ ጥራህ ክሰርሕ** ኣለዎ። ናይ ወታሃደራዊ ኢንተልጀንስ እንተ ዘይኮይኑ ዝሕባእ ጉዳይ እቲ ሓባኢ ዝሓፍረሉ ስራሕ እንተድኣ ኾይኑ ጥራሕ እዩ። ከምኡ'ውን እቲ **"ሚሽጥር" ዝሕበኦ ዘሎ ማሕበረሰብ**

---

[45] Sergei Guriev and Daniel Treisma, A theory of informational autocracy, Journal of Public Economics Volume 186, June 2020, 104158.

**ኣይእመንን ወይ ሕማቕን ፅቡቕን ኣይፈልጥን ዝብል መልእኽቲ የሕልፍ** ፣ ግና ንዘይትኣምኖን እትንዕቖን ሕዝቢ ኣይትመርሖን። ስለ'ዚ ሚሽጥራዊነት መራሕቲ ከይሕተቱ ምእንትን ዝፈጥሩዎ መመኽኔታ ፣ ናይ ሰነፋት መሕብኢ'ውን እዩ።

## 10. ምትእትታው ሓደሽቲ ነውረታት (New antisocial culture)

ኣብ'ዚ ዝጠቐሶም ጉዳያት ናይ'ቲ ዘይምዕሩይ ናይ ፖለቲካ ስግግር ውፅኢታት እንትኾኑ ኣገዳስነቶምን ኣብ ማሕበረሰብና ብዘብፅሕዎ ፅዕንቶን ምኽንያት ብፍሉይ ክራኣዩ ስለ ዘለዎም ንበይኖም ኣርእስቲ ክህቦም ተገዲደ። ካብ ናይ መስፍናዊ ምሕደራ ናብ ናይ ደርጊ ስርዓት ዝተገብረ ስግግር ዘጥፈኦም ኣብ ማሕበረሰብና ዝፀንሑ ድሕረታት ኔሮም ፣ ሓደሽቲ ዘይኑቡራት'ውን ተፈጢሮም። ዓፀሚ እናቖፀርካ ዝግበር ናይ መውስቦ ባህሊ ፣ ንመሳፍንቲ ዝዋሃብ ዝነበረ ዘይ ግቡእ ክብረን ሓለፋ ረብሓን ፣ ኣብ ናይ እደጥበብ ስራሕቲ (ስራሕቲ ዕትሮ ፣ ሓፂን መፂን ፣ ስራሕቲ ዕንጨይቲ ፣ ማእሌማ ፣ ሙዚቃ ወዘተ) ዝነበረ ድሕር ኣራኣእያን ንዕቐትን ብተወሰነ መጠን ንኽጠፍእ እቲ ኣብዮት ኣስተዋፅኦ ከም ዝገበረ ይጥቀስ። ሕብረተሰብ ኣብ ማሃይምነት ዝነበሮ ርድኢት ኣብ ምቕያር'ውን ናይ ባዕሉ ግደ ተፃዊቱ። እቲ ኣብዮት ናይ ባህሊ ኣብዮት ተገይሩ'ውን ይውሰድ ነይሩ ፣ ካብ ፍፁም ፊዳላዊ ባህሊ ናብ ኮሚኒስታዊ ክቕይር ዝፈተነ ስለ ዝነበረ[46]። ብኣንፃሩ ድማ ብዙሓት ኣድለይቲ ዘይኮኑ ባህሊታት'ውን ታኣታትዮም። መብዛሕቶም ኮነ ተባሂሉ ዝተሰርሐሎም ግና ዝኾነ ናይ ፖለቲካ ረብሓ ከምፅኡ ዝተገበሩ ካልኦቶም ድማ ጎናዊ ውፅኢታት እዮም። እቶም ዝተወሰኑ ምስ'ቶም ካልኦት ኣርእስቲታት ተታሓሒዞም ስለ ዝተጠቕሱ ኣብ'ዙይ ምድጋም ኣየድልን ፣ ንኣብነት ንወዲሰብ ዝዋሃብ ክብሪ ምቕናስ ፣ ስርቂን ብላዕን ፣ ኩሉ ነገር ብዓይኒ ኲናት ምርኣይ ወዘተ። ተወሰኽቲ ነቲ ንቡር ባህሊ ክፉታተኑ ዝኽእሉ ኣገደስቲ ዘዕባታት ነልዕል።

**ሕሶት ከም ናይ ፖለቲካ መስርሕ ምጥቃም:** እቲ ናይ ሎሚ ወለዶ ፖለቲካን ሕሶትን መኻይዲ ጥራሕ ዘይኮኑስ እቲ ሓደ ብዘይ'ቲ ኻልእ ክነብር ከም ዘይኽእል ተገይሩ ኣብ ዝውሰደሉ ብርኪ ኣለና። ኣብ'ቲ እዋን ዕፀዋን ክባን ፌደራል መንግስቲ ሓሶት ከም ናይ ፖለቲካ ሜልኡ ገይሩ ከምዝወሰደ ተዛሪብና ፣ ወቒስና'ውን። ግና እዙይ ብሓደ ማዓልቲ ዝተፈጠረ ዘይኮነስ ሰከም እናበለ መጀርመርያ ኣብ ሕወሓት ቀፂሉ ድማ ኣብ ኢህወደግ እናዓበየ ዝመፀ "ንቡር መስርሕ" ከም ዝነበረ ክርሳዕ የብሉን። መበቆሉ ካብ ናይ ሚሊታሪ ናይ ምትላል ቅዲ (deception) ክኸውን ይኽእል። ወታሃደራዊ ዒላማታት ኣበይ ከምዘለዉ ንኽይፍለጥ ወይ ድማ ቅዲ ኹናት ንምዝባዕ ተባሂሉ ዝፍጠር ናይ ምትላል ስራህ ክስራሕ ይኽእል እዩ ፣ ኣብ'ቲ ናይ 17 ዓመት ዕጥቃዊ ቓልሲ ኣገልጊሉ። ቀፂሉ ናብ ናይ መንግስቲ መስርሕ ኣትዩ ክልላት ብናይ ሕሶት ፀብፃብ ነንባዕለን ይዋዳደራ ነይረን። ናይ ስራሕ ፅርየት እንተይኮነስ በዝሒ ከም መለክዒ ኣፈፃፅማ ተገይሩ ስለ ዝተወሰደ። ዘይተሰርሐ ናይ ልምዓት ዕማም ከም ዝተገበረ ጌርካ ምቕራብ ፣ ቁፅሪ ምግናን ፣ ናይ ተፃባኢ ዓቕሚ ኣንኢስካ ምርኣይ ወዘተ ዝተለመዱ ናይ ኢህወደግ መንግስቲ መስርሓት ነይሮም። እዙይ ናብ ናይ ሲቪል መስርሕ ኣትዩ ፣ ቡኡ ኣቢሉ ድማ ናብ ናይ ማሕበረሰብ ማዓልታዊ ምንቅስቓስ ዓብዩ።

ሕሶት ከም ናይ ፖለቲካ መስርሕ ዝኾነ ካብ ዘበነ ኢህወደግ ጀሚሩ ምዃኑ ርዱእ እዩ ዋላ'ኳ መንግስቲ ፒፒ (PP) ናብ ዝላዓለ ብርኪ እንተዕበዮ[47] - ዝደለኻዮ ተመነ'ሞ ክኾነልካ'ዩ ናብ ዝብል ናይ ብልፅግና ወንጌል (prosperity gospel)።

[46] Alem Eshete, The cultural situation in Socialist Ethiopia, 1982, UNESCO
[47] Habtemariam, Deception at the Helm: The Catastrophic Impact of Lies as Government Policy, Borkena, March 2025.

ኩናት ከይተጀመረ እንተሎ ከም ዝታዓወቱ ይዛረቡ ከምዝነበሩ እንዝክሮ እዩ። ዝተመንዩዎ ክኾነልና'ዩ ብዝብል እምነት። ብመንግስቲ ደረጃ ሕሶት መስርሕ እንትኾን ሕሶት ዝፅየፍ ዝነበረ ማህበረሰብና ሕሶት ናይ "ስራህ ሜላ" ገይሩ ናብ ዝሪኣሉ ብርኪ በፂሑ። ካልእ ይትረፍ ናይ ሃይማኖት ትካላት'ውን ከብ'ቲ ሕማም ናፃ ኣይኮናን ፣ መራሕቲ ሓይማኖት እንታይ እናበሉ ይሕሱዉ ክምዝነበሩ ኣብ'ቲ ዕፅዋን ክበን ዝበረ ኩነታት ዝተኸታተለ ኹሉ ዝፈልጦ እዩ። ሎሚ ናይ ፖለቲካ ሰባት ዝህቡዎ ሓበሬታ ሕዝቢ ኣይሰምዖን ፣ ሚድያታት ናይ ሕሶት ሓበሬታ ማጋዋሕቲ ከም ዝኾና ተገይሩ'ውን ይውሰድ። እዙይ ነቲ ፖለቲካ ንባዕሉ'ውን ኣይጠቕሞን። መንግስቲ ናብ ማሕበረሰብ ዘማሓላልፎ ሓበሬታ ታኣመኒ እንተ ዘይኮይኑ ስሩዕ ስርሑ ክሰርሕ ናብ ዘይኽእለሉ ባይታ ክበፅሕ ይኽእል። ካልኦት ትካላት'ውን ከምኡ። ካብ'ዙይ ሓሊፉ ሰብ ንሰብ ናብ ዘይታኣማመነሉ ብርኪ ክብፅሕ ይኽእል። ምልክታት'ውን ኣለዉ።

**ብዘይ ስርቂ ኣያሓልፈልካን:** ስርቂ ነውሪ ምዃኑ ተሪፉ ቀስ እናበለ እናተለምደ ዝመፀ ካልእ ነውሪ እዩ። ሌብነት ነውሪ ተገይሩ ኣብ ዝውሰደሉ እዋን ክሰርቕ ዝተረኽበ ሰብ ብማሕበረሰብ ተነፅሎ ይብፅሖ ነይሩ ናብ ሕጊ ወሲድካ ክቕፃዕ ምግባር ድማ ልሙድ። ስርቂን ጉቦን ቀስ እናበለ መጀርያ ኣብ ናይ መንግስቲ ታሕተዋይ ብርኪ ዝርከቡ ሰራሕተኛታት ካብ ሕጊ ተኸዊሎም ዝፍፅሙዎ እዩ ነይሩ። ብላዕ/ጉቦ ዝታሓተተ ወይ ናይ መንግስቲ ንብረት ክዝመት ዝራኣየ ሰብ ናብ ላዕለዋይ ሓላፊ ጠሪዑ በዳሊ ይቕፃዕ ነይሩ። ቀስ እናበለ እቲ ሕማም ናብ ላዕለዎት ሓለፍቲ ምስ በፅሐ እቲ ተበዳላይ ኣቤት ዝብለሉ ቦታ ስለ ዘይብሉ ናይ መንግስቲ ሃፍቲ እናተሰርቀ ስኽ ምባል ፣ ጉቦ ምሃብ'ውን ልሙድ ኮይኑ። ሎሚ ኣብ ዝኾነ ናይ መንግስቲ ትካል ዘሎ ሃፍቲ ሰራሕተኛታት ተወዲቦምን (ብኔትወርክ) ንውልቀ ረብሓ ኣብ ዝውዕሉሉ ጊዜ ተበፂሑ ኣሎ። "ዓበይቲ" ዝባሃሉ ናይ መንግስቲ ሓለፍቲ ናይ መንግስቲ ሃፍቲ ናይ ውልቆም ጌሮም ኣብ ዝጥቀሙሉን ብዝተረኸበ ኣጋጣሚ ሃፍታም ዝኾኑሉን ፣ ንቡር ናይ መንግስቲ ግልጋሎት ንምርካብ'ውን ብላዕ ከይከፈልካ ዘይካኣለሉ ጊዜ እዩ። ኣብ ቤተክህነት ከይተረፈ ዘሎ ናይ ገንዘብን ንዋትን ህርፋን ኣብ ዘፍርሕ ብርኪ እዩ በፂሑ[48]። ስለ'ዚ ብቑዕ ናይ ትምህርቲ ምድላው ዘይብሎምን ካልእ ናይ ሃፍቲ ፍልፍል ዘይነበሮምን ሰባት ኣብ ሓፂር ጊዜ ሃፋትም እንትኾኑ ዝርኣዩ መናእሰያት ሰሪቖም ክህፍትሙ'ምበር ሰሪሕኻ ዝዕበ ዘይመስሎም ከይኖም። ካብ ክሰርሑ ብዘመድ ጉቦ ኣብ ዝብላዓሉ ቤት ዕዮ ንምእታው ዝምነዩ'ውን ብዙሓት እዮም። ናይ ማሕበረሰብ ታሪኽን ተረኽን ኣብ ምቕያር ዕዙዝ ታራ ዝፃወቱ ልሂቃንን ሰበስልጣናትን ዘይተፀየፉዎ ስርቂን ብላዕ ምውሳድን እቲ ኻልእ ኣካል ማሕበረሰብ ክፅየፎ ትፅቢት ምግባር ትርጉም ኣይብሉን። ኣብ ሓፂር ጊዜ ናይ ማሕበረሰብና ባይሊ ይኾን ኣሎ።

ሓሶትን ስርቂን ጥራሕ ዘይኮነስ ኩሉ ዓይነት ግዕዝይና ናይ ሕወሓት ላዕለዎት መራሕቲ ንሹመኛታቶም ዝቋፃፀሩሉ ሜላ'ውን ምንባሩ ኣብ'ቲ ውድብ ብዙሕ ዓመት ዘገልገሉ ብግልፂ ዝዛረቡዎ እዩ። ኣፍ'ቲ ውድብ ታኣማኒ ጊላ'ምበር ናይ ባዕሉ ስብእናን ሓሳብን ዘለዎ ሰብ ከምዘይድለ ቅድም ክብል ተገሊፁ እዩ። እቶም ተማእዘዝቲ ሰበስልጣናት ካብ'ቲ ናይ'ቶም ላዕለዎት መራሕቲ ሓሳብን ትእዛዝን ፈሂት ከይብሉ ምእንቲ ስርቂን ምምሕዳራዊ **ወንጀልን እንትፍፅሙ ሱኽ ይብሉዎም - ሓዳሓደ ሰባት ድማ ኮነ ኢሎም "ማኖ የንኩኡዎም"** ይብሉ። ዝፈርሑዎ ወንጀል ምስፈፀሙ ተገዛእቲ ካብ ምዃን ካልእ መማረፂ ኣይህልዎምን። ሕዝቢ ብቕላዕ እናበደሉ'ውን ካብ ሓደ ቤት ዕዮ ናብ ካልእ ወይ ድማ ናብ ካልእ ቦታ ይምድቡዎም። ንናይ ሕዝቢ ኣንፀርጭረት ፀማም እዝኒ ብማሃብ። ብኽምዙይ መልክዕ ናይ ስነልቦና እሱራት ይገብሩዎም። ካብ'ታ ዝተባህሉዎ ፈሂት እንተይሎም ቅድሚኡ ተሰሚዑ ዘይፈልጥ ፀለመ ይበፅሖም ፣ ሕልፍ እንተይሉ ድማ ናብ ማእሰርቲ ይኸዱ ፣ **ብዝፈፀሙዎ ወንጀል እንተይኮነስ ስለ ዘይተማእዘዙ**።

---

48 Habte H., Holy Titles, Unholy Deeds: How "Bishops" Are Failing the Ethiopian Orthodox Tewahido Church, May 5, 2025.

እንምከሐሎም እሴታትና እናተሰርሰሩ ናይ ምኻዶም ምኽኒት ብዙሓት እዮም - ሓዱሽ ናይ ፖለቲካ ባህሊ ፣ ደጋዊ ናይ ባሕሊ ፅዕንቶ ፣ ተቖያያሪ ናይ ፀጥታ ኹነታት ፣ ድኽነትን ኲናትን ወዘተ። እዞም እንምከሐሎም ባህሊታትናን እሴታትናን ምጥፈኦም ንኹላትና ከታሓሳብና ይግባእ። ዕጡቓት ልዕሊ ሕጊ ዝኾኑሉ ፣ ዘይናቶም ንብረት ዝዘምቱሉ ፣ ደቂ ኣንስትዮ ምዕማፅ ብሕጊ ዘቕፅዕ ገበን ዘይምዃኑ ፣ ወዘተ ሓቢርካ ምንባር ናብ ዘይካኣለሉ ብርኪ ኣብፅሑ መንነትና ኣብ ሓደጋ ኣእትዩዎ ኣሎ። እንትስረኽ ወይ ናይ መንግስቲ ግልጋሎት ንምርካብ ብላዕ እንትሕተት ስኽ ኢሉ ዝርኢ ሰብ ፅባሕ ዕድል እንተ ረኺቡ ከም ዘይሰርቕ ርግፀኛታት ክንከውን ኣይንኽእልን። **እቶም ተፈጢሮም ዘለው ሓደሽቲ ነውሪታት ናብ ንቡር ከይተቐሩ (new normal) ክንባራበር ኣለና**። እዙይ ንሕሶትን ስርቂን ዘይምቹ ሕጊን ስርዓትን ፣ ኣብ'ቲ ገበን ንዝተረኸቡ ሰባት ድማ ብሕጊ ተመጣጣኒ ቅፅዓት ዝረኽቡሉ መስርሕ ምትካልን ግድን እዩ። **ናይ ትግራይ ፖለቲካ ካልእ መማረፂ ዘይብሉ ድኻ ጥራሕ ዝዋሰኣሉ ዓውዲ ስለዝኾነ ናይ ሕዝቢ ሃፍቲ ዘሚትካ ንምህፍታም እቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ኣብ'ታ ስልጣኑ ክፀንሕ ፣ ካልእ ድማ ብሓይሊ ናብ ስልጣን ክድይብ** ዝገብሩዎ ፃዕሪ ንትግራይ ዋጋ የኽፍላ ኣሎ። ስለ'ዚ እቲ ዘሎ ኹነታት ንምቕያር ታሓታትይ መንግስቲ ክህሉን ናይ መንግስቲ ሓለፍቲ ድማ ነዞም ንማሕበረስብና ዝጎድኡ ነውሪታት ክፀየፉ ዝኽእሉ ክኾኑ ምግባር ግድን ይብል። ከም'ዚኦም ዝበሉ ካልኦት ነውሪታት ንኽይፍጠሩ ናይ ኩሉ ፃዕሪ የድሊ። ባህሊታትና እናተሰርሰሩ ሕጊን ስርዓትን እንተ ጠፊኡ ዘተን ምርድዳእን ናፃ ኩንካ እተካይዶ ኣይኽውንን ፣ ምትእምማን ስለ ዘይህሉ።

## 11. ካብ ፊውዳላዊ መስፈንነት ናብ ኮሚኒስታዊ ፖለቲኮ-መስፈንነት

***"መስፈናዊ" ተጋዳላይ:*** ኣብ'ቲ ናይ 1960ታት ናይ ተማሃሮ ምንቅስቓስ ቀንዲ ተዋሳእቲ ዝነበሩ ኣብ'ቲ እዋን ንሱ ናይ ምምሃር ዕድል ዝረኸቡ ደቂ ርኹባትን ደቀባትን እዮ ነይሮም[49]። ናይ ወለዶም ግፍዒን ዘይፍትሓዊነትን ዘይተቐበሉ መናእሰያት እቲ ገባር ካብ ዝነበሮ ከርፋሕ ናብራ ክናገፍ ኣለዎ ኢሎም ኣሚኖም ተቓሊሶም። ኣብ'ቲ ናይ'ቲ ቃልሲ መጀመርያ ዓመታት ጭላንጭል ዴሞክራሲያዊነት ተራእዮም ነይሮም። ምስ'ቲ ሓፋሽ ዝነበሮም ዝምድና ኣዝዩ ፅቡቕ ምንባሩ ዝጥቕሱ መዛግብቲ'ውን ኣለዉ። ክሳብ ኣዲስ ኣበበ ዝእቶ ብኣንፃራዊነት ዕማማት ዝሕንፀፉሉን ፅገማት ዝፍትሑሉን ኣግባብ ብዘተ ምንባሩ ኣብ'ቲ ቃልሲ ዝነበሩ ዝምስክሩዎ እዩ። ይኹን እምበር ኣብ ሞንጎኦም ጎንፂታት ኣብ ዝፍጠረሉ እዋን "ናይ ኣቦ ንመን ንሃቦ" ግዲ ኮይኑዎም መስፈናዊነት በጭቕ ምባሉ ኣይቀረየን። ብተቐበል ኣይቅበልን ህልኽ ዝመልኦም ነዋሕቲ እኼባታት ንምግባር ይግደዱ ነይሮም[50]።

**ካብ'ቲ ናይ መስፍናዊ ባህሪ ሓደ ስልጣን ብሕታዊ መሰልካ ጌርካ ምውሳድ እዩ።** መራሕቲ ሕወሓት ስልጣን ምስ ጣዓሞሙን ብዙሕ ብዝፀንሑን ቁፅሪን ስልጣን ናይ ውልቀ ረብሓ መሳሰዪ እናኾነ ከምዝኸደ ናይ ሕወሓት/ኢህወደግ መዛግብቲ ግልፂ መረዳእታ እዮም[51]። ካልእ ይትረፍ ኣይተ መለስ ዜናዊ ምስ ሞቱ እቲ ውድብ ብዝሓንፀፆ መሰርሕ መሰረት ክትክኡ ዝግበኦም ዝነበሩ ነባራት ላዕለዎት መራሕቲ መሊሶም ናብ ስልጣን ንምምላስ ዝገበሩዎ ፃዕሪን ነቲ ውድብ ዘኽፈሎ ዋጋን ካብ ዓበይቲ መራሕቲ ዘይትፅበዮ እዩ[52]። ከምኡ ክብሉ ዘገደዶም ምኽኒት ብዘይ ንሳቶም እታ ውድብን ዓዲን ናብ ውድቀት ክተምርሕ እያ ኢሎም እንተ ሓሲቦም'ውን ጌጋ። ኣብ'ቲ ተረካባይ ወለዶ እምነት ምስኣን

---

[49] Richard Reid, A Very Ethiopian Tragedy: Tigray, the TPLF, and Cyclical History, Georgetown Journal of Journal of International Affairs, January 28, 2021

[50] ናይ 1977 ዓ. ም. ኣ. ግእዝ ኣብ ናይ ማለሊት ምስረታ ዝተገብረ ኣዋርሕ ዝወሰደ ክትዕ ህልኽ ዝተመልኦ ከም ዝነበረ ብምስሊ ተቐሪፆም ዝርከቡ ቪድዮታት የረጋግፁ

[51] ብርሃነ ፅጋብ - የኢህኣዴግ የቁልቁለት መንገድ ፣ (2005 -2010) የስብሰባዎች ወግ ፣ 2011

[52] የኢህኣድግ የቁልቁለት ጎዞ - ከ2005 – 2010 (ብብርሃነ ፅጋብ) 2011

እዩ ፣ ንሳቶም ንዘላኣለም ነበርቲ'ውን ኣይኮኑን። **እቲ ካልእ ባህረ ድማ ኣብ ስልጣን ንምፅናሕ ክበሃል ኣገልጋሊኻ ምድላይ እዩ።** ሕወሓት ንብኣዴንን ኦህዴድን እንትፈጥር ማዕርነታዊ ሓድነት ኣብ ግምት ብምእታው ዋላ'ኳ እንተነበረ ብኣውራኡ ናይ ሕወሓት ፅልዋን ዓቕሚን ንምስፋሕ (strategic depth) ዝዓለመ ምንባሩ ምግማት ይካኣል እዩ። እቶም ናይ ኢህወደግ ኣባል ድርጅታት ን27 ዓመታት ተላኣኣኽቲ ኢና ኔርና ምባሎም ኣብ'ቲ ውድብ ዝነበሮም ታራ ዘይ ምዕሩይ ምንባሩን "መስፍናዊነት" ኣብ ውሽጢ'ቲ ውድብ ከም ዝነበረን የረድእ። ኣብ ሞንጎ'ቶም ናይ ሕወሓት "መሳፍንቲ" ጎንፂ እንትፍጠር እቲ ሓደ ነቲ ካልእ ናይ ሕወሓት ኣባል ንምውቃዕ ካብ'ቶም ካልኦት ውድባት ማእገር ምድላይ ሓደ መንገዲ ተገይሩ[53]። ብናይ ብሔርካ ወገንን ትማሊ ምሳኻ ዝተጋደለን ሰብ "**ንምታይ ተደፍረና" ብዝብል መስፍናዊ ስምዒት**። **ወዮ መስፊናዊነትን ዓብላላይነትን ንምጥፋእ ዝተጠየሸ ውድብ ናብራ ምስ ጣዓመ ናይ ባዕሉ መራሕቲ ካልእ ዓይነት መስፍናዊነት ተኺሉም።**

ብዙሕ ጊዜ ኣብ ናይ ናፅነት ተቓለስቲ ኢና ዝብሉ ውድባት ዝረአ ፀገም ድሕሪ'ቲ ናፅነት እንታይ ዓይነት ስርዓት ከምዝህነፅ ንፁር ፖለቲካዊን ኢኮኖሚያዊን ስትራተጂ ዘይ ምህላዉ እዩ። እንተሃልዩ'ውን ትካላዊን ኣሳታፋይ ብዝኾነን መንገዲ ስለ ዘይቕረፅ ኣብ ወሽጢ ሓፂር እዋን ከቢድ ማሕለኻ ይገጥሞ[54]። **ናፅነት ባዕሉ ናይ መወዳእታ ሽቶ ስለ ዘኸውን። ኣብ ቀረባ ናፅነተን ዝረኸባ ኤርትራን ደቡብ ሱዳንን ናፅነት ኣምፂና ኢና ናይ ዝብሉ መራሕቲ እሱራት ኮይነን ንረኽበን።** እቶም ናይ ናፅነት "ሰብ ዋኖት" ኣቦኣዊ (paternalistic) መሰል ከም ዘለዎምን **እታ ዓዲ ብዘይንሳቶም ከም ዘይትቕፅል ተሰሚዕዎም ረጊፆም ይገዝኡ ኣለዉ**። እዙይ ካዓ 'ጎይታ ካብ ምቕያር' ሓሊፉ ነቲ ሕዝቢ ዝሃቦ ረብሓ የለን - የግዳስ ቋንቋኦም ዝዛረብ ጎይታ ካብ'ቲ ዝኣለይዎ ሓይሊ ዝገደደ ኮይኑዎም ኣሎ። ከምኡ'ውን እቲ ካብ በረኻ "ታዓዊቱ" ዝኣቱ ሓይሊ ናይ ሳዓራይነት ስምዒት ስለ ዘሕድር ኩሉ ነገር ብሓይሊ ምፍታሕ ይቕፅል ፣ ምስ ካልኦት ኣብ ከይዲ'ቲ ብረታዊ ቃልሲ ዝተጓነፆም ሓይሊታት ብቐሊሉ ምርድዳእ ይኣብዮ። ሕወሓት ንኢትዮጵያ ኣብ ዝተቖፃፀረትሉ እዋን ናይ ስግግር ስትራተጂ ዝነበራ ዋላ እንትኾነ ቅድም ክብል ዝነበራ ኮምኒስታዊ ኣታሓሳስባ ብዓለም ደረጃ ዝተነፀገሉ እዋን ምንባሩ ቀፃሊ መርገፂ ሕወሓት ንፁር ከይኸውን ዝገበሮ ይመስል። ሓዱሽ ስነ ሓሳብ ስለ ዘይመፀ እቲ ዝፀንሕ ናይ 1960ታት ተማሃሮ ናይ ፖለቲካ ንሕንሕ ከም ሓዱሽ ደጊስዎ። ናይ ወታሃደራዊን ድሕነትን ሓይሊ ስለ ዝተቖፃፀረት እቲ ኣብዝሓ ናይ ኢትዮጵያ ናይ ፖለቲካ ልሂቅ ንሕወሓት ከም ናይ ሲቪል ሓይሊ ገይሩ ክሪኣ ኣይካለን። ብረት ዝኣቶዎ ናይ ፖለቲካ መድረኽ ጥንኩር ናይ ሓሳብ ክትዕ ስለ ዘይፈቅድ እቶም ዕጥቂ ዘይሓዙ ሓይሊታት ኣብ ስግኣት ክነብሩ ገይሩዎም። እቲ ናይ ሕወሓት ናፃ ኣውፅኣኩም እየ'ሞ ስልጣን ይግበአኒ ዝብል "ኣቦኣዊ" ድልየት ከምዘሎ ኮይኑ።

ካብ'ቲ ናይ ተማሃሮ ምንቅስቓስ ዝጀመረ ናይ ፖለቲካ ቁሩቁስ ቀፂሉ ሕወሓት ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበራ ምስሊ ተቐባልነት ኣስኢንዎ ፣ ንምቅርራብ ዝተገብረ ፃዕሪ'ውን ውሱን ነይሩ። እንተንኣሰ ግና ልምዓት እንተምፂና ናይ ሕዝቢ ተቐባልነት ክንረክብ ኢና ብዝብል ግምት[55] ካብ ትግራይ ወፃኢ ኣብ ዘለዋ ክልላት ዝሓሸ ናይ ሕዝቢ ኣታሃሕዛ ተገይሩ። ብኣንፃሩ ኣብ ትግራይ ዝነበረ መስርሕ ቅድም ክብል ኣብ በረኻ ዝተሃነፁ ትካላትን ኣሰራራሓታትን ብቐፃልነት ዝትግበሩሉ ፣ ሕጊታት ካብ'ቲ ናይ'ታ ሃገር መስርሕ ብዝጠበቐ መንገዲ ኣብ ሕዝቢ ዝተፃዕነሉ ኩነታት ተፈጢሩ። ብካልኦት ክልላት ትግራይ ሓለፋ ተጠቒማ ከይበሃል ሕዝቢ ትግራይ ካብ ካልኦት ክልላት ንላዕሊ ናይ ፀገም ተፃዋሪት ክትከውን ተገይሩ። በዙይ ምኽኒት ነጋዶ ትግራይ ናብ ካልኦት ክልላት ክኸዱ ተገዲዶም ፣ ኣብ'ቲ እዋን ፅንተት ድማ ንብረቶም ተዘሚቶም።

---

[53] ብ1993 ዓ. ም. ኣ. ግእዝ ናይ ሕወሓት ምፍንጫል ምስ ተፈጠረ ናይ ብኣዴን ኣማራራሓ ድጋፍ ንኣይተ መለስ መድሕን ኮይኑ
[54] France in 1789, Afghanistan in 1989, Libya in 2011, to mention some
[55] ኢህወደግ ትኽክለኛ ውድብ ምኳኑ ንሕዝብና ምርዳእ ኣየድልየናን - ስራሕና ክምስክር እዩ ዝብለ ብመራሕቲ ይግለፅ ነይሩ።

መስዋእትነት ከፊሉ ናብ ስልጣን ዘደየበካ ሕዝቢ ዝያዳ ተጠቃሚ ክትገብሮ እናተገአ (በ’ቲ ኹናት ኣዝዩ ስለ ዝተሓሰየን ሰፍ ዘይብል መስዋእትነት ዝኸፈለን ምስ ምዃኑ) እቲ ዝኸበደ ፅዕንቶ ዝተገብረሉ ሕዝቢ ትግራይ ኮይኑ። ኣብ ኢትዮ-ኤርትራ ኲናት ሓለፋ መስዋእቲ ከፊሉ ፣ ካብ ኣዲስ ኣበባ ቀፃላ ዝላዓለ ግብሪ ከፋሊት ክልል ትግራይ ምዃና ከም ክብሪ ተቖፂሩ ፣ ንትግራይ ብፍሉይ ክጠቕሙ ዝኽእሉ ዝነበሩ ዕማማት (ንኣብነት ናይ COSART ናይ ግድብ/ሓፀቢ ስራሕ ፕሮጀክት) ክቋረፅ ተገይሩ ወዘተ መርኣያታት ጌርካ ምውሳድ ይካኣል። ዝሓሸ ናይ ሕወሓት ናይ ሰብ ሓይሊ ናብ ኣዲስ ኣበባ ይምደብ ፣ ትግራይ ከም ላብራቶሪ መሞከሪ ፖሊሲታት’ውን ኔራ። ላዕለዎት ናይ ፖለቲካ መሪሕነት ንትግራይ ዘይግደሰን ዘይሰምዕን መሲሉ፣ ሕዝብ’ውን ብዕሊ ይገልፆ ነይሩ። ካብ ትግራይ ዝወፁን **ብመስዋእተነት ተጋሩ ናብ ስልጣን ዝደየቡ መራሕቲ ትግራይ ፅቢባቶም** ፣ ጠመተኦም ኣዲስ ኣበባን ካልእ ዓለምን ኮይኑ። **መራሕቲ ካብ’ቲ ብሔር ገዚፎም ተራእዮም** ፣ ቀዳማይ ሚኒስተር ነበር ኣይተ መለስ ካብ ናይ ትግራይ ዘዕባ ዓለም ለኸ ጉዳያት ዘተሓሳስበም መሲሎም። እዙይ ኣብ ሊቃንን ሕዝቢን ትግራይ ናይ ባዕሉ ቅርታን ናይ ዘይምርድዳእን ምኽኒት ኮይኑ።

**ከም’ቲ ግቡእ እንተዝኸውን እቲ ናይ ማሕበራዊ ድሕረ ባይታኻ ምጥንኻር** ቀንዲ ዋኒን ክኸውን ምተገበኦ። ብኢኮኖሚን ብቴክኒካዊ ዓቕሚን ብሉፅ ማሕበራዊ መሰረት ምሓዝ ነቲ ናይ ኣዲስ ኣበባ ስልጣን ሕጋዊነት (legitimacy) ከላብሶ ምኻኣለ። ብበዝሒ ሕዝቢ ናይ’ታ ዓዲ 6% ካብ ዝኾነ ድሕረ ባይታ መፂኻ ንምልእቲ ኢትዮጵያ ንኽተማሓድር እንታይ ካልእ መሰረት ይህልወካ? ብዝኾነ መዳይ በሊፅካን መርኣያ ኰንካን ምስ እትርከብ ግና ንኢትዮጵያ “ናብ’ቲ ንሳቶም ዝበፅሕዎ ብርኪ ክዕብዩዋ ይኽእሉ እዮም” ዝብል ትፅቢት ክህሉ ምኻኣለ። ክልልካ ካብ’ተን ካልኦት ኣዝያ ዝደኸየትን ንድሕረት ዝተረፈትን እንተ ኾይና እንታይ ክተውፊ ኣብ ስልጣን ትፀንሕ? ናይ ብረት ዓቕሚ ስለዘለኒ ፈተኻ ፀላእኻ ኣነ እገዝአካ ከይበሃል ንሱ ከም ዘየዋፅእ ካብ ታሪኽ ምምሃር ይካኣል ነይሩ።

ድሕረ ባይታኻ ዘይ ምጥንኻር ሓደ ጥፍኣት ኮይኑ ድሕረ ባይታኻ ኣብ ሓደጋ ዘውድቑ ወረታትን ድርጊታትን ብእዋኑ ዘይ ምእላይ’ውን ነቲ ፓርቲን ንሕዝቢ ትግራይን ዝላዓል ዋጋ ዘኽፈለ ጉዳይ እዩ። ኣብ ተጋሩን ትግራይን ዝንዝሑ ዝነበሩ ወረታትን ፕሮፖጋንዳታትን ውዒሉ ሓዲሩ ናብ ዝኸፍአ ጥፍታት ከምዘእቱ ዝገመተ ኣይነበረን ጥራሕ ዘይኮነስ ነዙይ ኣመልኪቶም እሙናት ተጋሩ ዘቕረቡዎም ሐበሬታታት እውን’ዮም ተናዒቖም። ኢህወደግ ስልጣን ምስ ሓዘ “ኩሉ ነገር ናብ ትግራይ ይፃዓን ኣሎ ፣ ትግራይ ብሃፍቲ ንውሽጢ ትሰጥም ኣላ ፣ ወዘተ” እንትበሃል ንምንታይ ስቕታ ከም ዝተመረፀ ኣይተ ስዩም መስፍን ዳሓር ኣብ እዋን ገምጋም **“ናይ ኢትዮጵያ ሕዝቢ ውዒሉ ሓዲሩ እቲ ሓቂ ክርደኦ እዩ ኢልና ስኽ ምባልና ትኽክል ኣይነበረን**” ብዝብል ገሊፆሞ *(የኢሃድግ የቁልቁለት ጉዞ ገፅ 256)*። ዳሓር ድማ ናይ ኢትዮጵያ ሓይሊ ምክልኻል ጀነራላት መብዛሕትኦም ተጋሩ እዮም ፣ ናይ ፅጥታ መሓውርን ካልኦት ናይ ፌደራል ወሰንቲ ቤት ዕዮታት ብተጋሩ እየን ተታሒዘን ፣ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዘለዋ መብዛሕትአን ባላሶታት ናይ ተጋሩ እየን ወዘተ እንትበሃል እቲ መንግስቲ ይኹን ፓርቲ ዝበሎ ኣይነበረን። ብሕልፊ ድሕሪ ሞት ኣይተ መለስ ተዋዓዊዑ ብመራሕቲን ጀነራላትን ዝተገብረ ስርቂ ምስሊ ትግራይን ተጋሩን ቀይሩ (ዝሰርቁ ዝነበሩ ተጋሩ ጥራሕ ኣይነበሩን ፣ ግና ጠጠው ከብልዎ ዘይ ምኽኣሎም’ውን ናታቶም ጌጋ ተገይሩ ስለ ዝተወሰደ’ምበር)። ተጋሩ ለያቡን ወንጀለኛታትን ከምዝኾኑ ተገይሩ ብተፃባእቲ ሚድያታት እንትስራሕ ናይ ኢህወደግ ይኹን ሕወሓት ሚድያታት ስቕታ መሪፀን። ገዚፍ ዋጋ ዘኽፈለ ስቕታ።

**ካብ ውሑዳት ማሕበረሰብ (minority) ዝመፁ መራሕቲ ዝፈጥሩዎ ስሕተት (by commission or omission) ነቲ ዝመፁሉ ማሕበረስብ ዋጋ ከም ዘኽፍል ኣይተረድኡን።** ነዙይ ኣመልኪቶም ዝፃሓፉ - ከም ሂትለር ፣ ሌኒን ፣ ስታሊንን ማኦን ዝበሉ መራሕቲ ናብ ስልጣን ንኽመፁ ዝተጠቐሙሉ መንገዲ ከም ዝስዕብ የቕርቡዎ “*They identified an enemy, a minority in society, blamed all problems on them, and elicited hatred against them to form a political majority. Then they let loose the hatred of the majority against*

*the minority and used the blood of the latter as a cementing social bond.[56]" ካብ ውሑድ ድሕረባይታ ዝመፀ ፀላኢ ይመርፁ ፣ ናይ ኩሎም ፀገማት ፍልፍል ንሶም ከምዝኾኑ ገይሮም ይኹንኑዎም ፣ ናይ'ቲ ኣብዛሓ ፅልኢት ኣብ ልዕሊ'ቲ ውሑድ ማህበረሰብ ክወርድ ይገብሩ ፣ ብናይ'ቶም ውሑዳት ደም ማህበራዊ ምትእስሳር ይፈጥሩ። ሂትለር ብፅልኢት ኣይሁዳውያን ንጀርመናውያን እቶም ኮሚኒስት መራሕቲ ድማ ነቲ "ውፁዕ" ኣላዓዒሎምሉ። ኣብ ተጋሩ ዝወረደ ፅንተት'ውን ከምኡ። እቲ ኣብ ተጋሩ ዝንዛሕ ዝነበረ ናይ ፅልኢ ፕሮፖጋንዳ ዘምፀኦ ሳዕቤን ኣቐዲሙ ክርዳእ ዘይካኣለ መሪሕነት ኣማታይ (foresighted) ኣይነበረን ጥራሕ ዘይ ኮነስ ናይ ሕዝቢ ትግራይ ታሓላቓይ ኣይነበረን'ውን ዘብል እዩ።*

እቲ ናይ መስፍንነት ስምዒት ኣብ ልዕሊ'ቲ ተቓሊሱ ናብ ስልጣን ዘደየቦም ሕዝቢ ትግራይ'ውን ከም ዝኾነ ቅድም ክብል ተገሊፁ እዩ። ብቐልፅምና ኣብዙይ ስለ ዝበፃሕና ድሕሪ ሎሚ ካልኦት ኣበይ ከይበፅሑ ዝብል መንፈስ ካብ ዝላዓለ ባዓል ስልጣን ክሳብ ታሕተዎት ካድረታት ገኒኑ ነይሩ[57]። ዝስማዕን ዘይስማዕን ትግራዋይ ነይሩ ፣ ኣሎ'ውን። ቀደሙ'ውን ነ'ቲ ሕዝቢ ደረጃ ኣውፂኦምሉ እዮም። ሓረስታይ ናይ ሕወሓት ዘይሓትት ደጋፋይ ፣ ንኡስ ከበርቴ ወላዋላይ (ብዘይካ'ቲ ምስኦም ዝተፅገዐ) ፣ ነጋዳይ ልምዓታዊን ፀግዕተኛን ፣ ካልእ ዘይተቓለሰ/ዘየቃለሰ ፣ ፀቢብ ወዘተ ተባሂሉ። ከም ኩሎም መሳፍንቲ ሓይሊታት ናታቶም መጋበርያ ክኾኑ ዝኽእሉ ሓርዮም ዝግዝእሉ መስርሕ ተፈጢሩ ነቶም ሕቶ ከቕርቡ ዝኽእሉ ድማ መቋፃፀሪ መንገዲ ተገይሩሉ። እቶም ኣብ'ቲ ናይ 17 ዓመት ብረታዊ ቃልሲ ዝተሳተፉን ካብ መጀመርታ ክሳብ ሎሚ ዘለዉ መራሕቲን ናይ'ቲ "መስፍናዊ" መደብ ላዕለዎት ጳጳሳት እንትኾኑ ካልኦት'ውን በብደረጅኡ ይስርዑ። ካብ ውሽጢ'ቶም ላዕለዎት መራሕቲ'ውን እቶም ኣባላት ፈፃሚት ሰብ ባዓል ሙሉእ ስልጣን "መሳፍንቲ" - ነቶም ኣባላት ማእኸላይ ኮሚቴ ከይተረፈ "ሓፍ ኮፍ" ዘብሉ ፣ ከምኡ እናበለ ክሳብ ናይ'ቲ ውድብ ታሕተዋይ ብርኪ ዝበፅሕ ሰንሰል (ኔትዎርክ) ዘለዎም ኮይኖም[58]።

ናይ መንግስቲን ፓርቲን መሓውርን ስራሕቲን ሓዋዊስካ ዝኽየደሉ መስርሕ ስለ ዝተዘርገሐ **እቶም ናይ ፓርቲ ልኡኻት ካብ'ቶም ሰብ ሙያ ሰራሕተኛታት ዝበለፀ ተደማፅነት ክህልዎም ዘኽእል** ኩነታት ፈጢሩ። ካልእ ይትረፍ ሓንቲ/ሓደ ናይ መሰረታዊ ውዳበ / ልምዓት ጉጅለ ኣባል ነቶም ናይ ቢሮ ሓለፍቲ ክቋፃፀሩሉ ዘኽእል መስርሕ ተፈጢሩ። ናይ'ቶም ላዕለዎት "መሳፍንቲ" መቐበልቲ ቃል ስለዝኾኑ'ውን ይፍርሑ። ኮታስ እዘም ናይ ፖለቲካ መሳፍንቲ ነ'ቶም ብቓልሲ ስዒርናዮም ዝብሎዎም መሳፍንቲ ዘንዕቕ ጭቆና ኣብ ሕዝቢ ዘብፁሑሉ መንገዲ ተኺሎም። እቲ ሎሚ ኣብ መቐለ ዘሎ ኣመራራሓ ኣብ ትሕቲ ብኣፃብዕቲ ዝቑፀሩ "መሳፍንቲ" ኢድ ከም ዝኣተወ ኣባላቶም ከይተረፉ ይገልፁ ፣ ኣብ ዝሓለፉ ሒደት ዓመታት ዝኾነ ይኹን ናይ ለውጢ ዓንፈት ዝንፀግ በዚኦም ምዃኑ ብግልፂ ዝረአ ሓቂ እዩ[59]። መስፈን ኣብ ልዕሊ'ቲ ዝመርሖ ይዕበ ፣ ዝበልኩዎ ስምዑ ፣ ካብ ቃለይ ከይትወፁ ይብል። ፍሉይ ሓሳብ ድማ ከም ጦር ይፈርሕ።

ናይ **መንግስቲ ቤት ዕዮታት ናይ ፓርቲ ንብረት ምዃነን ሙያዊ ዕብየት ከይህሉ ዓብዪ ማሕለኻ ኾይኑ እዩ።** ቢሮታት ሓላፊ ዝምደበለን ብዓቕሚ እንተይኮነስ ዝሓሸ ብዝምእዘዙ ናይ ፖለቲካ ሰባት ኰይኑ ፣ ንሙያን

---

[56] Manuel Hinds, When Politicians Start Scapegoating Minorities, They Are on the Road to Authoritarianism: They search for 'unity through divisiveness', 2022, The UnPopulist

[57] እዚ ፀሓፊ ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ኢትዮጵያ ኢምባሲታት ዝነበሩ ሰራሕተኛ ተጋሩን ካልኦት ናይ ሕወሓት ላዕለዎት መራሕቲን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ዝማላለሰሉ እዋን ዘጋጠሞን ዝሰምዖን እንተካፍል ዝሃቡዎ መልሲን ፣ ካብ ካልኦት ተጋሩ ዝስመዖን ሓበሬታ።

[58] ናይ ሕወሓት ገምጋም እዙይ ዝገልፁ እዮም ፣ ዋላ'ኳ እቶም ፀገማት እንተ ዘይተኣረሙ።

[59] ድሕሪ'ቲ ፅንተታዊ ኲናት TPLF ኣብ ክልተ እንትኽፈል ብኽልቲኡ ወገን ኮይኖም ዝዓንቀፁ ኣዝዮም ውሑዳት ናይ ፈፃሚት ኣባላት ምኹኖም እቶም ካልኦት ናይ ማእኸላዊ ኮሚቴ ኣባላት ገልፆም።

ፕሮፈሽናሊዝምን ዝዋሃብ ክብሪ ጠፊኡ። ሓቢርካ ክትበልዕ ኣብ’ዞም ኔትዎርክታት ክትሕቆፍ ዘገድድ ኩነታት ተፈጢሩ። እዞም ናይ ፖለቲካ “መሳፍንቲ” ነንባዕሎም ምስናይ እንትኣብዮም ድማ ዝጥዕሞም ኔትዎርክ (ሰንሰል) ይፈጥሩ ፣ ብገምጋም ሹም ዘይደልዩዎ ሰብ የውሩዱ ካልእ የደይቡ። እዞም ናይ’ቶም ላዕለዎት “መሳፍንቲ” መገልገልቲ ዝኾኑ ጨናፍሮም ኣብ ኩሎም መንግስታዊን ዘይመንግስታዊን ትካላት ተኺሎሞም። ናይ ውድቦም ጥራሕ ዘይኮነስ ናይ ሕዝቢ ትካላትን ሃፍትን ፣ ናይ ሲቭል ትካላት ከምኡ’ውን እቲ ወታሃደራዊ መሪሕነት ናይ’ቲ ኔትዎርክ ኣካል ተገይሩ ፣ ናይ መፋረርሒ መሳርሒ’ውን እዩ። እቲ ናይ መጀርያ ጊዜዊ መንግስቲ ኣብ ስልጣን እና ሃለው **“TDF ምሳና እዩ ፣ ስልጣን ከረክበና እዩ”** ክባሃል ብዕሊ ዝሰማዕናሉ ምኽኒት መበገሲኡ ንሱ እዩ። እዞም ናይ ፖለቲካ መሳፍንቲ ከከም ዝጥዕሞም ዕጡቕ ሓይሊ ብምስላፍ እቲ ሓደ ነ’ቲ ካልእ ክስዕር ይፍትን።

እቲ ቅድም ክብል ዝተላዕለ ንሙያን ፕሮፌሽናሊዝምን ክብሪ ዘይምሃብ ናይ ባዕሉ ዓብይ ፀገም ሒዙ እዩ ዝመፅእ። ናይ ትካላት ይኹን ናይ ዝኾነ ክፍሊ ዕዮ ሓላፊ ኮይኑ ዝሸየም ነቲ ዝምደበሉ ሙያ ዝምጥን ፍልጠትን ናይ ምምራሕ ክእለትን ክህልዎ ግድን እዩ። ግና ኣብ ትግራይ ናይ ፖለቲካ ሹመኛታት ካብ ላዕለዋይ ብርኪ ስራሕ ክሳብ’ቲ ዝናኣሰ ሓላፊነት ናይ’ቲ ክፍሊ ዕዮ ፍልጠት ይሃልዎም ኣያሃሉዎም ብዘየገድስ ብናይ ፖለቲካ ሰባት እዩ ዝታሓዝ። በቲ ንቡር ኣሳራራሓ መሰረት ናይ ፖለቲካ ሹም ኣብ’ቲ ዝላዓለ ብርኪ’ምበር ኣብ ኩሉ ናይ ስራሕ መደብ ክምደብ የብሉን ፣ሳዕቤኑ ብዙሕ ስለ ዝኾነ። ንኣብነት ኣብ ሞንጎ’ቶም ዝላዓለ ናይ’ቲ ሙያ ናይ ትምህርቲን ልምዲን ምድላዋት ዘለዎምን እቶም ናይ ፖለቲካ ሹመኛታትን ምስሕሓብ (tension) ክህሉ ዕድል ይህብ። እቲ ናይ ፖለቲካ ተወካሊ እኹል ናይ ትምህርቲን ልምዲን ምድላዋት ዘይብሉ እንተ ኾይኑ ዓርሰ-እምነት ይስእን’ሞ ኣፈላላያት እንትፍጠሩ ናይ “ተናዒቐ እየ” ስምዒት ይፈጥረሉ ፣ ንስርሑ’ውን መዕንቀፊ ይኸውን (ናብ defensive leadership[60] ይወስዶ)። እቶም ሙያታኛታት ድማ ንሙየኦም ክብሪ ከም ዘይተዋህበ ይስመዖም ፣ ሞራል ይወድቕ። ሽዑ ጎንፂታት ናብ “ታኣዘዝ-ኣይእዘዝን” ዝብል ብርኪ ደይቡ ነቲ ስራሕ ዕንቅፋት ክኸውን ይጅምር። እዚይ ማለት ኩሉ ናይ ፖለቲካ ሹመኛ ካብ ኩሉ ሰራሕተኛ ዝላዓለ ናይ ትምህርቲን ልምዲን ምድላው ክህልዎ ይግባእ ማለት ኣይኮነን። ዘይፅላእ እንተኾነ’ውን። ግና እንተንኣሰ ብዝኾነ ሙያ **ዝማዕበለ ትምህርቲን ልምድን እንተ ዘይሃልዩዎ ናይ ታህተዋይነት ስምዒት (inferiority complex)[61] ፈጢሩሉ ስልጣኑ ነቲ ሰራሕተኛ ብምጭቋን ይገልፅ’ሞ ስራሕ ይብደል**። እዚይ ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ’ቲ ናይ ሕወሓት ማእኸላይ ኮሚቴ / ፈፃሚት ተፈጥሩ ዝነበረ ኣፈላላይ ዝተራእየ ይመስል - እቲ ምፍንጫል እቶም ኣብ’ቲ ናይ 17 ዓመት ቃልሲ ዝነበሩ ብሓደ ወገን ዳሓር ናብ’ቲ ውድብ ዝተፅምበሩን ዝሓሸ ናይ ትምህርቲ ዓቕሚ ኣለዎም ዝባሃሉን ድማ በቲ ኻልእ ወገን። ብቴክኖሎጂን ሳይንሳዊ ስነምሕደራን ኣብ’ቲ ዓለም በፂሓቶ ዘላ ብርኪ ንምብፃሕ ዝግበር ጉዕዞ ዘቃላጥፍ መስርሕ ተኸቲልካ ነ’ተን ቤት ዕዮታት ንምዝማን ዓለም ዝጥቀመሉ መስርሕ ሒዝካ ምኻድ ግድን ይብል።

**ዕድመ ከም መፋረርሒ:** እቲ ካልእ ናይ “መስፍንነት” መግለፂ ድማ ዓርሰም ናይ ፖለቲካ ደቂ’ባት ከምዝኾኑ ገይሮም ምርኣዮም እዩ። **ብ1960ታት ፖለቲካ እንተ ዘይጀሚርካ “ቆልዓ” ኢኻ** (መንግስቲ ስርዓት ሓይለ ሰላሴ ነቲ ናይ ተመሃሮ ምንቅስቓስ - ናይ ቆልዑ (juvenile) ምንቅስቓስ ይብሉዎ ከም ዝነበሩ ልቢ ንበል[62])። ኣብ ቀረባ እዋን ዝተጣየሹ ብሙሁራት መናእሰያት ዝምርሑ ውድባት ሕቶ ምልዓል ምስ ጀመሩ “እዞም ቆልዑ እንታይ በሉ” ብዝብል

---

[60]Sarah Rasmussen (Managing Consultant), The importance of understanding a leader's defensive behaviors: https://talogy.com/en/blog/the-importance-of-understanding-a-leaders-defensive-behaviors/
[61] Taylor & Francis Group: Leaders with low self-esteem are likely to cause 'toxic' stress at work, research shows, March, 2023: https://www.eurekalert.org/news-releases/982504
[62] Gebru Tareke, The Rise and Fall of Political Radicalism in Ethiopia (1960-1991) – 2026 (page 103)

ሕጫጬ ኣንኢሶም ክሪእዎም እንትንዕዘብ ንዓርሶም ዝህብዎ ቦታ ዓብይ ምኳኑ እዩ። ምስ'ዞም "ቆልዑ" ዝብሉዎም ናይ ውድባት መራሕቲ ቀሪቦም ብስነ ሓሳብ ክካትዑ ዕድመ ዋላ እንተ ተገብረሎም ግና ኣይርከቡን[63]። **ስእነት ናይ ፖለቲካ ዓቕሚ ብንዕቐት ክሽፍንዎ ይፍትኑ**። መስፍንነት መልክዑ ቀይሩ ካብ'ቲ ወለድና ዝፈልጥዎ መስፍነንት'ውን ገዲዱ ናይ ሕዝቢ ትግራይ ሽከም ኮይኑ ኣሎ። ሕዝቢ ኩናት ኣይደሊን ፣ ዝቐደመ ደቀይ ኣጥፊኡለይ እዩ'ሞ እቶም ዝተረፉ ደቀይ ኣይህብን እንትብል ብኣፈሙዝ እናገደድካ ናብ ኩናት ክወፍር ይግበር ከምዘሎ እንፈልጦ ሓቂ እዩ[64]። "ገባር" ኢሎም ዝፅውዕዎ ሕዝቢ ናይ መሳፍንቲ መጋበርያ ካብ ምኳን እንታይ መማረፂ ኣለዎ!!

**ጣኦት ዶ ፈጢርና?** ኣብ'ቲ ሕሉፍ ናይ ትግራይ ብልሽዊ ናይ ፖለቲካ ታሪኽ እቲ ልሂቅ ናይ ባዕሉ ኣስተውፅኦ ገይሩ'ዩ። ኣብ ማእኸል ሃገር ይበፅሖም ብዝነበረ ተፃብኦ ምኽኒት ትግራዋይ ንሕወሓት ኣምሪሩ ካብ ምቅዋም ተቖጢቡ እዩ ፀኒሑ። እዚ ናይ ልሂቃን ስቕታ ፋሉል ክኸዱ ኣስተውፅኦ ከይገበረ ኣይተርፍን። ብኻልእ ወገን ድማ ሕዝቢ ንሕወሓት ናይ ፖለቲካ **"ውድብ" ከይኮነትስ ምትሃታዊ ዓቕሚ ዘለዎ ሓይሊ (Cult)** ጌሩ ክሪኣ ዝገብር መስርሕ ተፈጢሩ። ነቶም መራሕቲ'ውን ዘይ ዓቕሞም ዓቕሚ ከም ዘለዎም ተጌሩ ክረአ ኾይኑ። ድሕሪ 1983 ዓ. ም. ኣ. ግ. ሕወሓት ናይ ፖለቲካ ፓርቲ ኮይና ዝተመዝገበት እንትኾን እቲ ናይ 17 ዓመት ናይ ኩሉ ትግራዋይ ብረታዊ ቃልሲ ናይ በይና ከም ዝኾነ ዝገብር ተረኽ ተማሂዙ። **ገድሊ ምስተወደአ "ተጋዳላይ" ዝብል ቀሚሽ ምጥቃምን ናይ ኮሚኒስታዊ ሕወሓት ኣርማ ዝነበረት ናይ ትግራይ ባንዴራ ክትከውን ብኣዋጅ ምፅዳቕን ኣካል'ቲ ምፍጣር ምስሊ ምትሃታዊት ሓይሊ (cult) እዩ።** እዙይ "መሳፍንቲ" ስልጣኖም ከፅንዑን ዝሽጎጥሉን ፍሉይ ዓቕሚ ከም ዘለዎም ንሕዝቢ ከእምኑ ዝገብሩዎን ፃዕሪ እዩ ("ስዩመ እግዚኣብሄር" ኢና ከም ማለት)። ሕወሓት ከም ሃገራ ናይ ፖለቲካ ፓርቲ ምኳና ተሪፉ ሕዝቢ "ውድበይ" ክብላ ምእንቲ ዝተፈጥረ ተረኽ።

ዋላ'ኳ ብሽርሒ ኮነ ተባሂሉ ዝተሰርሐሉ እንተነበረ ሓተትቲ ብዘይምባርና ናብ'ቲ መፃወድየኦም ኣቲናሎም። **ቀስ ብቐስ እቲ ሕዝቢ ካብ ትእዛዞም ዘይወፅእ ናይ ውድብ "ገባር"** ከምዝኾነ ኣሚኖም ፣ ናብ እቶ ዝበሉዎ ከይሓተተ ዝኣቱ ፣ ግበር ዝተባህሎ ዝገብር ጌሮም ወሲዶሞ። መራሕቲ ሕወሓት ኣብ ዕፁው ኣኼባ ገምጋም እናገበሩ ግና ጥፍኣቶም ንሕዝቢ ብዕሊ ከይገለፁ ንሓያሎ ዓመታት ቀፂሎም። ኩሎም ነናይ ይባዕሎም ጥፍኣት ስለ ዘለዎም እቲ ሓደ ነ'ቲ ካልእ ክወቅስ ዝኽእለሉ ሞራላዊ ዓቕሚ ስለ ዘይነበረ። እዙይ ኩሉ እንትኸውን እቲ ልሂቅ ዓገብ ኣይበለን ፣ እቶም ርኢቶ ክህቡ ዝፈተኑ ውሑዳት'ውን ተቐባልነት ኣይነበሮምን። ገሊኡ ልሂቅ ድማ ናይ'ቲ ስርዓት ተጠቃማይ ኮይኑ ነቲ ዘይንቡር ግብሪ ከማላኽዕ ይረአ። ይኹን'ምበር እዙይ ነ'ቲ ውድብ እውን ዝጠቅም ኣይነበረን። ሓታቲ ዘበለ ካብ'ቲ ውድብ እናወፀ ተማእዛዛይ ጥራሕ ተሪፉ። ተማዕዛዛይ ጥራሕ ዝታኣከበ ውድብ ድማ ምውዳቑ ኣይተርፍን። ወዲቑ።

**ፍልጠት ምፍራሕ:** ናይ'ቲ ናይ ፖለቲካ መስፍን ካልእ ዝዓበየ ፀገም ድማ **ንምህዞን ሳይንስን ቦታ ዘይብ ፣ ፍልጠት ዝፈርሕን ንምንታይ ታሓተትኩ ዝብልን ምኳኑ እዩ**። ናይ ፍልጠትን ሓበሬታን ዘበን ተባሂሉ ኣብ ዝፅዋዕ መበል 21 ክፍለ ዘበን ኣብ ናይ ቀደም መትከል ተሸኺልካ ምትራፍ ከም ፀጋ ዝቖፅር "መስፈን" ኣብ ስልጣን ቀፂሉ። ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ብዙሓት ናይ ምይይጥ መድረኻት እተዳለዉ ዋላ'ኳ እንተኾነ እቶም ሓሳባት ተጠሚሮም ናብ ረብሓ ኣይተቐየሩን። እዞም "መሳፍንቲ" ኣብ ከምዚኦም ዝበሉ መድረኻት ኣይርከቡን። እንተ ተሳቲፎም'ውን ብታሕተዎት ወከልቶም ኣቢሎም እዮም። እቲ ዝሓዝዎ ስነ ሓሳብን መትከልን ጊዜኡ ዝሓለፎን ኣብ ዕዳጋ ወፅዩ ዋጋ ከም ዘየውፅእ

---

[63] ድሕሪ ምፍራም ውዕሊ ፕሪቶርያ ላዕለዎት መራሕቲ ሕወሓት ባዕሎም ዘዳለዉዎ ናይ ሓሳብ መታኣኻኸቢ መድረኽ ኣይነበረን ፣ ኣብ ካልኦት (ኮላይ GSTS) ዘዳለዉዎም መድረኻት ኣይተረኽቡን።

[64] ናይ ሰነ 2018 ዓ. ም. ኣ. ግእዝ ናይ ኣስገዳድ ወታሃደራዊ ኣገልግሎት ሕጊን ስዒቡ ዝትግበር ዘሎን።

ዝፈለጡ ይመስሉ። እዙይ ንምሽፋን ግና ኣብ ከም'ዚኦም ዝበሉ ዕዳጋታት ብዘይምርካብ ክሽፍንዎ ይደልዩ። ብኣንፃሩ ባዕልቶም ዘዳለዉዎም ናይ "ፕሮፖጋንዳ ዕዳጋታት" ድማ ናህና ዝብሉዎም "ሙሁራት" እንተ ዘይኮይኖም ካልኦት ሙሁራት ክርከቡ ኣይደልዩን። ንገሊኦም ፀላእቲ ዝብል ሹም ሂቦም የግልሉዎም ፣ ንኻልኦት የሸቕርርዎም። ካልእ ይትረፍ ቅድም ክብል ምስኣቶም ዝሰርሑ ዝነበሩ ናይ ሙያ ማሕበራት (ንኣብነት GSTS) ብስርዓት እንተ ዝጥቀሙሎም ብዙሕ ክሕግዙ ዝኽእሉ ዝነበሩ ትካላት ተጋጊኹም ምስ በሉዎም "ንምንታይ ተደፈርና" ብዝብል ስምዒት ሹማሹም ክህቡዎም ጀሚሮም ፣ ንኽፍርስዎም'ውን ብዙሕ ፃዕሪ ገይሮም[65]። በዙይን ክንዲዙይን ሓስባት ኣቕሪቦም ዘይተሰምዑ ኣካላት በብጊዚኡ ተስፋ እናቖረፁ ኸይዶም ፣ መዘተዪ ክኸውን ዝኽእል ዝነበረ መድረኽ ታዓፅዩ። ትግራይ ብ'ቶም ወለድና ዝፈልጡዎም መሳፍንቲ እንተይኮነስ ኣብ'ቶም ዝሓለፉ ሓምሳ ዓመታት ዝተፈጠሩ ሓደሽቲ ናይ ፖለቲካን ወታሃደራዊን "መሳፍንቲ" ኢድ ስለ ዘላ ንገላጋሊ ዘይትምቹ ኮይና። ሎሚ ኣቕሚ ዝፈጥርን ሓሳባት ዝእከበሉን መደርኽ ዕፁው ስለ ዝኽዕነ ተስፋ ዝቖረፀ ትግራዋይ መዕነዋይ ናብ ዝኾነ ፕሮፖጋንዳ ይኣቱ ኣሎ ፣ ከይገድድ'ውን ይፍራሕ።

**ዓቕን ዘይብሉ ጭካነ:** እዞም ልዕል ክብል ዝተገለፁ መስፈናዊ ባህረታት ናይ **ልዑል ጉጅላዊ ጭካነ (collective narcissism)** መግለፂታት ኮይኖም ንረኽቦም። collective narcissism ቀጥታዊ ናይ ትግርኛ ትርጉም ዋላ ኣይንርከበሉ ባህሪያቱ ግና ንባዕልኻ ካብ ዓቕን ዝሓለፈ ዋጋ ምሃብን (Grandiose beliefs) ዘይግቡእ ክብሪ ምድላይን ፣ ንኻልኦት ድማ ትሑት ቦታ ማሃብን እዮም። ብተወሳኺ ትዕቢት (arrogance) ፣ ኣድናቖትን ክብረን ምድላይ (Need for validation) ፣ ኩሉ ይግባኣኒ ባሃላይነት (entitlement) ፣ ካልኦት ክርድኡዎምን ከድንቑዎምን ብዘይምኽኣሎም ምምራር (chronic grievance) ፣ ከምኡ'ውን ናይ ካልኦት ስምዒትን ጉድኣትን ክትርዳእ ዘይምኻኣል (lack of empathy) መግለፂታቱ እዮም[66]። እዚኦም ድማ ሙሉእ ብሙሉእ ኣብ'ቲ ሎሚ ዘሎ ናይ ሕወሓት መሪሕነት ንረኽቦም። ብዘይካ ሕወሓት ካልእ ንትግራይ ዝሓስብን ክመርሕ ዝግበኦን ሓይሊ የለን ፣ ትኣምር ሰሪሕና ኢና'ሞ ስኽ ኢልኩክ ኣድኑቑናን ኣኽቡሩናን ዝብሉ ናይ ሕዝቢ ስቓይን መከራን ድማ ንውድቦም ክባሃል ዝኽፈል ጉቡእ መስዋእቲ ገይሮም ዝቖፅሩ ፣ ሕዝቢ ስልጣኖም ንምንዋሕ ዝጥቀሙሉ ናይ ዳማ መፃወቲ ፀፀር'ምበር ናይ ባዕሉ ህላዌ ዘለዎ ፍጥረት ምኳኑ ዘይቕበሉ ፣ መንእሰይ ትግራይ'ውን ኣብ ዝደለዩዎ እዋን ናብ ኩናት ዝልእኹዎ ባርየኦም ከምዝኾነ ይኣምኑ። Narcist ሓይሊ ናይ ሕዝቢ ብኽያት ኣይግዱን። ምስ ከምዙይ ዝበለ ሓይሊ ኣብ ኣመኽንዮ ተደሪኽካ ዝግበር ዘተ ትርጉም ኣይብሉን። ኩሉ መገለገሊ ኣቓሓ'ምበር ናይ ባዕሉ ባህጊን ድልየትን ዘለዎ ገይሮም ስለ ዘይቖፅሩ። Narcissism ካዓ ሕክምና ዘድልዮ ሕማም እዩ'ሞ ዝግበር ንግበር።

**መስዋቲ ልዕሊ ምንባር?:** ኣብ ዝሓለፈ ሓምሳ ዓመት እንተንኣሰ ሓደ ሰብ ዘይተሰወአ ስድራ ቤት ምርካብ ከቢድ እዩ። ክሳብ ሓሙሽተ ሹዱሽተ ስዉኣት ዘለዉዎ ስድራ'ውን ኣሎ። ሙብዛሕትኡ መስዋእቲ መሰልካ ንምኽባር ዝተኸፈለ እንትኾነ ገሊኡ ግና መራሕቲ ወይ ሳኣን ዓቕሞም ወይ ድማ ብዝፈጠሩዎ ጎንፂ ተጎቲቱ ኣትዩ ሒወቱ ዝሳኣነ እዩ። ትግራዋይ ዕላዊ መንግስተይ ምስ ዝብሎ ኣካል ተሰሊፉ መስዋእቲ ምኽፋሉ ገበን ኣይኮነን። ነገር ግን "ምስዋእ" ካብ ምንባር ንላዕሊ ክማላኻዕ (romanticize ክግበር) ግቡእ ኣይኮነን። ኣነ ኣርባዕተ ኣሰዊአ ኣነ'ባ ሓሙሽተ ወዘተ እናበልካ መመኪሒ ምግባር ጥዕና ኣይብሉን። **ምስዋእ እንተይኮነስ ምንባር'ዩ ክፍቶ ዘለዎ።** እዙይ'ውን ስልጣኖም ክሕሉ ክቡር ሒወቱ ዝግብር ማሕበረሰብ ንምፍጣር ናይ ፖለቲካ መሳፍንቲ ዝፈጠሩዎ ሜላ ገይረ እሪኦ። እቶም ኣባል ስድራ ቤቶም ዝስእኑ ዝረኽቡዎ ረብሓ እንተዝህሉ'ኳስ ሓደ ነገር። ካብ "ስዉኣትና ንዘክር" ዝብል ናይ ሓንቲ ደቒቓ ናይ ሕሊና

---

[65] ኣብ መወዳእታ 2017ን ዓ. ም. ኣ. ግእዝ ብናይ ትግራይ ሓላፊ ትምህርቲ ቢሮ ዝምራሕ ዕጡቕ ናይ GSTS ማሕተምን ናይ ባንኪ ደፍተርን ኣገዲዶም ወሲዶም ፣ ብደገፍቲ ሚድያታቶም ኣቢሎም ድማ ናይ ሹም ምጥፋእ ስራሕቲ ሰሪሖም።

[66] American Psychiatric Association, What Is Narcissistic Personality Disorder? 2024

ፀሎት ሓሊፉ ካልእ ዝግበር ሓልዮት ከም ዘየለ እንሪእ ዘለና እዩ። ምንባር ዘኽብር ማሕበረሰብ ጥራሕ'ዩ ናብ ጎንፂ ከይኣተወ ኣፈላላያቱ ክፈትሕ ዝኽእለሉ ዓቕሚ ናብ ምጥራይ ዝኣቱ።

**ናእሽቱ መሳፍንቲ:** ኣብ ላዕለዎት ናይ ፖለቲካ መራሕቲ ዘሎ መስፍንነት ዳኣ ጠቒሰ'ምበር ዳርጋ ኩሉ ትግራዋይ ናይ ባዕሉ መስፍናዊ ባህሪ ኣለዎ ምባል ይካኣል። ካብ መን ዳኣ ክማሃር? ኣብ'ቶም ናይ ተናሓናሕቲ ፓርቲ መራሕቲ'ውን ነታ ዝርከባ ንእሽተይ ስልጣን ክበሃል ፓርቲታት ይፋናጨላ ፣ እቲ ሓደ ኣብ ልዕሊ'ቲ ካልእ ፀለመ ይጥቅን ፣ ናይ ምጥልላፍ ፖለቲካ ወዘተ ብግልፂ ይረአ[67]። ከምኡ'ውን እቲ ነጋዳይ ኣብ ልዕሊ'ቲ ሸማታይ ፣ እቲ ዝተማህረ ኣብ'ቲ ዘይተማሀረ ፣ እቲ ናይ ሃይማኖት ልሂቅ ኣብ ልዕሊ ምእመን ፣ እቲ ከተመታይ ኣብ ልዕሊ'ቲ ወዲ ገጠር ወዘተ ላዕለዋይነት ከርኢ ይፍትን። ኩሉ በብመዳዩ ናይ ሓቂ ብሕታዊ ወናኒ ከም ዝኾነ ገይሩ ስለ ዝሓስብ ብቐሊሉ ምርድዳእ ይኸብድ። ሕዚ ተፈጢሩ ዘሎ "ኣነ ዝበልኩዎ እንተ ዘይኮይኑ" ዝብል መርገፂ ናይ'ዘም ዝጠቐስኩዎም ድምር ውፅኢታት ይመስሉኒ። **እቲ ፀገም ማሕበረሰባዊ እዩ ምባል'ውን ይካኣል ፣ ማሕበረሰባዊ ፍታሕ ድማ ይጠልብ**። ሓደ ነገር ንነዊሕ እዋን ተደጋጊሙ እንተ ተነጊሩ ወይ ተተግቢሩ ሱር እናሰደደ ስለ ዝኸይድ እቶም ዘየድሉዩና ኣብ ዝሓለፉ ሓምሳ ዓመታት ዝተላማመድናዮም ባህረታት ቀልጢፍካ ምቕያር የድሊ። ዘለናሉ ዘበን ንወዲሰባት ልዑል በታ ዝሕብን መሰሎም ዝኽበረሉን ስለ ዝኾነ ምስ'ቲ ዘበን ሓቢርና ምኻድ'ምበር ተመሊስና ናብ **መልክዑ ዝቐየረ መስፍናዊ ስርዓት ክንምለስ ኣይብልናን።** ሕዝቢ ትግራይ ናብ "ገባርነት" ዝቕይር ስለ ዝኾነ።

## 12. ብሓይሊ ናብ ስልጣን ምድያብ ዝፈጥሮ ፍርሒ (Control Freak)

ኣብ ትግራይ ዘሎ ንገላጋላይ ዘሸገረ ናይ ፖለቲካ ፀገም ሱሩ ንምፍላጥ ኢና ዳህሳስ እንገብር ዘለና። ለውጢ ናይ ግድን ኣብ ዝኾነሉ እዋን ከም ዘለና ንርድእ ፣ እዞም ኣብ ፖለቲካን ወታሃደራዊን ስልጣን ዘለዉ ሓይሊታት ድማ እቲ ለውጢ ስልጣኖም ከስእኖም ኣይደልዩን። ነዞም ሰባት ካብ ስልጣን ምውራድ ዘፍረሖም ዘሎ እንታይ ከም ዝኾነ እንተ ፈሊጥና ጥራህ እዮ ናይ'ቲ ፀገም ክብደት ዝርደኣና። እቶም ቅድም ክብል ዝተላዕሉ ከም ፖለቲኮ-መፍንነትን ኣምልኾተ ፓርቲን ባህርያት ብናይ ምጥፍፋእ መስርሕ ናብ ስልጣን ዝደየበ ሓይሊ ስልጣኑ ንዘይምልቃቕ ዝገብሮም መስርሓት እዮም። እቲ ፍርሒ ብሕጊ ታሓታታይ ካብ ምኺን ንላዕሊ እዩ። እቲ እንሪእ ዘለና ኣፍቅሮተ ስልጣን ብሓደ ወገን ዝለመድዎ ክብርን ጥቕሚን ከይጎድሎም ብኻልእ ወገን ድማ ውድቦም ብሓይሊ ስልጣን ምስሓዘት ኣብ ተናሓናሕቶም ዝተወሰደ ስጉምቲ ኣብኣቶም ከይበፅሕ ፍርሒ ስለ ዘለዎም እዩ። ብሕልፊ እቶም ቅድም ክብል በታ ውድብ ዝተደፍኡ ሰባት ናብ ስልጣን ዝምለሱ እንተ መሲሉዎም። ስልጣን ዘዝሓዘ ንኸይወርድ ዝማወት እንተ ኾይኑ ዳኣ'ሞ ከመይ ጌርካ ካብ'ዚ ኣዙሪት እዙይ ይውፃእ?

እቲ ናይ ምጥፍፋእ ኣዙሪት ኣብ ሓደ ወለዶ ከብቅዕ ሕወሓት/ኢህወደግ ክጥቀመሉ ዝነበረ ወርቃዊ ዕድል ኣምሊጡዎ ኢሎም ዝኣምኑ ኣለዉ - ድሕሪ ውድቀት ደርጊ ኣብ ኢትዮጵያን ትግራይን ናይ ዕርቂ (ምስ ተፃባእቲ ልሂቃን) ከይዱ ጌርካ እቲ ዝፀንሐ ናይ ፅልኢ ፖለቲካ ምህዳእ። ኣብ ኢትዮጵያ ይኹን ትግራይ በቲ ደማዊ ናይ ፖለቲካ መስርሕ ብዙሓት ዝተጐድኡን ናይ ቀረባ ቤተሰቦም ዝሳኣኑንን ስለ ዝኾነ'ሞ ዳርጋ ኩሎም ናይ ፖለቲካ ሓይሊታት ኣብ'ቲ ከይዱ ተኻፈልቲ ስለዝነበሩ ብናይ ብሔራዊ ዕርቂ ምፍታሕ ይካኣል ነይሩ። ሕዝቢ ነዊሕን ደማዊን ኲናት ሰልቺዩዎ ስለዝነበረ ንልዝብ ቁሩብ ክኸውን ምኻኣለ። ናይ ትግራይ ጥራሕ እንተ ወሲድና'ኳስ ኣብ ውሽጢ ሕወሓት በብጊዜኡ ዝተፈጠሩ ምፍንጫላትን ፣ ኣብ መንጎ ሕወሓትን ምስ ኣብ ካልኦት ውድባት ዝነበሩ ተጋሩን ዝተፈጥሩ ተፃብኦታት - ምስ ኢህኣፓ

[67] ንኣብነት ውድባት ባይቶናን ናፅነትን ምፍንጫሎም ሕዝቢ ብዕሊ ዝፈልጦ ሓቂ እዩ።

፣ ገድሊ ሓርነት ትግራይ (ገሓት) ፣ ኢድዩ ፣ ጠራናፊት ፣ ደርጊ ፣ ሕዝባዊ ሰራዊት ከምኡ'ውን ዝተገፍዑ መሳፍንቲ ትግራይን - ብዙሓት እዮም። እዚኦም ደገፍቲን ቤተሰብን ነይሮሞም ፣ ኣለዉዎም። ይኹን'ምበር ኣብ'ቲ እዋን ንዝቐረበ ናይ ዕርቂ ምኽረ-ሓሳብ ሕወሓት "ምርጫ እዩ ዝዓርቀና[68]" ብዝብል ምንፃጉ ዓብዪ ጌጋ ነይሩ። ምርጫ ኣብ ልቢ ሕዝቢ ዘሎ ሓዘንን እህታን (grievance) ኣይፈትሕን ፣ ነ'ቲ ዝተገብረ "ወንጀል" እውን ኣይድምስሶን። ኣብ ሞንጎ'ቶም ናይ ፖለቲካ ሊሂቃን ዝግበር ይቕረ ይቕረ እምበር። ከምዚዩ ዝበለ ከይዲ (process) ነይሩ እንተኾይኑ'ውን እቲ ፃዕሪ እኹል ኣይነበረን።

ድህሪ'ቲ ጀኖሳይዳዊ ኲናት'ውን እቲ ሕዚ እንሪኦ ዘለና ከይመፅእ ፍርሒ ስለ ዝነበረ ንመራሕቲ ትግራይ እቲ ሓሳብ መሊሱ ብብዙሓት ኣካላት ቀሪቡሎም ነይሩ። ነዚ ፍርሒ'ዚዩ ከትርፍ ዝታሓሰበ ምኽረ-ሓሳብ። GSTS ናይ ሎሚ ኣስታት ሰለስተ ዓመት (February 2024) ዘቕረቦ ናይ ይቕረታ መስርሕ (acknowledged immunity) ከምኡውን ብውድብ ናፅነት (ውናት) ዝቐረበ ፖሊሲ ባዶ-ባዶ ወዘተ ከም ዝነበሩ ኣንበብቲ ዝዝክሩዎ ይመስለኒ። ነቲ ዝቐረበ ምኽረ-ሓሳብ ንምንታይ ከም ዘይተቐበሉዎ ዝፈልጡ ባዕልቶም ዋላ እንተኾነ ምናልባት ብናይ ባዕልና መንገዲ ኬድና ስልጣንና ክነውሕስ ንኽእል ኢና ኢሎም ስለ ዝገመቱ ክኸውን ይኽእል (ግምቶም ከንደየናይ ጉጉይ ከምዝነበረ ተረዲኢዎም ክኸውን እትስፎ)። ሕዚ'ውን ነንሕድሕድና ናብ ዝገደደ ደም ምፍሳስ ከይንኣቱ ንደሊ እንተ ኾይንና ዝኾነ መስርሕ ተገይሩሉን ዝተወሰነ ሕድገት ተገይሩን እቲ ፀገም ብሰላማዊ መንገዲ ምፍታሕ ኣገዳሲ እዩ።

ኣብ ታሪኽ ትግራይ ይኹን ኢትዮጵያ ገዛእቲ ብሓይሊ ብረት ናብ ስልጣን እናመፁን በታ ዝመፁላ መንገዲ ካልኦት ሰብ ጊዜ እናውረዱዎምን ናብ ሎሚ በፂሕና። **ሰብ ስልጣናት እንትቃያየሩ ዘይተቐረ ነገር እንተሊኡ ብሓይሊ ዝደየበ ብሓይሊ ከምዝወርድ እዩ።** እዚ መንገዲ'ዚዩ ብርሰት ታሪኻዊ ሃድጊታትና ፣ ዕንወት ኢኮኖሚን ማሕበራዊ መስተጋብርና ፣ ብርሰት ተፈጥሮ ሓፍቲናን ስነምህዳርናን ወዘተ ኣብፂሑልና ፣ ቁፅሪና'ውን ካብ ካልኦት ዝዋሓድና ኲይና። ድሕረትን ጥፍኣትን'ምበር ከስቢ ዘይብሉ። ካብ'ቶም ቀዳሞት ወለድና ድማ ንሕና ኣብ ዝሰልጠነ ዘበን ኣለና ፣ ቅንዕ ኢሎም ክሪኡ እንተዝኽእሉ በቲ ንሳቶም ዝመፁሉ መንገዲ ክሳብ ሎሚ ብምቕፃልና ብደቆም ኣዝዮም ከም ዝሓፍሩ ጥርጥር የብሉን። ሎሚ **"ድሕረት ይውፃእ ፣ ስልጡን መንገዲ ይእቶ"** እንብለሉ ጊዜ እዩ። ስለ'ዚ ነዚ ዕንክሊል ዝሰብር ጅግና የድልየና ፣ ይኣክል ኢሉ ሕዝቢ ትግራይ ካብ'ቲ ዝበፅሖ መከራ ክሓዊ ዘኽእሎ ናይ ሰላም ዕድል ዝህብ።

## 13. ብዕስለ ምሕሳብ (mob thinking)

ኣብ ዝሓለፉ ሓምሳ ዓመታት ፖለቲካ ትግራይን ኢትዮጵያን ብዕስለ ምሕሳብ ዘታባብዕ እዩ ኾይኑ። ኣብ መብዛሕቶም ሃገራት ኣፍሪቃ ፖለቲካ ኣብ ክሊ ነገድ (ethnicity) ዘጠንጥን ዋላ'ኳ እንተኾነ ኣብ ኢትዮጵያ ብዘሎ ተፃባኣይ ናይ ፖለቲካ ቅኒት ሰባት ብፅርየትን ዕምቈትን ሓሳቦም ዘይ ኮነስ ብነገዶም ዝምዘኑሉ ኩነታት ፈጢሩ እዩ። ተጋሩ'ውን ናይ'ዚዩ ኣካል ዋላ እንተኾኑ ግና ፍልይ ዘቡሎም ነገር ኣሎ ኢለ ይኣምን። ኣብ ዝሓለፉ ሓምሳ ዓመታት ትግራይ ብትዮጵያውያን ፀበብቲ ፣ ተገንፀልቲ ፣ ኣንፃር ኢትዮጵያ ወዘተ ተጋይሮም እናተራእዩ ብዙሕ ግፍዒ በፂሑዎም። ቅድሚኡ ጀሚሩ ዝነበረ ዋላ እንተኾነ ኣብ ዝሓለፉ ሓምሳ ዓመታት ግና ብበዝሒ ተጠቒኦም። ሕወሓት ናብ ኣዲስ ኣበባ እናተቓረበት ብዝኸደት ቑፅሪ ብሕልፊ ርሕቕ ኣብ ዝበሉ ናይ ኢትዮጵያ ከተማታት ዝነበሩ ብዙሓት ተጋሩ ፖለቲከኛታት ብዝፈጠሩዎ ተረኽ ምኽኒት ሹማ ሽም ተዋሂቡዎም ፣ ሒወቶምን ንብረቶምን ስኢኖም። ድሕሪ 1983 ዓ. ም. ግእዝ እውን ከምኡ[69]። ናይ ሕወሓት

---

[68] ቀዳማይ ሚኒስተር ነበር ኣይተ መለስ ብዛዕባ'ዚዩ ታሓቲቶም ዝሃብዮ መልሲ - "ኣፈላላይና ፖለቲካ ስለ ዝኾነ ምርጫ ክፈትሖ እዩ" ምባሎም ይዝከር።
[69] William Davison, Ethnic tensions in Gondar reflect the toxic nature of Ethiopian politics, The Guardian, 2016

ናይ ፖለቲካ መርገፂ ይደግፍ ኣይደግፍ ብዘየገድስ ኩሉ ትግራዋይ ተመሳሳሊ ግፍዒ በፂሑዎ። እዙይን ክንድዙይን ፣ ናይ ፖለቲካ ቅዋሞም ብዘየገድስ ጊዜዊ ዋላ ይኹን ተጋሩ **ዓርሶም ንምክልኻል ናይ ባዕልቶም 'ሓፁር'** (**social belongingness**) ክፈጥሩ ኣገዲድዎም። መንግስቲ ትግራይ ይኹን ሕወሓት ክካላኸለሎም ስለ ዘይካኣለ ናይ ተጋሩ ድምፂ ተጋሩን ካልኦት ናይ ሰብኣዊ መሰል ተጣበቕቲ ትካላትን ጥራሕ ኮይኖም። ኣብ'ቲ ጀኖሳይዳዊ ኩናት'ውን ከም ሸምበቆ ረቢቦም ተቓሊሶም።

ቅድሚ ናይ ሕወሓት መንግስቲ ምምፅኡ'ውን እንተኾነ ትግራዋይ ኣብ ኢትዮጵያ ቀሲኑ ኣይፈልጥን። ናይ ሸዋ ፖለቲካ ምስ ትግራይ ብዘለዎ ምጥምጣት ሕዝቢ ትግራይ ብማእኸላይ መንግስቲ ዝራኣየሉን ፣ ብኣንፃሩ ድማ ትግራዋይ ንማእኸላይ መንግስቲ ዝሪኦን ብዓይኒ ጥርጥር እዩ። ከምኡ'ውን ኩናትን ተፈጥሮኣዊ ሓደጋታት በብዘበኑ ስለ ዘማሰኖ ዓዱ ገዲፉ ናብ ካልኦት ከባቢታት ኢትዮጵያ ክስደድ ግድን ዝኾነሉ እዋን ቀሊል ኣይነበረን። ፀገምን ናይ ማእኸላይ መንግስቲ ጭቆናን እንትበዝሖ ድማ ዘይድፈር ሓይሊ ምኳኑ ዘረጋገፀ ሕዝቢ እዩ። ኣቐዲምና ከም ዝርኣናዮ ፣ ናይ ድሕነት ሓደጋ (existential threat) ዝበፅሖ ማሕበረሰብ (disaster community) ከይፈተወ ሕብረት ፈጢሩ ዓርሱ ይከላኸል። እዙይ ንሓያሎ ዓመታት እንትቕፅል **ትግራዋይ ከም ሓደ "ደምበ" ተገይሩ ንኽረአ ኣስተውፅኦ ገይሩ ፣** ኩሉ ትግራዋይ ሓደ ዓይነት ሓሳብ ከም ዝሓስብ።

ነዙይ ዘጋደደ ናይ ፖለቲካ ስሕተት'ውን ተፈፂሙዎ እዩ። ሕወሓት ሕዝባዊ መሰረት ከምዘለዎ ንምርኣይ "ሕዝቢ ትግራይን ሕወሓትን ሓደ እዮ" ዝብል ብሓደ ወገን ገባጣይ ብኻልእ ወገን ድማ ሳዕቤኑ ኣብ ግምት ዘየእተወ ናይ ፖለቲካ ስሕተት። እዙይ ብብዙሕ መንገዲ ንሕዝቢ ዋጋ ኣኸፊሉዎ እዩ። ብሓደ ወገን ሕወሓት ኣብ ሕሉፍ ታሪኻ ምስ ዘይተፃለኦቶ ናይ ፖለቲካ ሓይሊ ስለ ዘየለ'ሞ ንዓኣ ዝፀልእ ኩሉ ንሕዝቢ ትግራይ ክፀልእ ባይታ ፈጢሩ። ካብ ዝተነገሮ ወፃኢ ከጋናዝብ ኣብ ዘየኽእል ማሕበረሰብ ናይ ሊሂቃን ናይ ፅልኢ ተረኽ ዓብዩ ሳዕቤን ከም ዘምፅእ ክፍለጥ ነይሩዎ። ዝኾነ ኾይኑ ነቲ ፓርቲ ዝፀልእ ኩሉ ኣብ ሕዝቢ ትግራይ ፅልኢት ከሕድርን ንዝተፈፀሞ ፅንተት መሳወሪን ኮይኑ። ብኻልእ ወገን ድማ ሙሉእ ሕዝቢ ትግራይ ካብ ሓንቲ ናይ ፖለቲካ ቅዋም ወፃኢ ካልእ ከይሓስብ ናብ ዝገበረ ስነ ልቦናዊ ፅዕንቶ ከእትዎ ክኢሉ።

**ናይ ታሪኽ ተመራመርቲ ሕሉፍ ባህሊና'ውን ንናይ ውልቀሰባት ሓሳብ ቦታ ኣይነርበሮን ኢሎም ይከራኸሩ።** Donald Levine ዝባሃል ፀሓፊ (Wax and Gold[70] - ሰምዒን ወርቅን) ኣብ ዝብል መፅሃፉ "ናይ ኢትዮጵያ ስነ ፅሑፍ ይኹን ስነ ስእሊ ናይ ውልቀሰብ ሓሳብ ንምግላፅ ቦታ ዘይህቡ ፣ ብዕምቈት ንምሕሳብ'ውን ዘይሕግዙ የግዳስ እቶም ዝቐርቡ ሓሳባት ክፍርሑን ብዘይ ሕቶ ክድገሙን (solemnly rehearsed ክኾኑ) ጥራሕ እዩ ዝፈቅድ" ይብል። ካብ'ቲ ማሕበርሰብ ውፅእ ብዝበለ መልክዑ ክሓትት ዝጀመረ ሰብ ይግለል ፣ ዘይሹሙ'ውን ይዋሃቦ (ንኣብነት ፈላስፋ ዘርኣያእቆብን ኣባ እስቲፋኖስን)። ብማሕበረሰብ ዝተገለለ ሰብ ድማ ኣብ ናብሩኡ ፀገም የጋጥሞ ፣ ካልኦት ከምኡ ከይገብሩ ብፍርሒ ስኽ ይብሉ። ሎሚ'ውን እንተኾዕነ ናይ ትግራይ ኤሊት (elite) ኣብ ሕዝቢ ርኡይ ግፍዒ እናተፈፀመ ስኽ ይመርፅ ከም ዘሎ ንዕዘብ።
ናይ ፍርሒ ነገር እንትነልዕል ክንርስዖ ዘይንኽእል ካልእ ሓቂ'ውን ኣሎ። ፍርሒ (fear) ወዲ ሰብ ካብ ሞትን ጥፍኣትን ዓርሱ ንክካላኸል ኣብ ውሽጡ ብተፈጥሮ 'ዝተገጠመሉ' ናይ ደመ-ነብስ መከላኸሊ (instinctive response) እዩ ፣ ንሒወትና ካብ ዘስጉኡና ነገራት ክንርሕቕ ወይ ካዓ ብፍሉይ ጥንቃቐ ክንሪኦም ዝገብር ተፈጥሮኣዊ ማሓዛ። ይኹን'ምበር

---

[70] Donald N. Levine, Wax & gold: tradition and innovation in Ethiopian culture, 1965

ናይ ፖለቲካ ሓይሊታት **ናይ ፍርሒ ስትራተጂ (scare tactic)** ብምጥቃም ንሕዝቢ ናታቶም እሱር ክገብሩ ዝኽእሉሉ ኩነታት ኣሎ። ብሕልፊ ኢ-ዴሞክራሲያዊ ዝኾኑ ኣካላት። እዙይ ኣብ ትግራይ ዝተፈላለዩ መልክዓት ሒዙ ክመፅእ ይረአ። ብበዝሒ ካብ ንሕና ዝበልናካ ኣታሓሳስባ ወይ ካዓ መስርሕ እንተወፂኻ ኣብ ዙርያኻ ዘለዉ ሓይሊታት "ክበልዑኻ ወይ ከጥፉኡኻ እዮም" ብዝብል መልክዕ ይግለፅ። **"ሕዝቢ ትግራይ ብመንነቱ ምኽኒት ከፅንትዎ ዝደልዩ ሓይሊታት ኣለዉ"** ዝብል ተደጋጊሙ ዝግለፅ ብህለት እዩ። እዙይ ገዛእቲ ናይ ባዕልቶም ጌጋ ኣብ'ቲ ሕዝቢ ክጥቅኑ ስለ ዝደልዩ ዘቕርቡዎ መፈራርሒ እዩ እብል ፣ **"blaming the victim"** ከም ዝባሃል። ብየማን ይኹን ብፀጋም ዘለዉ ናይ ፖለቲካ ሓይሊታት ዘለዎም ምጥምማት ምስ ሕዝቢ ትግራይ ብሓፈሻ እንተይኮነስ ምስ'ቲ ናይ ፖለቲካ ልሂቅ እዩ። ኣብ ሞንጎ'ቶም ናይ ፖለቲካ ተናሓናሕቲ ዘሎ ናይ ስልጣን ንሕንሕን እዞም ሊሂቃን እዚኦም ዝጥቀሙሎም ናይ ታሪኽን ተረኽን ተቓርኖታት (competition) እምበር ትግራዋይ ዝባሃል ሰብ ስለ ዝፀልኡ ክኸውን ኣይኽእልን። ፅልኢት እንተሊኡ'ውን መበገሲኡ ፖለቲካ እዩ። የግዳስ ኣብ'ዚ ናይ **ፖለቲካ ሜዳ'ዙይ ብናይ ባዕልቶም ናይ ኣታኣላልያ ስሕተት ነቲ ሕዝቢ ኣብ ሓደጋ ዘእተዉ መራሕቲ ኣብ ሕዝቢ ዝወርደ መከራ ብኸመይ ንኣልዮ ኢሎም ክሓስቡ ይግበኦም**። ናይ ፍርሒ ስትራተጂ ናይ ሓሳብ ስነ ሞገት ዘየባራትትዕ ጥራሕ ዘይኮነስ ብህፀፅ ናብ ዝውሰድ ናይ ጥፍኣት ስጉምቲ ከትኣቱ ዝገብር'ውን እዩ። ከም ኲናት ዝበለ።

ናይ ሎሚ ወለዶ ነ'ቲ ዝፀንሐ ብዕስለ ናይ ምሕሳብ ባህሊ ክሰብር ፈተነታት ይገብር ኣሎ። ድሕሪ እቲ ፅንተታዊ ኲናት መንእሰይ ንድሕሪት ተመሊሱ ዝመፀሉ መንገዲ ከስተንትንን ንመራሕቱ ክሓትትን ይፍትን ኣሎ። ግና ኣብ መንጎ'ቲ ሓታታይ ወለዶን ናይ'ቲ ዝፀንሐ ልምዲን ባህሊን እሱራትን ዓብይ ውጥጥ ኣስዒቡ። ኣብ ሓፂር እዋን ካብ ተራእዩ ዘይፈልጥን ንዓለም ዘስደመመን ሓድነት ናብ ትግራይ ሪኣቶ ዘይትፈልጥ ምብትታን ወሪዱ። ጫፍ ዝሓዙ ክልተ ዓበይቲ ደምበታት ኣለዉ - ናይ'ቲ ሓዱሽ ወለዶ ድልየት ዝድግፍ ደላዪ ለውጢን እቲ ዘሎ ከቕፅል ዝደሊን። እቲ ኣብዛሓ ግና ድሒሪ'ዚ ኹሉ ናይ ጀኖሳይድ ስቓይ ፖለቲካ ትግራይ ናብ ናይ ስልጣን ጉያ ምእታዉ ኣፅሊእዎ ሱኽ ዝበለ ኮይኑ ኣሎ። እቲ ዝኸፍአ ዝገብሮ ግና ተቓራሪብካ ምዝታይ ኣብ ዘይካኣለሉ ባይታ ምብፅሑ እዩ። እዙይ ዘርእየና ኣብ'ቲ ሎሚ ዘለናሉ ቅልውላው ኰይንና'ውን ፖለቲካ ትግራይ ካብ ብዕስለ ምሕሳብ ክወፅእ ዘይካኣለ ምኻኑ እዩ። ብዕስለ ናይ ምሕሳብ ፀገም ድማ ነገራት ብዕምቈት ክትሓስብ ኣየኽእለካን። ኣብ ትግራይ ይኹን ኢትዮጵያ ዘሎ ናይ ፖለቲካ ባህሊ ወይ ብድፉኑ ምድጋፍ ወይ ካዓ ብድፉኑ ምቅዋም ኰይኑ። እቲ ናተይ ዝብሎ ወገን ዝበሎ ኹሉ ትኽክል ፣ እቲ ካልእ ኩሉ ጌጋ ገይሩ ዝሓስብ ሰብ ናብ ናይ ዘተ ሜዳ እንተ መፅ'ውን ክዛራብ'ምበር ክሰምዕን ክማሃርን ኣይመፅእን። ክሰምዕ ድልየት ዘይብሉ ሰብ ድማ ሕልኽን ፅልኢን ከም ስትራተጂ ይጥቀም። **ፅልኢ ኻዓ ስትራተጂ ኮይኑ ኣይፈልጥን።** ብፅልኢ ዝዕወት ኣጀንዳ ስለ ዘየለ።

ኣብ'ዙይ ክልዓል ዘለዎ ካልእ ቁምነገር'ውን ኣሎ። በ'ቲ ሎሚ **በፂሕናዮ ዘለና ብርኪ ምፍንጫል ምኽኒት ኣብዛሓ ኤሊት በብወገኑ ኮይኑ ይጣቓቀን ፣ ዓው ኢሉ ንባህሊን ክብሪን ተጋሩ ብዘይምጥኑ ቃላት 'ክታኾስ' ይረአ ኣሎ።** ነውሪ ዝባሃል ጠፊኡ ድዩ ኢልካ ክትሓትት ብዘኽእል መንገዲ። ኣል ጎር (Al Gore) ከም ዝብሎ "In a time of social fragmentation, vulgarity becomes a way of life, to be shocking becomes more important — and often more profitable — than to be civil or creative or truly original.[71]" ኣብ ትሕዝቶ ናይ'ቲ ክነማሓላልፎ እንደለዮ መልእኽቲ እንተይኮነስ ጫፍ ዝኸዱ ቃላት (superlative words) ምጥቃም ዝበለፀ ነቲ "ፀላኢ" ዘጥቅዖ ወይ

[71] This famous quote was spoken by Al Gore during his Harvard Commencement address in June 1994

ካዓ ንፈተውትና ዘሖጎሰ ይመስለና። እዙይ ግና ነ'ቲ ፅልኢት እናኸረሮ ይኸይድ'ምበር ዘምፅኦ ፍረ ኣይህሉን። ጊዜዊን ስሚዒታዊን ድልየት ካብ ምርዋይ ሓሊፉ።

ኣብ'ዚ ዘለናሉ ዘበን ካብ ዝኾነ ይኹን እዋን ንላዕሊ ብስለት ኣብ ዘድልየሉ እዋን ከም ዘለና ምርዳእ የድሊ። እቲ ኩነታት ታኣናፋይ ስለ ዝኾነ። ከም ኣብነት እንተ ተቖፀረ ኣብዙይ ሓደ ሓሳብ ከልዕል እደሊ። በቲ ኣብ ትግራይ ይኹን ኢትዮጵያ ኣብ ናተይ መዋእል ዝረኣኹዎ ናይ ፖለቲካ መስተጋብር ምኽኒት ንዝኾነ ውድብ ይኹን ወልቀ ሰብ ደጊፈ ኣይፈልጥን። **ብናተይ ርድኢት ናይ ሓደ ውድብ ደጋፊ እየ እንቴልካ እቲ ውድብ ንዝገብሮ ነገር ሙሉእ ሓላፍነት ምውሳድ እዩ** ኢለ ስለ ዝኣምን። ውድባት ካዓ ናይ ባዕለን ጥንኩርን ድኹምን ጎኒ ስለ ዘለወን ኣነ ዘይድግፎ ነገር ክህሉ እዩ። ስለ'ዚ ኣነ ዝድግፍ ንሓሳብ ጥራሕ እየ። ዝኾነ ውድብ ወይ ውልቀ ሰብ ፅቡቕ እንትሰርሕ ፅቡቕ እብል እንትጋገ ድማ ጌጋ። ናይ ዝኾነ ኣካል እሱር ንዘይሙኧን። እዙይ ማለት ግና ናይ ዝኾነ ፖለቲካ ውድብ ኣባል ምኧን ጌጋ እዩ ማለት ኣይኮነን። እቲ ጌጋ ዝኸውን ናተይ ኣባል ስለ ዝኾንካ ናይ'ቲ ውድብ ኩሉ ሃሳብን ድርጊትን ክትድግፍ ኣለካ ምባል እምበር። ዋላ ናተይ ዝብሎ ውድብ ዝስረሖ ጌጋ'ውን ብናፅነት ክቃወም ኣለዎ። ቀንዲ ጠመተና ኣብ ናይ ሓሳብ ፅርየትን ንፁርነትን እንተ ኾይኑ ጎናዊ ጎንፂ ክቕንስ ይኽእል ይኸውን። ኣባላት **ናይ ሓሳብ ናፅነት ዘይብሎም እንተ ኾይኖም ናይ'ቲ ውድብ "ንብረት" ኮይኖም ኣለዉ ማለት እዩ።**

**ብዕስለ ምሕሳብ ናይ ባዕሉ ሓደገኛ ሳዕቤን'ውን ኣለዎ። ጫፍ እንተኸይዱ።** እዙይ ንምርዳእ ባህረታት **ሃበራዊ ስነ ልቦና (mass psychology)** ብዝብል ናይ ዝፍለጥ ስነልቦና ሳይንስ ምርዳእ የድሊ። እዚ ዘፈር ማህበራዊ ስነ ልቦናዊ ሳይንስ (social psychology) ናይ ውልቀ ሓሳብ ፣ ስምዒትን ባህረን ኣብ ናይ ዕስለ ምንቅስቓስ ከመይ ኢሉ ከምዝጠፍእን ናይ'ቲ ዕስለ ባህረ ከምዝወርስን ፣ እቲ ዕስለ ድማ ናይ ባዕሉ ሓዱሽ ባህረን ስብእናን ከምዝፈጥርን ዝሕብር እዩ[72]። ሓደ ሰብ ናብ ከምዙይ ዝብለ ዕስለ እንትፅምበር ናይ ባዕሉ እምነታትን ኣታሓሳስባታትን ገዲፉ ብስምዒት ናይ ዝምራሕ "ዕስለኣዊ ባህረ" ይወርስ ማለት እዩ። ናይ ሓደ ውልቀሰብ ስምዒታዊ እምነትን ድርጊትን ቀልጢፉ ናብ'ቲ ዕስለ ከም ዝማሓላለፈሉ'ውን የርድእ። **ኣብ ዕስለኣዊ ምንቅስቓስ ሰባት ብውልቀ ኣይንሕተትን ኢሎም ስለዝኣምኑ ብውልቆም ዘይገብሩዎም ድርጊታት በቲ ዕስለ ተኸዊሎም ክፍፅሙ ይኽእሉ።** ኣብ ከምዙይ ዝበለ ምህዳር ንምንታይ ኢሉ ዝሓትት ብፅልኢትን ክሕደትን ክውቀስ ይኽእል። ኣብ ውሽጢ ሕወሓት ዘሎ ወይ ካዓ ዝነበረ ሰብ ነቲ ውድብ ዝፃረር ነገር ኣንተ ተዛሪቡ ወይ ካብ'ቲ ናይ'ቲ ውድብ እምነት ዝወፀ ነገር እንተ ገይሩ ከም ካሓዲ ይውሰድ። ከምኡ'ውን ኣብ ትግራይ ጀኖሳይድ እንትእወጅ ኣብዛሓ ማሕበረሰብ ኢትዮጵያ መሕሰቢኡ ክጥቀም ኣይካኣለን። ብወገን መንግስቲ ፌደራል ይዋቡ ዝነበሩ ተረኻት ከይመርመረ ተቐቢሉ። ብወገን ትግራይ'ውን መራሕቲ ትግራይ ብዝሃቡዎ ጉጉይ ሓበርሬታን ጉራን ተፀልዩ "ኣዮኻ ናይና" ኢሉ። ኩሉ ነናይ ባዕሉ ልሂቕ (elite) ተረኽ እናሰምዐ ተዋሲኡ ክሳብ ሎሚ'ውን ቀፂሉ። ገለ ውሑዳት ናይ'ቲ ዕስለ ባህረ ዘይወረሱ ሰባት ድምፂ ሰማዒ ኣይነበሮን ሕዚ'ውን ኣይብሉን። **ዕስለ ውሑጅ እዩ ፣ ኣብ መንገዱ ዝረኸቦ ኹሉ ክፀርግ ዝኽእል ፣ ናይ ባዕለይ እዩ ኢሉ ዝገድፎ ዘይብሉ።** ስለዚ ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ሰኺንካ ኣብ ኣመኽንዮ ዝተደረኸ ውሳነ ምውሳን ግቡእ እዩ። ብሕልፊ ሕዝቢ ንምምራሕ ስልጣን ዝሓዙ ሰባት ዓቢዪ ሓላፍነት'ውን ከም ዘለዎም ክርድኡ ኣለዎም። ዝውስኑዎም ውሳነታትን ዝወስዱዎም ስጉምቲታን ንቡዙሓት ኣብ ሓደጋ ዘውዱቑን ንብዙሕ ዓመታት መዚዝካ ዘይትውዶኦም ፀገም ሒዙ ክመፅእ ስለ ዝኽእል። ብዘበን "ኣዮኻ ናይና" ዝተወሰዱ ስጊምቲታት ንሕዝብና እንታይ ኣኸፊሎም? ካብዙይ እንታይ ተማሂርና? ሕዚ'ውን ንሕተት።

---

[72] Emily Brindal, Naomi Kakoschke, Andrew Reeson, David Evans: Madness of the crowd: Understanding mass behaviors through a multidisciplinary lens, Front Psychology, August 2022.

## 14. ስእነት በሊሕ መሪሕነት (strategic leadership)

ክሳብ ሎሚ ትግራይ ትኹን ኢትዮጵያ ዘበናዊ ፍልጠትን ዓቕሚን ዘለዎም መራሕቲ ብበዝሒ ኣየፍረያን[73]። ቅድም ክብል መራሕቲ ዝኾኑ ብትውልዲ መሰፍንቲ እምበር ፍሉይ ትምህርቲን ተሰጥኦን ሃሊይዎም ዝምዘዙ ኣይነበሩን። ቀፂሎም ዝመፁ መራሕቲ ድማ ናይ ኮሚኒስታዊ ስነ ሓሳብ ዝወለዶምን ካብ መስፍናዊ ድሕረ ባይታ ዝመፁ ስለ ዝኾኑንን ናይ ዓቕሚን ርእዮተ ዓለምን ድሩትነት ኣለዎም። ካብ ናይ ንግዲ ትካላት (business corporates) ዝመፁ'ውን ኣይነበሩን ፣ የግዳስ ናይ ወታሃደራዊ ድሕረ ባይታ ዘለዎም እዮም። እዙይ ድማ እታ ሃገር እትጠልቦ ምስረታ ዴሞክራሲያዊ መንግስቲ ብዝግባእ ከይቃላጠፍ ኣስተዋፅኦ ከም ዝገበረ ርዱእ እዩ። ብተወሰኺ ኣብ ዝሓለፉ ሰላሳ ዓመታት እቲ ላዕለዋይ ናይ ፓርቲን መንግስቲን መሪሕነት **ክናሓንሑ ዝኽእሉ "ጥንኩራት ስትራተጂካዊ ሓሰብቲ" እንተይኮነስ ዝተባህሉዎ ዘፈፅሙ "ካድረታት" ጥራሕ ይመርፅ ነይሩ[74]**። ብሕልፊ ኣብ ክልላት ዝተሸሙ ሓለፍቲ ናይ ኣራት ኪሎ ፖሊሲ መፈፀምቲ'ምበር ባዕሎም ክኢሎም ብዕምቈት ዝሓስቡ ክኾኑ ኣይተደለየን ነይሩ። ስሕት ኢሎም ዝኣተው ዓቕሚ ዝነበሮም ድማ ቀልጢፎም ይለቁ ፣ ወይ ክለቁ ይድፍኡ። መራሕቲ ናይ ኢህወደግ ኣባል ፓርቲታት "ን27 ዓመታት ተላኣኣኽቲ ኢና ኔርና" ከምዝበሉ ቅድም ክብል ተገሊፁ እዩ። ናይ'ዚ ኹሉ ድምር ውፅኢቱ ድማ ኣብ'ቲ ሎሚ እንረኦ ዘለና ስእነት ብሉፃት መራሕቲ (leadership crisis) ኣብፂሑና ኣሎ። ብዕሊ ዘይተሰርሐሉ ክምዕብል ስለ ዘይኽእል።

ኣብ ዝኾነ ይኹን ማሕበረሰብ መራሕቲ ዓቢዪ ግደ ከም ዘለዎም ኣብ ሕሉፍ ታሪኽና ዝነበሩ መራሕቲን ስራሕቶምን ግልፂ ምስክራት እዩም። ንሕዝቢ ኣብ ሓደጋ ዘእተዉን ኣብ እዋን ጭንቂ ዘሳገሩን ነይሮም። ንሕዝቢ ዘሳግር ርእይ ዘለዎም ፣ ኣብ እዋን ዓፀቦ ሕዝቢ ዘቕድሙ ፣ ኣብ እዋን ተስፋ ምቑራፅ ኣብነት ኮይኖም ተስፋ ዝዘርኡ ፣ ሕዝቦም ካብ ፀላእቲ ንምክልኻል ክብሉ ናይ ውልቀ ረብሖኦም ንንኒ ዝገድፉ መራሕቲ ተጠልብቲ እዮም። ንሕዝቦም ናብ ዝላዓለ ፀፍሒ ምዕባለ ኣብ ምብፃሕ'ውን ዓብዪ ታራ ይፃወቱ። ብኣንፃሩ ድማ ናይ መራሕቲ ጌጋ ንሕዝቢ ሰፍ ዘይብል ሓደጋ ከምፅእ ይኽእል[75]። ካብ'ቶም ንሓደጋ ዘቃልዑ ፀገማት ሓደ ድማ ናይ መራሕቲ ስእነት ውሽጣዊ ስምምዕ ኮይኑ ንረኽቦ። ኣብ'ዚ ዓውዲ ዝማራመሩ ሙሁራት ከም ዝብሉዎ ኣብ ውሽጢ ሓደ ብሔር/ማሕበረሰብ ዝፍጠሩ **ጥንኩራት ግርጭታት ቀንዲ መንቀሊ የም ናይ ስልጣን ንሕንሕ ፣ ኣብ ናይ'ቲ ድርጅት ዕላማን መስርሕን ናይ መራሕቲ ዘይምርድዳእ ፣ መሬትን ካልኦት ሃፍቲታትን መን ተቖፃፀረን** እዮም ይብሉ።[76] እዙይ ምስ'ቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ዘበናት ኣብ ሞንጎ ተጋሩ ዝተፈጠሩ ንሕንሓትን ሎሚ'ውን ዝግበሩ ዘለዉን ዝሳማማዕ እዩ። ከመይን ንምንታይን እዞም ውሽጣዊ ፀገማት ይፍጠሩን? ብእዋኑ እንተ ዘይተኣልዮም ከ እንታይ የስዕቡ? ዝብሉ ክላዓሉ ዘለዎም እዮም። ዝፍጠሩሉ ምኽኒታት ዳሓር ክንምለሶ ፣ እዞም ኣብ'ዚ ብርኪ'ዙይ ዝበፅሑ ጎንፂታት ግና ናይ መራሕቲ ውልቀ ረብሓ ካብ ናይ'ቲ ድርጅት/ውድብ ዕላማን መርገፂን በሊፁ እንትርከብ ዝራኣዩ ምልክታት እዮም (conflict of interests)። ሰባት ዝጠምር ዕላማ ስለዝኾነ።

---

[73] Daniel Amente & Lalise Kumera, Leadership Development in Ethiopia: Practices, Challenges, and Way Forward, Annals of the University of Craiova for Journalism, Communication and Management, Volume 10, 2024.

[74] Dawit Altaye, Current Ethiopian Leaders Incompetency: the root cause of the ongoing Genocide, Borkena, October 2024

[75] ሕወሓት ኣብ ስልጣን እናሃለወ ነቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዝተላዕለ ናዕቢ ክኣልዮ ዘይምኽኣሉ ፣ ቅድሚ'ቲ ኹናት ዝተወሰዱ/ዘይተወሰዱ ስጉምቲታት ፣ ባንኪን ታንኪን ራሕሪሕኻ ናብ መቐለ ዝተገብረ ጉያ ፣ እቲ ዝምዕብል ዝነበረ ጂኦፖለቲካ ብግቡእ ዘይምርዳእ ፣ በይናዊ ክልላዊ ምርጫ ምክያድ ዝህልዎ ሳዕቤን ፣ ነቲ ኹናት ብግቡእ ዘይምድላው፣ ወዘተ ንሕዝቢ ትግራይ ብዙሕ ናይ ሕወት ዋጋ ኣኽፊሎም።

[76] Tsega Etefa: The Origins of Ethnic Conflict in Africa Politics and Violence in Darfur, Oromia, and the Tana Delta, 2019

ናይ መራሕቲ ዝላዓለ ቅርሕንቲ ናብ ውድቀት ከምርሕ ዝኽእል እንተኾይኑ እቲ ኸይዲ እንታይ ይመስል ዝብል ንርአ። እቲ ናይ ውድባት ከይዲ ውድቀት ኣመልኪቱ ዝፃሓፈ ጆሴፍ ሌንሽ (Josef Lentsch) ዝባሃል ባዓል ሙያ ሓደ ውድብ ካብ ዝላዓለ ተቀባልነትን ዓወትን ቀስ እናበለ ናብ ውድቀት ክኣቱ ዝኽእለሎም መንገዲታት ይሕብር። ሓሙሽተ ናይ ውድቀት ጉዕዞ ብርኪታት (Five phases of party decline) [77] ካብ ዝብል ፅሑፉ ወሲደ ንመንበባይ ክምቹ ከም ዝስዕብ ኣቕሪበዮ ኣለኹ።




1) **ንዝራኣዩ ፀገማት ፀማም እዝኒ ማሃብ (Blinded)** - እዙይ ናይ ውድቀት ናይ መጀመርያ ደረጃ እዩ። እቲ ናይ ውድቀት ጉዕዞ ንኹሉ ግልፂ ኾይኑ ኣይራኣይን ግና ፀገማት ክፍጠሩ ጀሚሮም ኣለዉ። ንዙይ ዝተረድኡ ዉሑዳት መራሕቲ ኣለዉ ግና ሰማዒ የብሎምን ምክንያቱ እቲ ውድብ ሕዚ'ውን ውፅኢት የመዝግብ ኣሎ። መብዛሕትኦም ናይ'ቲ ፓርቲ መራሕቲ እቲ ዘሎ ምዕባለ ውዒሉ ሓዲሩ ነቲ ውድብ ናበይ ከብፅሖ ከምዝኽእል ክርድኡ ኣይካኣሉ። ከባቢኦምን ናይ ማሕበረሰብ ባህጊን ድልየትን'ውን ከመይ ይቕየር ከም ዘሎ ክትንብዩ (predict) ኣይካኣሉን።

2) **ግቡእን እዋናዊን ስጉምቲ ዘይምውሳድ (inaction)**: ፀገማት ብዝበለፀ ግልፂ ምኻን ጀሚሮም ኣለዉ። እዙይ ንዓመታት ስከም እናበለ ክቕፅል ይኽእል። ነቲ ታራ ኣባል ኩነታት ፅቡቕ ዘለዉ ይመስሎ ፣ ሕዚ'ውን ኣብ ናይ ዓወት መንፈስ ኣሎ። ስጉምቲ ምውሳድ ይፅግም ምኽኒያቱ ገሊኦም መራሕቲ ናይ'ቲ ጉዕዞ ውድቀት ኣይራኣዮምን ፣ ንኻልኦት ድማ ዋላ እናራኣዩዎ ስጉምቲ ምውሳድ ኣይካኣሉን - ካልኦቶም ኣብ ናይ "ፅቡቕ" ኣለና መንፈስ ይቕፅሉ። እቲ ዝዋሃብ መምኽነይታ - "ፀገማት ክፍጠሩ ባህርያዊ እዩ" ዝብል ይኸውን። ባህርያዊን ባህርያዊ ዘይኮነን ምፍላይ ስለ ዘይካኣሉ። ናይ ቁልቁለት መንገዲ ይቕፅል።

3) **ጉጉይ ስጉምቲ ምውሳድ (Faulty action)**: እቶም ውሽጣዊን ደጋዊን ፀገማት እናጎልሁ መፅዮም ኣለዉ (ውሽጣዊ ፀገማት ብዕሊ ይግለፁ ፣ ሕዝቢ ኣንፀርፁረቱ ዓው ኢሉ የቖርብ'ሎ) ፣ እቲ ናይ ቁልቁለት መንገዲ ዋላ ነቲ ታራ ኣባልን ማሕበረሰብን ብዝበለፀ ግልፂ እናኾነ ይኸድ ኣሎ። ግና ንገሊኡ ብርሑቕ ዝመፅእ ዘሎ ይርኣዮ ካለኦት ድማ ናብ ምኽሓድ (denial) ይኣትዉ። እቶም ፀገም ዝራኣዮም'ውን እንታይ ዓይነት ስጉምቲ ይወሰድ ኣብ ዝብል ስምምዕ ኣይህልዎምን። ሕዚ'ውን ግና ኣብ ዓወት ኣለና ዝብሉ ይህሉዉ። እቲ ናብ'ቲ ዘለዉዎ ብርኪ ዘብፀሖም መንገዲ ንቑፃሊ'ውን የስረሐና እዩ ኢሎም ስለ ዝኣምኑ። ስለ'ዚ ዝውሰዱ ስጉምቲታት ዝነፀሩ ፣ ነቲ ፀገም ካብ መሰረቱ ዝፈትሑ ኣይኾኑን ፣ ቀፃላይነት'ውን ኣይህልዎምን (inconsistent ይኾኑ)። እቲ ውድቀት ነዊሕ ከይዱ ስለ ዘሎ ድማ ሕድሕድ ጉጉይ ስጉምቲ ነቲ ፀገም የጋድዶ።

4) **ናይ ውድቀት ደረጃ (crisis)**: ናይ'ቲ ውድብ መሰረታዊ ፀገማትን ውድቀትን ነቲ ማሕበረሰብ'ውን ርኡይ ይኸውን ፣ ክትክሕዶን ሱኽ ኢልካ ክትሓልፎን ዘይትኽእል። ኣብ ክንዲ ናብ'ቲ ፀገም ዘእተወ ቀንዲ ፀገም ኣጀንዳ ዝኸውን ውሽጣዊ ኣፈላላያትን ጎንፂታትን ምፍታሕ ናይ'ቲ ውድብ ጎሊሁ ዝረአ ስራሕ ይኸውን። ናይ'ቲ ውድቀት ፍልፍልን ኣታኣላልያን ብዝምልከት መራሕቲ ነንባዕሎም መባልዒ ዛዕባ ኾይኑ ናይ'ቲ ኣመራርሓ ውሽጣዊ ጎንፂ ኣብ ዘይዕረቖሉ ብርኪ ይበፅሕ። ኣብ ሞንጎ "ኣይበልናን ዶ" ዝብሉን ክሳብ መወዳእታ "ዳሓን ኣለና" ክብሉ ዝፀንሑን ዝኸረረ ባእሲን ቅርታን ይፍጠር። በዙይ ምኽኒት'ውን እቲ ውድብ ኣብ ውድቀት ይኣቱ ፣ ምፍንጫል ክስዕብ የገድድ።

5) **ዕላዊ ምፍንጫል (disintegration):** እቲ ኣብ ሞንጎ መራሕቲ ዘሎ ቅርሕንቲ ክታዓረቕ ዝኽእል ኣይኾነን - ምውንጃል ይበዝሕ ናይ'ቲ ውድቀት ታሓተትቲ ድማ ሓላፍነት ክወስዱ ኣይደልዩን። ንሕና ወይ ንስኹም ኣብ ዝብል

[77] Josef Lentsch causes of decline of political parties: Five phases of party decline, September 6, 2022.

ውጥጥ ይእቶ ፣ ኣብ ዝተወደአ ፀወታ እቲ ናይ መራሕቲ "ኩናት" ይቕፅል። እዚ ኹሉ ዝኸውን እቲ ውድቀት እንትጅምርን ስጉምቲ ምውሳድ ኣብ ዝግበኣሉን እዋን ብ"ዓወት" ስኻር ምኽኒያት ስኽ ኢልካ ስለ ዝታሓለፈ እዩ። ኣብ ሕወሓት ናይ'ቲ ቁልቁለት መንገዲ ብ1993 ዓ ም ግእዝ ጀሚሩ። ሎሚ ኣብ'ቲ ሓምሻይ (5) ደረጃ ኣላ - ትፍለጦ ኣይትፍለጦ።

ክሳብ ሕዚ ዝረአናዮ ንሓደ ውድብ ናብ ውድቀት ዘብፅሑ ከይዲታት እንትኾን መንገዲ ውድቀት ምስ ተጀመረ እቲ ኸይዲ ውድቀት ምልዋጥ (reverse ምግባር) ይካኣል ዶ ዝብል ሕቶ ነልዕል። ናይ ትግራይ ፖለቲካ ክዕረ ዝኽእል እንተ ኾይኑ ንምፍላጥ። ሓደ ድርጅት ከም ዝኾነ ፍጥረት ዑደተ-ሒወት ኣለዎ (life cycle): ውልደት - ዕብየት (growth) - ብስለት (maturity) - ውድቀት/ትንሳኤ። እዘም ቅድም ክብል ዝረአናዮም ናይ ውድቀት ደረጃታት ሓደ ድርጅት ኣብ ዝላዓለ ብርኪ ዕብየት (maturity) ምስ በፅሐን ብናይ "ቀደም ብዕራይ እናሓረሰ" ክቕፅል እንትደሊን ዝረአዩ እዮም። ኩሎም ድርጅታት እቲ ናይ ከይዲ ውድቀት ጥራሕ እዩ ዝፅበዮም ማለት ግና ኣይኮነን። እቲ ድርጅት ዝወስዶም ስጉምቲታት ይውስኑ። እቲ ኸይዲ ውድቀት ኣብ'ተን ናይ መወዳእታ ብርኪታት እንተበፂሑ እቲ ዝድለ ለውጢ (ትንሳኤ) ንምምፅእ ውልቀ-መራሕቲ ምቕያር ወይ ድማ ፅገናዊ ለውጢ ምግባር እኹል ኣይኸውንን። ***ናይ ግድን ስትራተጂካዊ (strategic) - መትከልን (ideology) ፣ ምስሊን (brand) ምትዕርራይ (realignment) ፣ ድርጅታዊ ምስሊን ባህሊን ምቕያር (organizational culture) ፣ ነቲ ዝተማዓራረየ ስትራተጂ ዘፍፅም ቡቑዕ መሪሕነት ፣ እቶም ኣድለይቲ ስጉምቲታት እዮም[78]።*** እቲ ውድቀት ስርዓታዊ ፣ ናይ ስትራተጂ ፣ ቅርፃዊን (structural) ፣ ስልታዊን (systemic) ስሕተት ዘምፅኦ ስለ ዝኾነ። ዝምጥኖ ስጉምቲ'ዩ ዝደሊ።

ሓደ ድርጅት ካብ ውድቀት ንምድሓን መራሕቲ ከጥርዩዎም ኣለዎም ተባሂሎም ትፅቢት ካብ ዝግበረሎም ዓቕሚታት ሓደ **ዓለም ለኻዊን ከባብያዊን ጂኦፖለቲካዊ ኩነታት ኣንቢብካ ጊዜኡ ዝጠልቦ ፍታሕን መፈፀሚ ስትራተጂን ምህንዳስ** እዩ። ጊዜኡ ዝሓለፎ ስነሓሳብን ስትራተጂን ኣቐዲምካ ምፍላጥ ካብ ውድቀትን ምስ ሕዝቢ ካብ ምጉናፅን የድሕን (Good leaders spot the exact moment an old plan stops working and a new path must begin.)[79] እንተ ዘይኮይኑ ውድቀት ዘይተርፍ ክኸውን ይኽእል። ምኽንያቱ ናይ ፖለቲካ ይኹን ናይ ንግዲ ትካላት መሰረተን ሓሳብ እዩ - ናይ "ዝሸየጥ ናይ ፖለቲካ ረብሓ ወይ ናይ ንግዲ" ሓሳብ። ዝኾነ ይኹን ስነሓሳብ ድማ ናይ ባዕሉ ዑደተ ሒወት (life cycle) ከም ዘለዎ ይፍለጥ። ኣብ ሓደ እዋን ሓደ ወለዶ መስዋእትነት ክኸፍለሉ/ክገዝኦ ዝኽእል ሓሳብ ይህሉ። እቲ ሓሳብ ዘበገሱ ሰባት ይቃለሱሉ ፣ ካልኦት ዝተቐበሉዎ'ውን ሓቢሮም ይዓስሉ። ካልእ ወለዶ እንትቕበል ድማ እቲ ዝቕፅል ወለዶ ናተይ እዩ ኢሉ ክቃለሰሉን ክርበሐሉ እኽእል'የ ዝብሎን ክኸውን ኣለዎ። ስለ'ዚ ናይ'ቲ ተቐባላይ ወለዶ ባህግን ድልየትን ኣብ ግምት ብምእታው ነ'ቲ መቃለሲ ሓሳብ እንተ ዘይተማዓራርዩ እቲ ሕሉፍ ኣካይዳ ክንዲ ዝድላዩ ዑዉት ይንበር ምውዳቑ ዘይተርፍ ይኸውን። እቲ ናይ መጀመርያ ስነ ሓሳብን ናይ ቃልሲ ሜላን ናይ'ቲ ቀፃሊ ወለዶ ሕቶ ዘይክምልስ ስለ ዝኽእል። ናይ'ታ ዓዲን ውድባትን ተቐባላይ እቲ ሓዱሽ ወለዶ እዩ ፣ ንዑኡ ከይሓዝካ ናበይ ይኸየድ? መራሕቲ ነዚ ፈሊጦም እቲ ዝሓዝዎ ስነ ሓሳብ በቲ ሓዱሽ ወለዶ ቅቡልነት ክህልዎ እንተደልዮም ዘድሊ ምትዕርራይ ንምግባር ድሉዋት ክኾኑ ትፅቢት ይግበረሎም። እንተኾነ ባዕልቶም ተበግሶ ወሲዶም ነቲ ሓዱሽ ወለዶ ኣማኺሮም ፣ እንተንኣሰ ግና እቲ ወለዶ ምስሓተተ። ብሕልፊ ሎሚ ድማ ኩነታት ብቕልጡፍ ዝላዋወጡሉ ዘበን ስለ ዝኾነ ሓደ ስነሓሳብ ናብ ሳልሳይ ወለዶ ንምትሕልላፍ ምፍታን ጌጋ ጥራሕ ዘይኮነስ ንሕዝቢ ንድሕሪት ምጉታት'ውን እዩ።

---

[78] Ichak Adizes, Managing Corporate Lifecycles, Prentice Hall, 1999.
[79] Ron Bowker, Knowing When to Leave: A Leadership Skill We Don't Talk About, December 2025

ናይ መሪሕነት ውድቀት እንትላዓል ብዙሕ ጊዜ እቶም ናይ ፖለቲካ ጭቕጭቓት ኣብ ውሑዳት ውልቀሰባትን ጉጅለታትን ዘተኮረ ኾይኑ ክቐርብ ይረአ (ውሑዳት ላዕለዎት መራሕቲ)። እቲ ቐንዲ ሕቶ ክኸውን ዘለዎ ግና ትግራይ ካብ ከም ናይ ኣይተ መለስ ዝበለ ሃገራዊ ጥራሕ ዘይኮነስ ዓለምለኻዊ ርድኢትን ዓቕሚን ዝነበሮ ናይ መሪሕነት ፀፍሒ ናብ'ቶም ሎሚ ዘለዉ ናይ'ቲ ውድብ መራሕቲ (ብዓይኒ'ቶም ቀዳሞት ኣብ ሳልይን ራብዓይን ፀፍሒ መሪሕነት ዝምደቡን ኣብ ቁሸት ዝተደረተ ኣታሓሳስባ ዘለዎምን) ከምይ ኢሉ ወሪዱ ዝብል እዩ። ብናይ ባዕሎም ገምጋም **"ስትራተጂካዊ መሪሕነት ክንህብ ኣይካኣልናን"** ስለ ዝበሉ እቲ ወቐሳ በዚሕዎም ክባሃል ኣይኽእልን። ብተግባር'ውን ነቶም ኣብ ዝሓለፉ ዓሰርተ ዓመታት ዘጋጠሙ ፀገማት ብውሕሉል መንገዲ ምፍታሕ ዘይ ምኽኣሎም ግልፂ መረዳእታ እዩ። ኣብ ኦሮምያን ኣዲስ ኣበባን ተፈጢሩ ዝነበረ ናይ ሕዝብ ናዕቢን ናይ ኢህወደግ ውድቀትን ናበይ ክበፅሕ ከምዝኽእል ዘይምግማት ፣ እቲ ፀገም እናበልሐ ንኽከይድ ዝገበረ ዘይምዕሩይ ኣታኣላልያን ስዒቡ ዝመፀ ታንኪን ባንኪን ደርቢኻ ናብ መቐለ ምንስሕባብ ፣ ናይ ፅላእቲ ኣብ ዙርያ ፒፒ ምትእኽኻብ ምስ'ቲ ኣብ ልዕሊ ተጋሩ እናዓበየ ዝመፅ ጭፉን ፅልኢ ኣብ ሕዝቢ ትግራይ ከብፀሖ ዝኽእል ፀገም ምግማት ዘይምኽኣል ፣ ኩናት ግድን ምኹኑ ምስ ተፈልጠ ድማ እኹል ምድላው ዘይ ምግባሮም ወዘተ ናይ'ቲ መሪሕነት ናይ ውድቀት ዕምቈት መግለፂታት እዮም። ድሕሪ ኩናት ብማዕበል መንእሰይ ዝተረኽበ ዓወት'ውን ደብረብርሃን ምስተበፅሐ ንድሕሪት ምምላሱ ኣብ ዲፕሎማሲያዊ ርድኢት ዘለዎም ድኽመት ፣ ከምኡ'ውን ብመስውእቲ ዝተረኽበ ናይ ሕዝቢ ንብረት ምሻጥን ዝተኣከበ ዓቕሚን ሓፍትን ምሕንሻሽን ወዘተ እቲ መሪሕነት ዓቕሚ ዘይብሉ ጥራሕ ዘይኮነስ ናይ ሕዝቢ ሓልዮት ከም ዘይብሉ'ውን ተጋሩ ብግልፂ ኽዕዘቡ ገይሩዎም እዩ።

ናብ'ቲ ናይ መሪሕነት ውድቀት ምኽንያት ንመለስ። ኢህወደግ ኣብ ናይ 1997 ዓ. ም. ግእዝ ዝተገብረ ምርጫ ንሕንጢጥ ካብ ሙሉእ ሽንፈት ምስተረፈ ኩለን ኣባላት'ቲ ፓርቲ ናብ ሓደሽቲ ኣባላት ምምልማልን ምጉጃልን እየን ኣትየን። **ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ዓመት (1997 – 2000) ናይ ኢህወደግ ኣባላት ብኣርባዕተ ዕፅፊ ዓብዩ (ካብ 760,000 – 4 ሚልዮን)[80]።** ኣብ ውሽጢ ሓፂር ጊዜ ክሳብ ክንድዙይ ቁፅሪ ምብፃሕ ዝተኻእለሉ ምኽኒት ኣብ ናይ መንግስቲ ትካላት ስራሕ ንምርካብ ዝደሊ ኹሉ ኣባል ክኸውን ክሳብ ምግዳድ ስለ ዝተበፅሐ እዩ። ብጥቕሚ ደሊልካ ኣባል እትገብሮ ሰብ ተበላፃይ'ምበር ናይ ብሓቂ ናይተን ውድባት ዕላማ ኣሚኑሉን ውፉይ ኮይኑ ክቃለሰሉን ዝወሰነ ናይ ምኻን ዕድሉ ውሱን እዩ። ኣብ ከይዲ ድማ እዙይ ምኻኑ ተራእዩ። **ናይ ኢህወደግ ኣባል ውድባት ኩሉ ዓይነት ኣፈኛን በለፀኛን እናመልአን ከይዱ ፣ ናይ'ቶም ቀዳሞት መራሕቲ ናይ መትካል ንፁርነትን ናይ ዕላም ፅንዓትን ፈፂሙ ብዘይብሎም** (እቲ ዕላመኦምን መርገፂኦምን ንትግራይ ጠቒሙ ዶስ ጎዲኡ ብዘየግድስ)። እቲ ዓቕሚ ዘለዎን ዝተፈለየ ሓሳብ ኣለኒ ዝብል ድማ ተጓንዩ። እቶም ቀዳሞት መራሕቲ ዘይሓሰቡሉን ዘይሰርሑሉን ጉዳይ ግና እዞም ሕዚ ናብ'ተን ውድባት እነእትዎም ዘለና ኣባላት ነቲ ውድብን ዓዲን ከሳግር ዝኽእል ናይ ዕላማ ፅንዓትን ዓቕሚን ኣለዎም ዶ ዝብል ክኸውን ይግበኦ ነይሩ። ዘይብሎም ምኻኖምን እታ ዓዲ ክትኣትዎ እትኽእል ሓደጋን ዘይምርኣዮም ዓቢዩ ናይ መሪሕነት ክፍተት ኮይኑ ንረኽቦ። እቲ ናይ'ቶም ሓደሽቲ ተመልመልቲ ዓቕሚ ምንኣስን ናይ ዕላማ ፅንዓት ሽግርን ምስ'ቲ ኣብ ከይዲ ዝተፈጠረ ናይ መሪሕነት ስግግር ፀገም ተደሚሩ እቲ ሕዚ ዘሎ መሪሕነት ፈጢሩ። ፅንዓቶም ስልጣኖም ንምሕላው ዝጥቀሙ ፣ ንሕዝቢ ዘለዎም ሓልዮት ድማ ኣዝዩ ዝታሓተ።

ምስ'ቲ ናይ ዓቕሚ ድሩትነት ርእዮተ ዓለማዊ ፀገም'ውን ኣሎ። ኣብ'ዙይ እቲ ነዞም ዘለዉ መራሕቲ (ናይ ፖለቲካዊን ማሕበራዊን ትካላት) ዝፈጠረ ርእዮተ ዓለማዊ ስነሓሳብ ክቕፅል ኣብ ዘይኽእለሉ ኩነታት ምብፅሑ ዘርእዩ ግልፂ ምልክታት ምልዓል ይካኣል። ከም ዝፍለጥ ናይ 1960ታት ናይ ፖለቲካ መርገፂ ኮሚኒስታዊ ፣ ኣሳራርሑኡ ገባጣይን ናይ

[80] Lefort R. Powers – Mengist – and peasants in rural Ethiopia: the post-2005 interlude. The Journal of Modern African Studies. 2010;48(3):435-460

ወዲ ሰብ መሰል ኣብ ኢድ ውሑዳት ዘእቱን ስለዝኾነ ዓለም ካብ ዝፍንፍኖ ልዕሊ ሰላሳ ዓመት ገይሩ ኣሎ[81]። ስለ'ዚ **ናይ'ቲ ሕሉፍ ፖለቲካዊ ስነሓሳብ ውፅኢት ዝኾነን ካብ'ዚ ኣታሓሳስባ እዙይ ክላቓቕ ዘይካኣለን "መራሒ" ነቲ ሓዱሽ ወለዶ ክመርሖ ይፅገም።** እቲ ናይ ወለዶ (generational) ኣፈላላይ ዓብዪ ናይ ፖለቲካ ክፍተት ስለ ዝፈጠረ። ናይ 1960ታት ፖለቲካ ንገሊኦም ከም ሃይማኖት ዘይቕየር ንገሊኦም ድማ ወልፊ ከም ዝኽዕኖም ብግልፂ እዮም ዝዛረቡ። ኣብ ዝሓለፉ ሰላሳ ዓመታት ዝተማህሩ መናእሰያት ድማ ናይ ካፒታሊስት ስነ ሓሳብ መሰረት ዝገበረ ትምህርቲ ዝተማህሩን ብኢንፎርሜሽን ዝታሓገዘ ሓዱሽ ኣታሓሳስባ ዝወነኑን እዮም። ኣብ ልዕሊ'ዙይ ናይ ወለዶ ኣፈላላይ ዝፈጠሮ ናይ ባህሊን ስነልቦናዊ ለውጢን'ውን ኣሎ። ሓደ ነባር ፖለቲከኛ ክንድዝደልዮ ገስጋሳይ ክኸውን እንተፈተነ'ውን ናይ'ቲ ሕሉፍ ስነሓሳብ ፅልዋ ኣይህልዎን ምባል ኣይካኣልን። "You can't teach an old dog a new trick" - ንዝኣረገ ከልቢ ሓዱሽ ሽጣራ ክተምህሮ ኣይትኽእልን ከም ዝብሃል ። እዙይ ማለት ግና ዝኾነ ይኹን ኣበርክቶ ኣይህልዎምን ንምባል ኣይኮነን።

ናይ ትግራይ መሪሕነት ካልኦት ናይ ታክቲክ ፀገማት'ውን ዝርኣዩዎ እዩ። ንኣብነት **ግዳማውያን ሓይሊታት ኣብ ናይ ትግራይ ውሽጣዊ ጉዳይ ኢዶም ከእቱዉ ምግባር።** ናይ ትግራይ መራሕቲን ገዛእቲ መሳፍንቲን ወይ ኣብ ሞንጎኦም ብዘሎ ኣፈላላይ ወይ ድማ ምስ ሸዋ ብዝህልዎም ምጥምማት ምኽኒት ነቲ ሕዝቢ ንጥቕዓት ዘቃልዑሉ እዋን ኣሎ። ድሕሪ ሞት ሃፀይ ዮሃንስ ፣ ገሊኦም ንሸዋ እንትጥምቱ ካልኦቶም ድማ ንሰሜን እናማዓደዉ ነቲ ሕዝቢ ኣደዳ ናይ ሚኒሊክ ዓቀይቶት ገይሮሞ ከም ዝነበሩ ይዝከር[82]። ኣብ ቀረባ እዋን ካዓ ቅድም ክብል ከም ዝተገለፀ ናይ ሕወሓት መራሕቲ ምስ ኩሎም ኣብ ትግራይን ኣብ ኢትዮጵያን ዝነበሩ ፖለቲካዊ ትካላት ተፅሊኦም ፣ እሞ ድማ "ሕወሓትን ሕዝቢ ትግራይን ሓደ እዮም" እናተባህለ ብጎረባብትን ናይ ስልጣን ተናሓናሕቲን ከም ሕዝቢ ክፅላእን ፣ ፀላእቲ ከፅንትዎን ዕድል ሂቡዎም። ናይ መራሕቲ ጥበብ ምስኣን ዘስዕቦ። መራሕቲ ትግራይ ንኢትዮጵያ ተቖፃፂሮም ኣብ ዝነበሩሉ እዋን ስትራተጂካዊ ማሓዙት ኣይፈጠሩን። ኣብ'ቲ እዋን ጀኖሳይዳዊ ኲናት በይንትና ዘትረፈና ስሕተት ክድገም የብሉን። ሎሚ ዝፍጠሩ ምሕዝነታትን ዝምድናታትን ናይ ሕዝቢ ረብሓ ማእኸል ዝገበሩን እቲ ብሔር ናብ ሓደ ዝእክቡን እንተ ዘይኮይኖም ካብ ጥቕሞም ጉድኣቶም ክበዝሕ ይኽእል እዩ። ከም'ቶም ሎሚ እንሪኦም ዘለና ምሕዝነታት ዓይነት (ፅምዶ)።

እቶም ሎሚ እንተ ዘይመራሕና ዝብሉ ዘለዉ ዝውቀሱሉ ካልእ ነገር ድማ ኣብ 'ቀደም' ተሺልካ ምትራፍ/ግትርነት እዩ። ኣብ ዕላማኸ ምፅናዕ ካብ'ቶም እንኾርዐሎም እሴታትና ሓደ ከም ዝኾነ እናተነገረና ኢና ዓቢና። ዕላማኸ ቅኑዕን እዋኑ ዝጠልበን እንተ ኾይኑ ውፅኢት ንምርካብ ክሳብ መወዳእታ ብፅንዓት ምቕፃል ግቡእ እዩ። ፀገም ዝኸውን እቲ ዕላማ ወይ ካዓ ስነሓሳብ ብጊዜ ንውሓት ጠለቡ ዝቐነሰ እንትኾይኑ እዩ። ደው ኢልካ ስነሓሳብካን መንገድኻን ምፍታሽ ኣገዳሲ ኣብ ዝኾነሉ ጊዜ ኣብ ታሪኽ ተሸኺልካ ምንባር ግና ንድሕረት ዘቃልዕ ይኸውን። **ኩነታት ኣብ ሓፂር እዋን ኣብ ዝቃያየሩሉ ዘበን ኣብ ናይ ትማሊ ልምምድ ተገቲርካ ምትራፍ "ግትርነት" እምበር ፅንዓት ተገይሩ ክውሰድ የብሉን ፣ ንውልቀ ይኹን ንማሕበረሰብ ጎዳኢ ስለ ዝኸውን።** ፍልይ ዝበለ ሓሳብ ምስ ዘለዎም ኣካላት ዝግበር ዘተ'ውን ዝሓሸ መንገዲ ንምድላይ'ምበር ናተይ ናትካ ብዝብል ኣድላይ ዘይኮነ ህልኽ እቶም ዘለዉ ኣፈላላያት ዘግፍሕን ናብ ዝላዓለ ጎንፂ ዘምርሕን ክኸውን ይኽእል እዩ። ከም እንዕዘቦ "ውድብ" ወይ ካዓ "መስመር" ካብ ሕዝቢ ኣብሊፁ ዝርኢ ኣካል "ፅንዓቱ" ኣነ ዝበልኩዎ ካብ ምባል ሓሊፉ ኣብ ናይ ሕዝቢ ረብሓ ማእኸል ዝገበረ ክኸውን ኣይካኣለን። እትቃለሰሉ ዕላማን መትከልን ትኽክል ምኳኑ በብጊዜኡ ምፍታሽን ንእንካ-ሃባን ድልዊ ምኳን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ኣዝዩ ተለዋዋጢ ዘበን ስለ ዘለና።

---

[81] Jeff Spoden, The Collapse of Communism, OER Project Version 1180L: https://www.oerproject.com/

[82] መምህር ገ/ኪዳን ደስታ, የትግራይ ሕዝብና የትምክህተኞች ሴራ ክትላንት እስከ ዛሬ ፣ 1998 ዓ. ም.

**ዘይተገደበ ናይ ስልጣን ዕድመ:** ሕወሓት ጥራሕ ዘይኮነትስ ኩሎም ናይ ፖለቲካ ሓይሊታት ካብ'ዚ ሕሉፍ ታሪኽ ክማሃሩዎ ኣለዎም ኢለ ዝኣምኖ ካልእ ነገር **ኣብ ስልጣን ነዊሕ ብዝፀናሕኻ ቁፅሪ "ሓጥያትካ" እናበዝሐ** ከም ዝኸይድ ምፍላጥ እዩ። **ሓደ ፓርቲ ዓብላላይ ኮይኑ ንነዊሕ እዋን ኣብ ስልጣን እንተፀኒሑ - ብሕልፊ ኻዓ ኢ-ዴሞክራሲያዊ ዝኾነ ፓርቲ - በቲ ኣብ ስልጣን ዝፀንሖ መጠን ፀላኢ እናብዘሐ ፣ ናይ ሕዝቢ መረረት እናተጠራቐመ ፣ እቲ ውድብ'ውን "a frog in a boiling pot" ከም ዝባሃል ክሳብ ናይ ፅልኢት ሓዊ ዘባረያ ኣብ ፀገማት እናጣሓለ ክኸይድ ይኽእል።** ናይ ውድብ መራሕቲ ብሓንሳእ ንነዊሕ እዋን እንተፀኒሖም ኩሉ ከምዝኽእሉን ካብኦም ዝሓሸ ሰብ የለን ኢሎም ክኣምኑን ስልጣን ከም ርስቲ ንኽሪኡን ይገብር ፣ ነናይ ሕድሕዶም ጥንኩርን ድኹምን ጎኒ ስለ ዝፋለጡ ምክብባር ይጠፍእ ፣ ናይ ውድቦም ዕላማ እንተይኮነስ ጎናዊ ፀገማት እናዓብለሉ ክመፁ ዕድል ይህብ። እንተ ሓቢሮም ተሰማሚዖም ገበኖም ክሻፋፈኑ እንተፃልሑ ድማ ምሽጥሮም ናብ ምውፃእን ምጥቕቓዕን ይኣትዉ'ሞ ሕዝቢ ይብድሉ። ከም'ቲ እንረኦ ዘለና ሕወሓት ካብ ዝፍጠር ጀሚሮም ኣብ ስልጣን ዝነበሩ ሓለፍቲ ብቕጥታት ይኹን ብተዘዋዋሪ መንገዲ ናይ ምውሳን ዕድል ከም ዘለዎም ይሓስቡ'ሞ ካብ ስልጣን ምስወረዱ'ውን ኣብ ስልጣን እናሃለዉ ብዝፈጥሩዎም ጉጅለታት (networks) ኣቢሎም ኣብ'ታ ትካል ወይ ውድብ ክውስኑ ይፍትኑ። ስለ'ዚ ሓቀኛ ዴሞክራሲ ሃልዩ ሕምቀት ኣብ ዘርኣየሉ እዋን ታሓታትይ ዝገብር ስርዓት ክህሉ ምግባር ፣ ናይ ፓርቲ መራሕቲ'ውን ናይ ስልጣን ጊዜኦም ድሩት ዝኾነሉ መስርሕ ምፍጣር መማረፂ የብሉን። እዚይ ነተን ውድባትን ሓለፍቲን ይጠቅም ፣ ሕዝቢ'ውን ካብ ዘየድሉ ውድቀት ክድሕን ይኽእል።

**ብሉፅ ሓሳብ ዶስ መራሒ?** ሎሚ ሓደ 'ብሉፅ' ዝባሃል መራሒ በይኑ ዓዲ ዝመርሐሉ ጊዜ ኣይኮነን። **'ብሉፅ' ሓሳብ'ምበር ብሉፅ ሰብ ስለ ዘየለ።** ብሉፅ ሃሳብ ድማ ካብ ኢህን-ሚህን ይመፅእ። ግና እትዛተየሉ መድረኽ እንተ ዘይሃልዩ ብሉፅ ሓሳብ እትረኽበሉ መንገዲ ትስእን ፣ ፀገማት እናተጋዳዱ ይኸዱ ፣ ከምኡ እናበለ እቲ ጎንፂን ውድቀትን እናበልሐ ይኸይድ። ከም'ቲ ግቡእ እንተ ዝኾን መራሕቲ ነቲ ዝምዕብል ዝነበረን ዘሎን ጂኦፖለቲካዊ ኩነታት ዝምጥን ቅድመ-ትንበያ ገይሮም ኣቐዲሞም ተፃብኦ ምክልኻል ይግበኦም ነይሩ[83]። ግና ካልእ ይትረፍ ግዱሳት ተጋሩ ምኽረ-ሓሳባት እንተቕርቡ'ኳ ተቐባልነት ኣይረኸቡን። ኣይ እዞም ሰባት ዓቕሚ ሃሊይዎም ነቲ ሕዝቢ ካብ ፀላእቱ ዝፍኖ መጥቃዕቲ መመከቲ ሜላ ሓንፂዖም ፣ ኣይ ድኽመቶም ፈሊጦም ሓገዝቲ ኣብ ጎኖም ኣቕሪቦም ፣ የግዳስ ክሕግዞም ንዝደሊ ኩሉ እናሰጎጉ ፣ ግደፉ ንዝበሎም ድማ እናፀረፉን ብብረት እናፋራርሑን ውሑዳት በይንቶም ስልጣን ኣብ ዝሓዙሉ እዋን ኣለና። "ብዘይካ ንሕና ካልእ ንትግራይ ዝሓስበላ የለን ፣ ናትና መንገዲ ጥራሕ'ዩ ትኽክል" ዝብል ገዲፍካ ካልኦት መማረፂታት ንምቕባል ድልዊ ምኧን ካብ መራሕቲ ይድለ። ኣብ ውሽጢ ሕወሓት/ኢህወደግ ዳርጋ ሓደ ሓሳቢ ሰብ ጥራሕ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ኣብ ጥቕሚ ዝዋዓለ ስልቲ ክቕፅል ዝተደልየ ይመስል ፣ ንውድቀት ዘቃለያ ምኧኑ እና ተፈልጠ እውን ። ብሓባር ምሕሳብን (collective leadership) ሓሳብ ካብ ዘለዎ ኣልሽካ ምጥቃምን ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ኣለና። ብሉፃት መሳገርቲ ሓሳባት ዝእከበሉም መድረኻት ምፍጣርን ኣብ ተመሳሳሊ ኩነታት ዝነበሩ ሕዝቢታት ካብ ፀገሞም ንምውፃእ ዝተጠቐሙሎም ሜላታትን መንገዲታትን ምምርማር ክጠቅም ይኽእል እዩ። **"ክልተ ሓደ ዓይነት ሓሳብ ዘለዎም ሰባት *(ኣብ ሓደ መሪሕነት)* እንተሊዖም ሓዲኦም ኣየድልዩን[84]"** ከም ዝተባህለ ናይ ትማሊ መራሕቲ ዋላ እንተ ታኣከቡ ሓሳቦም ተመሳሳሊ ስለዝኾውን **ሎሚ ዝድለ መሪሕነት ዝተፈላለዩ ወለዶታት፣ ሙያን ትምህርቲን ፣ ፆታን ዕድመን ወዘተ ዘካተት ክኸውን ይግበኦ።** ኩሉ ነናይ ባዕሉ ዓቕሚ ሒዙ ክቕርብ።

---

[83] Cheryl Robinson, Scenario Planning Turns Good Leaders into Great Ones, Leadership: Forbeswomen, 2026
[84] Larry Dixon- "If two people are exactly alike, one of them is unnecessary" (quote)

ናይ ኦሮሞ ሊሂቃን እቲ ናይ ኢህወደግ መንግስቲ ከም ዝወድቕ ምስ ፈለጡ (ኣብ ውሽጡ ኹይኖም ብዕቱብ ይሰርሑሉ ስነ ዝነበሩ) ኣብ ሚኒሶታ (ኣሜርካ) ኣኼባ ገይሮም ሓደ ነጥበ-መቐይሮ ዝባሃል ስምምዕነት ምግባሮም ኣብ ሚዲኣታት ተጋዊሑ ከም ዝነበረ እዝክር። "ብቑፅሪናን ሃፍቲናን ኣብ ናይ ኢትዮጵያ ፖለቲካ ዓብለልቲ ክንከውን እናተገበእና ናይ ሓበሻ ፖለቲከኛታት (ኣምሓራን ትግራይን ንምባል'ዩ) ክሳብ ሎሚ ክገዝኡና ዝኻሉሉ ቀንዲ ምኽኒት ኣብ ሞንጎና ሕብረት ስለ ዘይብልና እዩ። ስለ'ዚ ዋላ ናይ ፖለቲካ ቅዋም ኣፈላላይ ይሃልወና ነንበዕልና ከይንፃባእ ተሰማሚዕና ኣለና" ኢሎም ከም ዝወሰኑ ታሓቢሩ ነይሩ። ሎሚ ናይ ኦሮሞ ፖለቲካኛታት ክንድዝደለዩዎ ኣፈላላይ ይሃልዎም እቲ ናይ ኣራት ኪሎ መንግስቲ ክወድቕ ዘይፍቕዱ ምኳኖም ን"ፅምዶ" ኣመልኪቶም ዝገለፁዎ ተቓውሞ ነቲ ኣብ ሚኒሶታ ተወሲኑ ዝተባህለ ዘረጋግፅ ኮይኑ ንረኽቦ። ብመንግስቲ ኣራት ኪሎ ታኣሲሩ ዝተንገላተዐ ጀዋር መሓመድ "መንስቲና ክተውዱቑ'ማ ኣይንፈቕደልኩምን" ክብል ኣብ ሚድያ ቐሪቡ ንናይ ሕወሓት መራሕቲ መልሲ ሂቡ። ካለኦት ናይ'ቲ መንግስቲ ተቓወምቲ ናይ ኦሮሞ ኤሊታት'ውን ከምኡ ኣብ ናይ ኦሮሞ ረብሓ ኣይንዳራደርን ክብሉ ይስምዑ ኣለዉ። ናይ መንግስቲ ለውጢ እንተ ኣድልዩ'ውን ካብ ሓደ ኦሮሞ ናብ ካልእ ኦሮም እንተኾይኑ ጥራሕ እዩ ማለቶም እዩ። ፖለቲካ ቅድሚኦም ኢና እንፈልጥ ዝብሉ ናይ ሕወሓትን ካለኦት ናይ ትግራይ ናይ ፖለቲካ መራሕቲን ግና ኣንፃር ረብሓ እቲ ብሔሮም ይሰርሑ ኣለዉ። ዓቕሚ'ቲ ብሔር ብምብታንን ናይ ትግራይ ብሔራዊ ራብሓ ምስ ዝፃረሩ ኣካላት "ፅምዶ" ብምፍጣርን።

ናይ ትግራይ ቀንዲ ፀገምን ነ'ቲ ልሂቅ ምብትታን ምኽንያት ኮይኑ ዘሎ ስእነት ስትራተጂያዊ መሪሕነት ምኳኑ ርኢና ኣለና። እቶም እንደልዮም ብሉፃት መራሕቲ ግና ብኣጋጣሚ ክፍጠሩ ትፅቢት ክንገብር የብልናን። ስነ ኣማራራሓ ኣዝዩ ዝማዕበለ ፍልጠትን ተውሁቦን ስለ ዝሓትት። ***ዘለዉና መራሕቲ ባህላዊን ኣብ ናይ ሕሉፍ ርእዮተ-ዓለም ዝተመስረተ ግንዛበን ስነልቦናዊ ውቕሪን ዘለዎም ስለዝኾኑ ነቲ ሓዱሽ ወለዶ ከሳግሩዎ ኣይኽእሉን ጥራሕ ዘይኮነስ ንለውጢ ዝምቹዉ'ውን ኣይኮኑን።*** ርእዮተ ዓለማዊ መርገፂ ከም ሃይማኖት ኣጥቢቖም ዝሓዙ እዮም። ብኣንፃሩ ድማ ጂኦፖለቲካዊ ምዕባለ ዘባና ኣዝዩ ሕልኽላኽ ዝበዝሖ ፣ ምዕባለ ቴክኖሎጂ ንምእማን ብዘሸግር ፍጥነት ይሕበብ ስለ ዘሎ ፣ ናይ ስነ ቑጠባ ውድድር ኣዝዩ ብልሒ ስለ ዝጠልብ ፣ ከምኡ'ውን ናይ ማሕበረሰብ ድልየት ብቕልጡፍ ዝቃያየር ምስ ምኳኑ ካብ ዝኾነ ይኹን ጊዜ ንለውጢ ድሉዋት ዝኾኑ መራሕቲ ኣብ ዝድለየሉ እዋን ኣለና[85]። ኣቐዲሞም ዓቕሚ ዝፈጠሩ ሕዝቢታት ቀልጢፎም ኣብ ዝደልዩዎ ብርኪ ምዕባለ ክበፅሑ እንትኽእሉ ንሕና ድሕሪት ምትራፍና ኣይቀረየን። ስለ'ዚ ንቐፃሊ ትግራይ ናይ ስነ ኣማራርሓ ፍሉያት ቤት ትምህርቲት ትጠልብ። ናይ ፖለቲካ ጥራሕ ዘይኮነስ ብኹሉ መዳይ ናይ ምምራሕ ዓቕሚ ዘለዎም ብበዝሒን ፅርየትን (Quantity & quality) ንምፍራይ ዘኽእል መስርሕ ታሓንፂ እንተ ተሰሪሑ ኣብ መፃኢ ዝሓሸ ዓቕሚ ክፍጠር ይኽእል። ክሳብ ሹዑ ድማ ዘቃራርብ መንገዲ ተደልዩ ተፃባእቲ ናብ ሰላማዊ ፍታሕ ክመፁ ናይ ኩሉ ፃዕሪ ይሓትት።

## 15. ጉድለት ስነልቦናዊ[86] ብስለት (emotional Intelligence)

ስነልቦናዊ ብስለት ኣብ መሪሕነት ዘለዎ ብፅሒት ተረጋጊፁ ዝሓደረ እዩ። ትርጉሙ ሕፅር ብዝበለ መንገዲ እንትግለፅ "ናይ ባዕልኻ ስምዒት ብዕምቆት ምርዳእን ምቁፅፃርን ቡኡ ኣቢልካ'ውን ኣብ ናይ ካልኦት ስምዒት ፅልዋ ምሕዳር - understand and manage your emotions, as well as recognize and influence the emotions of those around you[87]" ምባል ይካኣል እዩ። ፖለቲካ ትግራይን ኢትዮጵያን ኣብ ኮሚኒስታዊ ስነ ሓስባን ነገድ-ተኮር (ethnic) ቅዋማትን ዝተመስረተ ምኳኑ ናይ ምክእኣል ባህሊ ዘይብሉ ክኸውን ኣስተዋፅኦ ከም ዝገበረ ርኢና ኔርና። ኣብ ውሽጢ

[85] American Management Association: The Bottom Line on Improperly Trained Leaders, 2023
[86] ስነልቦና ካብ emotion ዝገፍሐ ስነ ሓስብ ዋላ እንተ ኾነ ካልእ ዝሓሸ ናይ ትግሪኛ ትርጉም ኣይረኸብኩሉን
[87] Lauren Landry, Why Emotional Intelligence Is Important in Leadership, Harvard Business school, 2019

ሓደ ፖለቲካዊ ውድብ ይኹን ኣብ መንጎ ውድባት ዝፍጠሩ ናይ ሓሳብ ኣፈላላያትን ዘይ ምርድዳእን ናብ ደማዊ ጎንፂ ዝተቐየረሉ እዋን ከም ዝበዝሕ'ውን ከምኡ። ኣብ ሃገርና ዘበናዊ ፖለቲካ ሓዱሽ ምስ ምዃኑ ፣ እቶም ናይ ፖለቲካ ሰባት ንባዕልቶም ናይ ምክእኣል ባህሪ ስለ ዘይነበሮም ንሳዓብቶም ዝሓሸ ባህሪ ከውርሱዎም ኣይካኣሉን ፣ የግዳስ ስሚዒት ብምልዕዓል ንርካሽ ፖለቲካዊ ረብሐኦም ይጥቀሙሎም። ቀልጢፉ ምስ ጊዜ ክዝምን ዝግበኦ ዝነበረ ፖለቲካ ገና ካብ ስምዒት ከይወፀ ልዕሊ ሓምሳ ዓምት ኣቑፂሩ። እቲ ሓዱሽ ወለዶ ዝሓሸ ፖለቲካዊ ርድኢትን ግብሪን ክህልዎ እዩ ከይባሃል'ውን ናይ'ቶም 1960ታት ኣሰር ይኽተል ከምዘሎ ምርዳእ ኣይኸብድን። ስለ'ዚ **ነገራት ቀሲንካን ጊዜ ወሲድካን ብምስትውዓል ናይ ምርኣይ ዓቕሊ (emotional intelligence) ኣብ ናይ ትግራይ ፖለቲካ መድረኽና ዘይርከቡ እሴታት ነይሮም ፣ ከምኡ ኸይኖም ድማ ይቕፅሉ ኣለዉ**። በዚ መዳይ ዝሓሸ ዓቕሚ እንተ ዘይኣጥሪና ድማ ስልጡን ናይ ፖለቲካ መድረኽ (civil engagement) ኣይህሉን ጥራሕ ዘይኮነስ ነቲ ሳልሳይ ወለዶ'ውን ሃዳፍ ኮይኑዎ ክቕፅል እዩ። ኣብ ሕወሓት ይኹን ካልኦት ውድባትን ማሕበራዊ ትካላትን ናይ ሓሳብ ኣፈላላይ ቀልጢፉ ናብ ናይ "ፀላእን - ፈታዊን" መድረኽ ከምርሕ ንሪኦ ኣለና። ናይ ውልቀ ስሚዕትካ ውሑጥ ኣቢልካ ንናይ ሓበራዊ ረብሓን ንሕዝቢኻን ክትብል ዝኽፈል ናይ 'ትዕግስቲ መስዋእትነት' የለን ፣ ናብ ናይ ሓይሊ ስጉምቲ ጎይኻ ካልኦት ናይ ሒወት መዋእትነን ክኸፍሉ ምግባር'ምበር።

ኣዝዩ መሕዘኒ ዝገብሮ ድማ ካብ ርሑቕን ቀረባን ታሪኽና ክንማሃር ዘይምኽኣና እዩ። ንኣብነት ሃፀይ ሚኒሊክ ኣብ ልዕሊ ሃፀይ ዮሃንስ ዓሚፆም ዓርሶም ንጉስ ነገስት ኢሎም ምስ ሰየሙ ሃፀይ ዮሃንስ ወታሃደራዊ ሓይሎም ሒዞም ናብ ሸዋ ተዳዒዙ'ሞ ኣብ ሰላሌ ምስ በፅሑ ሃፀይ ሚኒሊክን ሸዋን ምስ ንጉስ ዮሃንስ ምውጋእ ከም ዘየዋፅኦም ፈለጥም ዕርቂ ክገብሩ ከምዘለዎም ወሰኑ። **እምኒ ኣብ ማእገሮም ተሸኪሞም ኣብ ቅድሚ ሃፀይ ዮሃንስ ቀሪቦም ይቕሬታ ምሕታቶም ንናይ ሸዋ መሳፍንቲ እንተ ዘየሕጎሶም'ውን ሚኒሊክ ግና ገይሮሞ**[88]። ስለዝጠቕሞምን ጊዜ ስለ ዝገዝኣሎምን። ዳሓር እንታይ ከም ዝኾነ ኩሉ ዝፈልጦ ነገር እዩ። ርሑቕ ከይከድና ድማ መንግስቲ ፌደራል ኣይተ ጌታቸው ረዳ ናይ ትግራይ ጊዜዊ መንግስቲ ፕረሲደንት ክኾኑ ዝፈቐዱሉ ምኽኒት ምርኣይ ይካኣል። ከም ኣይተ ጌታቸው ገይሩ ንቀዳማይ ሚኒስተር ኣብይ ከም ዘይሸየጡ ገይሩ ዘዋረዶም ሰብ ኣሎ ማለት ኣይካኣልን። እዙይ ግና ካብ'ቲ መንግስቶም ዝደልዮ ስትራተጂ ገዚፉ ኣይተራእዮምን። ስነልቦናዊ ብስለት ስምዒትካ ውሑጥ ኣቢልካ ንዕላማኻን ሕዝቢኻን ምሕሳብ ግዲ ይብል።

ኣብ ከይዲ ፖለቲካ ካብ ናይ ሓሳብ ትሕዝቶ (content) ብተወሳኺ ክልኦት ኣብ ግምት ክኣትዉ ዘለዎም ጉዳያት ኣለዉ። ናይ ፖለቲካ ይኹን ካልዖት ትካላት ዝመርሑ ሰባት ናብ ሕዝቢ እንትቐርቡ ወይ ድማ ንምይይጥ እንትዕደሙ ክግደሱሉ ዘለዎም እቲ ናይ **መልእኽቶም ትሕዝቶ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣቀራርበኦም'ውን ክኸውን** ይግባእ። ኣብ ናይ ተጋሩ ከይዲ ምይይጥ ኩሉ ሓቂ ሒዘ ኣለኹ ኢሉ ስለ ዝኣምን ብዛዕባ ኣቃራርባ ብዙሕ ክግደስ ኣይንርኢን። ኣቃራርባ ግና ጥበብ (art) እዩ ፣ ክናማዕብሎ ዘለና። እንታይ ንመን ማዓዝ ነቕርብ ዝብል ብውነ ምሕሳብ ካብ ዘየድሊ ጐንፂ የድሕን ፣ ቀፃሊ ረኽብና'ውን ናይ ምትፍናን ከይኸውን ይሕግዝ። ንኣብነት ተናሓናሕቲ ናይ ፖለቲካ ውድባት ናብ ማህበረሰብ ዝቐርቡ ነቲ ገዛኢ ወይ ድማ ንኻሊእ ውድብ ንምውቃስ ጥራሕ እንተኾይኑ ፣ እሞ እዙይ ዝዳጋገም እንተ ኾይኑ እቲ ዝድለ መልእኽቲ ምትሕልላፍ ይኸብድ። ሰማዓይ ይስልችዎ ፣ ምስ'ቲ ተወቃሲ ሓይሊ ዝህሉ ምይይጥ'ውን ዝኸበደ ይገብሮ ፣ እቲ ተወቃሲ ናብ ዓርሰ ምክልኻል ስለ ዝኣቱ። ስለ'ዚ ኣብ ክሊ ጠረጴዛ ዝግበር ዘተ ዕዉት ንክኸውን እንተ ደሊና ኣብ

[88] ተስፋኪሮስ ኣረፈ ፣ ኣፄ ዮሃንስ 4ኛ ፣ የሃገር ነፃነት ፣ ሉኣላዊነትና ኣንድነት ፋና ወጊ ንጉስ ነገስት ፣ 2012

ትሕዝቶናን ኣቃራርባናን ብዕቱብ ምስራሕ ሲቪል መስተጋብርና (engagement) ናይ ቃላት ኲናት መልክዕ ከይሕዝ ይገብሮ። እዙይ ድማ ክንማሃሮን ክነማዕሎን ዘለና ክእለት እዩ።

**ፅንዓት ዶስ ግትርነት:** ካልእ ተጋሩ ዓርስና እንትንርኢ ከም ኣብ ዕላማናን ዝኣመናሉ ዛዕባን ፀኒዕና እንቃለስ ጌርና ከም እንወስድ ርኢና ኔርና። **ኣብ ሃይማኖትና ይኹን ናይ ፖለቲካ መርገፂና እንተ ጀሚርናዮ ሽትኡ ንኽወቅዕ ዝካኣለና ኹሉ እንገብር ሕዝቢ ኢና ኢልና ንሓስብ**። ዝርዝር ምኽኒቱን መበገሲኡን ንመፅናዕቲ ገዲፈ እዚ **"ፅንዓት" እንብሎ ባህሪ ናብ ግትርነት ዘዘምብል ከይኸውን'ውን ብዕቱብ ክሕሰበሉ ኣለዎ**። ዝኾነ ይኹን ሰብ ኩሉሻዕ ከም ማይንጉሆ ዝፀረየ ሓሳብ ኣለኒ ኢሉ ክምካሕ ኣይብሉን። ዳሓር ካዓ ንሓደ ፅቡቕ ኮይኑ ዝራኣዮ ሓሰብ ንኻሊእ ከምኡ ዘይክኸውን ይኽእል እዩ። ስለዚ ብሹም ናይ ዕላማ ፅንዓት ጉጉይ ዕላማ ሒዝና ከይንኸውን ምፍታሽ ፣ ከምኡ'ውን **ከባቢና ብግቡእ ክነንብብ ዘይንኽእል ፣ ሕቶ እንፈርሕ ፣ ፅላእቲ ለውጢ** ናብ ምዃን ከይወስደና ክንጥንቀቕ ይግባእ። እንተስ ብሹም ታሪኽ ዕቀባ ወይ ካዓ ፍርሒ ሓዱሽ ሓሳብ ንዘተን ንምዕባለን ዝዓግት ባህሪ ብሕልፊ ኣብ'ቲ ሎሚ ዘለናሉ እዋን "ድሑር" ዘብል እዮ። መርገፂኻ በብጊዜኡ እናፈተሽካን ናይ ካልኦት ሓሳባት እናሰማዕኻን ምጉዓዝ ክንለምድ ኣለና። **ዓርሱ በብእዋኑ ንሕስያ ብዘይብሉ መንገዲ ዘይፍትሽ ትካል ካብ ፀዋታ ወፃኢ (irrelevant) ክኸውን ዝፈረደ ጥራሕ እዩ።**

**ሕድገት**: ከም ተጋሩ ኣለና ዝብሎ ካልእ ፀገም ካዓ **ረሳዕቲ ምኹንና እዩ**። ነቶም ዝበደሉና ንቓደም ንፀልኦም ቅንይ ኢልና ኻዓ እቲ በደልና ንርስዕ'ሞ መሊሱ ናብ ተመሳሳሊ ፀገም ናብ ዘእትወና ኹነት ንቓላዕ። ገበን ንዝፈፀመልና ሓይሊ እናፀላእናዮ ንንበር ማለት ኣይኮነን። ምናልባት ንባዕልና ጥዕና ኢልና'ውን እንተኾነ **ይቕረታ ምግባር** ኣገዳሲን ኣድላዪን ዝኾነሉ እዋን ኣሎ። እቶም ደጋጊሞም በደል ዘብፁሑልና ናይ ጎረባብቲ ዓዲታት ፖለቲካዊ ውዳበታት እንትኾኑ እቲ ንውክሎ ኢና ዝብሉዎ ሕዝቢ ዝደገፎ ዘይክኸውን ይኽእል። ኣብ ሞንጎ'ቶም በይንቶም ይኹን ምስ ካልኦት ተላፊኖም ዘጥቂዑና ውድባትን መራሕቲን እቲ ዝመርሑዎ ሕዝቢን ዘሎ ኣፈላላይ ምፍላጥ ፣ ክንነብር ስለ ዘለና ድማ ምስ'ቶም ሕዝቢታት ጥንኩር ምሕዝነት ምፍጣር ግቡእ እዩ። ይኹን'ምበር እቲ **ዝበፅሓና በደል ክንርሰዖ ኣለና** ማለት ኣይኮነን። ኣካይዳናን ኣካይዳ ፖለቲከኛታትና ንሕዝቢ ኣብ ሓደጋ ዘየውድቕ ፣ ስራሕቶም'ውን እዙይ ኣብ ግምት ዘእተወ ክኸውን ኣለዎ። ረሳዕቲ ኰይንና ፅባሕ ተመሊስና ናብ ተመሳሳሊ ፀገም ክንኣቱ ስለ ዘይብልና። ምስ መን ንሰርሕ? ኣበይ ንሰርሕ? ብኸመይ ንሰርሕ? ዝብሉ ጉዳያት ጥንቃቐ ይሓቱ።

ቀደም ኣብ እዲስ ኣበባ ዩኒቨርሲቲ ተማሃራይ ኣብ ዝነበርኩሉ እዋን "ትግሬና ቆርቆሮ ሳይነኩት ይጮሃል" ዝብሉ ሰባት ሃላሓሊፎም የጋጥሙኒ ነይሮም። እቲ ኣባሃሕላ ናይ ባዕሉ ፀገም ከም ዘለዎ ርዱእ እገብር- ማለት ናይ'ቲ መዘረቢ ዛዕባ ክብደት ኣንኢስካ ብምርኣይ ኣይተተንከፍካን ምባል ጉጉይ ምዃኑ ፣ ከምኡ'ውን ብሚልዮናት ዝቑፀር ሕዝቢ ኣብ ሓደ ቡኽራ ምእታው (stereotype) ግቡእ ብዘይምዃኑ። **እቲ ዘረባ ዋላ ክንዲ ፍረ ጣፍ ዝኸውን ሓቂነት እንተሊእዎ** ግና ጠጠው ኢልና ክንሓስብ ግቡእ ይመስለኒ። ብቐሊሉ ኣብ ሕርቃን ንረአ እትኾይንና ነንባዕልና ይኹን ምስ ካልኦት ኣብ እንገብሮ ዘተን ምርድዳእን ናይ ባዕሉ ፅዕንቶ ከይህልዎ ብዕቱብ ክንሰርሐሉ ኣለና ማለት እዩ።

**ኣዛዚ ናይ ምዃን ድልየት:** እቶም ነ'ቲ ናይ 17 ዓመት ቃልሲ መሪሖም ዘዐወቱ ሰባት ስልጣን ክረኽቡ ኢሎም ዝገብሩዎ ፃዕሪ ኣይነበረን የግዳስ ሓላፍነት ይፈርሑ ነይሮም ክባሃል ንሰምዕ ኔርና። "ኣይተ መለስ ክወርዱ ዋላ እንተደለዩስ ፅናሕ ተባሂሎም እዮም ቀፂሎም" ተባሂሉ ይንገረና ከም ዝነበረ ዝዝከር እዩ። ምናልባት'ውን ሃላፊ ከይዲ ስራሕ እምበር "ኣዛዚ" ዘይነበረሉ ጊዜ ነይሩ ክኸወን ይኽእል። እቲ ሎሚ ዘሎ ሓቂ እንትንርኢ ብዙሓት ሕቶታት ክነልዕል ንኽእል። እሞ ድሕሪ መስዋእቲ ኣይተ መለስ ዳኣ እንታይ እዩ ተፈጢሩ? ኣሸንኳይ ዶ ይኣኽለና ክብሉስ ይኣኽለኩም ስራሕኹም ሕዝቢ የጥፍእ

ኣሎ ተባሂሎም’ውን ስልጣን ምልቃቕ ዓቐብ ዝኾነም ንምንታይ? ኣብ ውሑዳት ዓመታት እንታይ ታኣምር’ዩ ተፈጢሩ? ዶስ ቀደሙ’ውን እንተኾነ በለቲካ እዩ ዝንገረና ነይሩ? ሎሚ ካብ ንኡሽተይ ክሳብ ዓብይ ደረጃ ዘሎ ስልጣን ደላዪ እዩ። እቶም ዓበይቲ ይኹኑ ናእሽቱ ፓርቲታትን ድርጅታትን በብፅባሕ ክፋናጨሉ እንሪኦም ፣ **ተፈንጪሎም ከይዶም ፕረዚደንት እከለ ፣ መራሒት እከሊት ዝባሃልሉ ካልእ ውዳበ ክፈጥሩ ስለ ዝደልዩ እዩ።** ስልጣን ብትሕቴኻ ንዘሎ ኹሉ “ሓፍ ኮፍ” እተብለሉ እንተ ኾይኑን ናይ ፓርቲ ጀማሪ ምዃን ክሳብ ሞት ኣብ ኣዛዝነት ዘፀንሕ እንተ ኾይኑ ብጋንኡ ናይ ባዕልኻ ፓርቲ ወይ ድርጅት ምፍጣር ዘዋፅእ ስራሕ ይኸውን። ኣብ’ቲ ዘለኻሉ ፓርቲ ስልጣን ዘይብልካ እንተ ኾንካ ድማ ዝተወሱ ኣባላት ሒዝካ ተፈንጪልካ ትወፅእ ፣ ካልእ ባዕልኻ “ኣዛዚ” እትኾነሉ “ረስቲ” ትጅምር። ገለ ስራሕቲ ብቐሊሉ ይጅመሩ’ሞ ዳሓር ክትኣልዮም መሸገርቲ ይኾኑ። ኣብ ፖለቲካ ትግራይ ዝፀንሐ ናይ ስልጣን ህርፋን ዳርጋ ንመብዛሕትኡ ናይ ትግራይ ልሂቅ ፀልዩዎ። ሎሚ ኩሉ ኣዛዚ ክኸውን’ምበር ንሕዝቢ ከገልግል ውዳበ ዝፈጥር የለን ምባል ይካኣል። ስልጣን ናይ ሕጊ ደረትን ናይ ኣገልግሎት ዘበን ገደብን እንተ ዘይተገይሩሉ ብቕንዕና ፓርቲ/ውዳበ ዘጣይሽ ኣይህሉን ዘጣየሸ’ውን ኣብ’ታ መንበር ክሳብ ዝመውት ኣዛዚ ኮይኑ ክነብር ዝደሊ ይኸውን። እዙይ ሕማም እዩ!!

ንምጥቕላል ናይ ትግራይ ፖለቲካ መራሕቲ ናይ ፀጋማት ኣታኣላልያ ዓቕሚን ስነልቦናዊ ብስለትን ዝጎድሎም እዮም። እቲ መድረኽ ድማ እዘም ዓቕሚታት’ዚኦም ዝጠልብ እዩ። ኣብ’ቲ ጀኖሳይዳዊ ኲናት ምስ ብዙሓት ሓይሊታት ኢና ተራፂምና። ሰላም ንምውሓስ ዝግበር ናይ እንካ ሃባ መስርሕ ምስ’ዞም ኣዝዮም ዝበደሉና ኣካላት እዩ ዝካየድ። እዙይ ድማ ናይ ውሽጥኻ ከም ውሽጥኻ ሒዝካ ንረብሓ ሕዝብኻ ዋላ ምስ ፀላኢኻ ንምውጋይ ድልዊ ምዃን ይሓትት። ሕዚ ዘሎ ጥረ ሓቂ ግና መራሕቲ ኢና ዝብሉ ካብ ስምዒትን ፅልኢን ወፅዮም ምስ ፀላእትና ዝብሉዎም ሓይሊታት ክዋገዩ ይኽእሉ እዮም ዝብል እምነት ኣብለይን። እቲ መድረኽ ዝጠልቦ ስነ ልቦናዊ ጥንካረ (emotional intelligence) ዝወነኑ እንተይኮኑስ **ፅልኢ ፣ ህልኽን ፣ ግትርነትን ዘጥቀያም ስለ ዝመስሉ**። ካልኦትና’ውን ከምኡ። ስልቦናዊ ብስለት መራሕቲ ጥራሕ ዘይኮኑስ ኩላህና ከነማዕብሎ ዘለና ዓብዪ ክእለት እዩ።

## 16. ፍትሕን ርትዒን - ኣልቦ ስርዓት

ናይ ማሕበራዊ ሳይንስ ፈላጣት ከም ዝሕብሩዎ **ሓበራዊ ሽቶ** ማሓዝን **ፍትሓዊነትን** ናይ ሓደ ዕዉት ማሕበረሰብ ናይ ሓድነት መለክዒታት እዮም[89]። ሓበራዊ ሽቶ ብዝምልከት ምስ መሪሕነት ኣታሓሂዘ ስለ ዝገለፅኩዎ ኣብ’ዙይ ፍትሓዊነት ምስ ሓድነት ዘለዎ ምትእስሳር ንርአ። ሓደ ማሕበረሰብ ኣብ ሓደ ጂኦግራፊያዊ ነቑጣ ብሓባር ስለ ዝነብር ስጡም ናይ ማህበረሰብ ስምዒት (real sense of community) ይህልዎ ማለት ኣይኮነን። ኣብ ዓዱ እናነበረ ጓናነት ክስማዖ ይኽእል እዩ ፣ ሕጊን ስርዓትን ከምኡ’ውን ጥቕሚን ረብሓን ንኹሉ ብማዕረ ዝርኢ እንተ ዘይኮይኑ። ብኣንፃሩ ፍትሓዊ ተጠቃሚነትን ሕዝባዊ ተሳትፎን እንትህሉ ማሕበረሰብ ይቖስን ንሰነያ’ውን ባይታ የንፅፍ ፣ ኣባላት’ቲ ማህበረስብ ዝህቡዎም ሓሳባትን ዝገብሩዎም ኣስተዋፅኦታትን ከም ዝተኸበሩሎም ይቓፅሩ ፣ ንናይ ሓባር ዕላማ’ውን ውፉያት ይኾኑ። ብኣንፃሩ ፃዕሪታቶምን ኣስተዋፅኦታቶምን ኣብ ግምት ዘይኣትዉ እንተኮይኖምን ኣብ ጥቕሚ’ውን ፍትሓዊነት እንተድኣ ዘየለ ባዓልናይነት ኣይስመዖምን ፣ ቀስ ብቐስ ኣብ’ቲ ማሕበረሰብ ክፍተት ይፍጠር።

ፍትሓዊነት ትግራዋይ ኣብ ናይ ሓባር ጉዳያቱ ማዕረ ታሓላቓይን ተሳታፋይን ምዃኑ ብምእማን ይጅምር። እቲ ዝፀንሐ ናይ ሓደ ፖለቲካ ዕብለላ (hegemony) **ንሰበ ስልጣናት ናይ ፍሉይ ታሓላቓይነት ስምዒት ከም ዝፈጠረ ቅድም ክብል ተገሊፁ** ፣ እቲ **ናይ 17 ዓመት ቃሊሰ’ውን ንሕዝቢ መደርዒ** ምግልጋሉ። እቲ ኣብ ቃልሲ ዝተፀምበረ ተጋዳላይ

[89] Medium: What Makes A Good Society? Mr. Plan ฿ Publication, 2024

ውልቃዊ ስልጣንን ረብሓን ደልዩ ዝተቓለሲ ኣይመስለኒን ፣ ዋል'ኳ ውሑዳት ከምኡ ዝሓስቡ ክነብሩ እንተኻኣሉ። ድሕሪ 1983 ግና ኣብ ትግራይ ስልጣን ብኻልእ መንገዲ ዝታሓዘሉ ባይታ ኣይነበረን[90] ፣ እዙይ ድማ ናይ ትግራይ ፍሉይ ታሓላቕነት ናይ'ቲ ዝተጋደለ ጥራሕ ተገይሩ ንኽውሰድ ናይ ባዕሉ ኣስተዋፅኦ ገይሩ ይኽውን። ኣዝዮም ውሑዳት ኣባላት ፈፃሚት ነቲ ማእኸላይ ኮሚቴ "ሓፍ ኮፍ" ዘብሉዎ ዘለዉ ነባር ተጋደልቲ ካብ ምኺኖም ወፃኢ ካልእ ፍሉይ ዓቕሚ የብሎምን። ኣብ'ዚይ ግልፂ ክኸውን ዝግበኦ ግና ሕዝቢ ትግራይ ኩሉ ተቓላሳይ ምንባሩ እዩ። ብሓደ ይኹን ብኻልእ መንገዲ ትግራዋይ ብምኺኑ ጥራሕ መከራ ዘይተቐበለን ናይ ባዕሉ ኣስተዋፅኦ ዘይገበረን ኣዝዩ ውሑድ እዩ። ኣብ'ዚ ናይ ሎሚ መኸተ'ውን ከምኡ። ስለ'ዚ ብሹም ተጋዳላይነት ፍሉይ ናይ ትግራይ ወናኒነት ክስመዖ ዝግባእ ሰብ ክህሉ የብሉን። ዝኾነ ይኹን ናይ ፖለቲካ ውዳበ ፖለቲካዊ ዕላምኡ ቅቡል ክኸውን ፃዕሪ ምግባሩ ንቡር እዩ። ስለ ዝተጋደልኩ ዝበሉኩዎ ኹሉ ተቐበሉ ምባል ግና ኣንፃር'ቲ ዝተገብረ ቃልሲ እዩ። ናይ ምቅላሰይ ዓስቢ ሕዝቢ ረጊፀ ምግዛእ እዩ ከምዝበለ ተገይሩ ክውሰድ ስለ ዝኽእል። **ሓቀኛ ተጋዳላይ ዓስቢ ኣይቖፅርን ፣ ዓስቢ እናሓሰበ እንተ ተጋዲሉ ተጋዳላይ ኣይኮነን**። ስለ'ዚ ሓደ ሰብ መሰሉ ንኽሓትትን ሓሳቡ ቅቡል ንኽኸውን ናይ ግድን ፍሉይ ኣስተዋፅኦ ዝገበረ ክኸውን ኣይብሉን። ከም ትግራዋይ ኣብ ትግራይ ግልጋሎት ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ ፣ ንትግራይ ዝጠቅም ዓቕሚን ተኽእሎን እንተሊኡዎ ድማ ክስማዕ ይግበኦ። በዙይ መልክዕ ዝግለል ክፋል ማሕበረሰብ እንተሊኡ ናብ መረረትን ምክፍፋልን ከምርሕ ግድን እዩ።

በዙይ መንፅር እንትንርእ ኣብ ትግራይ ፍትሓዊነትን ማዕረ ተጠቃምነትን ነይሩ ከም ዘይፈልጥ ዝተፈላለዩ ክፋል ማሕበረሰባት ኣብ ዝግበሩ ገምጋማትን ኣኼባታትን ዝገልፅዎ ሓቂ ምኺኑ የርኢ። ብኔትዎርክ ታኣሳሲርካን ብብላዕን እንካ ሃባን ናይ ፖለቲካ ሹመኛታትን ሰብ ሃፍትን ከምዝጣቓቐሙ ፣ ሓለፍቲ ብሹም እሕዋቶምን ኣዝማዶምን ንብረት ከም ዝእክቡ ወዘተ ኣብ ናይ ሕወሓት ላዕለዋይ መሪሕነት ገምጋም ከይተረፈ ዝቐርቡ ወቐሳታት እዩም[91]። ኣብ እዋን ኩናት ግና ኣድሕን ተባሂሉ ሓፋሽ እዩ ንመስዋእቲ ዝፅዋዕ። ሎሚ'ማ ሕወሓት ንዝፀወዖ ኩናት እምቢ ምባል "ብሕጊ" ዘቕፅዕ ኮይኑ ታኣዊጁ ኣሎ[92]። እቲ ሕዝቢ ይኹን ዝተፈላለዩ ውዳበታት ተቓውሞኦም እንተ ገለፁ'ውን ቅድም ክብል ብዘልዓልናዮም ምኽኒታት ሕዝቢ ይግደድ ኣሎ። እቶም በስገዳድ ዝውሰዱ ዘለዉ መናእሰያት ደቂ ድኻታት እንትኾኑ መራሕቲ ግና ደቆም ኣብ ፅኑዕ ስፍራ (ገሊኦም ኣብ ኣዲስ ኣበበ ካሎኦቶም ድማ ኣብ ወፃእ ዓዲ) ዝተቐመጡ ስለ ዝኾኑ እቲ ናይ ኣስገዳድ ውትድርና ኣይምልከቶመን[93]። ኣብ ጥቕሚ ዘይሕወስ ኣብ ኩናት ጥራሕ ዝፅዋዕ ሕዝቢ ኣብ ዘለሉ ኩነታት ትግራይ ናይ ኩልና እያ ምባልን ናይ ሓድነት መንፈስ ምፍጣርን ኣይካኣልን። ስለ'ዚ ኣብ ከም'ዙይ ዝበለ ኩነታት ኴንካ ዝግበር ናይ ፖለቲካ ንሕንሕ እቲ ናይ ጥቕሚ ፍልፍል ዝኾነ ስልጣን ንምቁፅፃር ምኺኑ ርዱእ እዩ።

## 17. ስእነት ናፃ ትካላት (independent institutions)

ደጋጊሙ ከም ዝገለፅኩዎ ኣብ ዝሓለፉ ሓምሳ ዓመታት ይኹን ቅድሚኡ ዓርሰን ክኢለን ዝሰርሓ ናይ መንግስቲን ማሕበራዊን ትካላት ኣይተፈጥራን። ቅድም ክብል እዘን ትካላት ናይ'ቲ መስፍናዊ ስርዓት መጋበርያታት ዝነበራ እንትኾን ቀፂሉ ድማ ምስ ፓርቲ ዝተጣበቓ ኮይነን። መንግስቲን ፓርቲን ክፋላላ ኣለዎ ዝብል ናይ ሕዝቢ ጠለብ ክሳብ ሎሚ

[90] Tefera Negash Gebregziabher, Ideology and power in TPLF's Ethiopia: A historic reversal in the making? African Affairs, Volume 118, Issue 472, July 2019

[91] ብርነ ፅጋብ ፣ ኢሃዴግ የቁልቁለት መንገድ (2005 – 2010) ፣ 2011.

[92] Human Rights Watch, Ethiopia: Tigray Authorities Should Withdraw Abusive Law, June 23, 2026.

[93] Daniel Tesfa, Shim Masha, Joëlle Stocker and Mirjam van Reisen, Preparing for War, Lacking Consensus: Tigray's Divided Political and Social Landscape, InDepthNews, April 28, 2026.

ሰማዒ ኣይረኸበን ጥራሕ ዘይኮነስ ናይ ሕወሓት መፋናጨሊ ኣጀንዳ'ውን ኮይኑ[94]። ናይ መንግስቲን ማህበራዊ ትካላትን ምስ ፓርቲ ጠሚርካ ናይ ምምሕዳር ባህሊ ካብ'ቲ ናይ በረኻ ቓልሲን ኮሚኒስታዊ ኣሰራራሓን ዝተቐድሐ እዩ። እዙይ ሓደ ፓርቲ ንኹሎም ናይ ልምዓትን ማሕበራዊ ትካላትን ብሒቱ ናይ ስልጣንን ኢኮኖሚያዊ መስርሓትን ዓብላላይ ክኸውን ዝገበረ ኣሰራራሓ ነ'ቲ ተጋሩ እንብህን ዓለ-ለኻዊ ኣሳራራሓ ዘፀልምት መስርሕ እዩ። ትግራዋይ ብሉፅ መስርሕን ተሞኩሮን ናይ ምብሃግ ጥራሕ ዘይኮነስ ትምኒቱ ከውሕስ ዘኽእሎ ጉዕዞ ዝጅምረሉ እዋን ሎሚ እዩ።

ንሕዝቢ ተፀዋዕነት ዘለዎም ናይ ሕጊ መውፅኢ ፣ ሕጊ ተርጓሚን ፣ ፈፃሚን ባዕሎም ክኢሎምን ናፅነቶም ሓልዮምን ዝሰርሑ ናይ መንግስቲ ትካላ ክኾኑ ከምዘለዎም ርዱእ እዩ። ሓደ ፓርቲ ናይ መንግስታዊ ፣ ማሕበራዊ ትካላት ፣ ናይ ፖለቲካ ወዘተ ኩሉ ዓብላላይ ምኳኑ ነቲ ኣቲናዮ ዘለና ዓብዪ ናይ ፖለቲካ ውድቀት (political bankruptcy) ቀንዲ ምኽንያት እዩ። እቲ ፓርቲ ከም'ቲ ሎሚ በፂሕዎ ዘሎ እንትወድቕ ዓዲ ሓቢራ ወዲቓ። ከምኡ'ውን ሓደ ፓርቲ ናይ መንግስቲ ማሓውርን ሃፍቲን ሙሉእ ብሙሉእ ክቈፃፀር እንተ ኽኢሉ ዘይግቡእ ሓለፋ ስለ ዝረክብ ካልኦት ፓርቲታትን ትካላትን ንኻዓብያ ዕድል ኣይህብን ፣ ናይ ሕዝቢ ሃፍቲ ናይ ሓደ ውድብ ንብረት ኮይኑ ማልት'ውን እዩ። እዚ ጉዳይ ክሳብ ሎሚ ክፍታሕ ዘይተኻእለሉ ምኽንያት ናፃ ትካላት ናይ ምህላው ኣገዳስነት ስለ ዘይተፈለጠ ኣይኮነን። ነቲ ትግራይ ሎሚ ኣትያቶ ዘላ ውድቀት ዓብዪ ግደ ከም ዘለዎ ዝሕብሩ ብዙሓት መፅናዕቲታት ቀሪቦም ፣ ካልኦት'ውን ተዘሪቦሙሉ እዮም[95]። እቲ ፀገም ናይ ፓርቲን መንግስትን ኣብ ኢድ'ቲ ፓርቲን ስርዓትን ምኳን እቲ ፓርቲ ብኹሉ መዳይ ዓብላላይ ኮይኑ ክቕፅል ንዘለዎ ድልየት ኣድላዪ ስለ ዝኾነ እዩ። እዙይ ንትግራይን ተጋሩን ኣይጠቐመን ፣ ኣይምጥንን። ብግቡእ ዝተሃነፃ ትካላት ኣብ ዘለዋሉ ምህዳር እቲ ፖለቲካዊ ሓይሊ እንተደኸመ'ኳ ትግራይ ንዝኸፍአ ሓደጋ ኣይትጋለፅን ፣ እተን መንግስታዊ ትካላት ባዕለን ክኢለን ስረሐን ክቕፅላ ስለ ዝኽእላ። እተን መንግስታዊ ትካላት ሓቢረን ምስ'ቲ ፓርቲ ብምውዳቐን እቲ ኽፍተት ብኻልኦት ሓይሊታት (opportunists) ክጭወ ዕድል ሂቡ። እቲ "ኮርን ልዕሊ ኮርን" ብዝብል ሹም ዝፍለጥ ወታሃደራዊ ሓይሊ ነቲ ዝተፈጠረ ኽፍተት ተጠቒሙ ናይ መንግስቲ መራሕቲ ክቕያይር እንረኦ ዘለና ናይ'ዙይ ውፅኢት ከም ዝኾነ ንርዳእ[96]። መፃኢና ከም'ዙይ ከይኸውን እንደሊ እንተድኣ ኾይንና ኣብ ፅኑዕ መሰረት ዝተተኽሉን ናፃን ናይ መንግስቲን ማሕበራዊን ትካላት የድልዩና። ከምዝኦም ዝበሉ ትካላት ብሓደ ፀሓይ ኣይፍጠሩን። እቲ መንገዲ ሎሚ ምጅማር ግና ግድን እዩ። ዳርጋ ካብ ባዶ ንጅምር ስለ ዘለና።

## 18. ናይ ግዳማውያን ሓይሊታት ኢድ ኣታውነት

ኣብ ናይ ትግራይ ፖለቲካ ባይታ ናይ ወፃእ ሓይሊታት'ውን ክከም ኩነታቱ ኢድ ኣታውነት ክህልዎም ይኽእል እዩ። ነገር ግን ናይ'ዞም ግዳማውያን ሓይሊታት ታራ ኣብ መወዳእታ ዝሰራዕኹዎ ብፍላጥ እዩ። ናይ ስትራተጂክ ኣመራርሓ ሰብ ሙያ ከም ዝብሉዎ ፣ ዋላ'ኳ ውሽጣዊን ግዳማዊን ተፃብኦታት ናይ ባዕሎም ታራ እንተሃለዎም ፣ **ንሓደ ድርጅት ውድቀት እቲ ቐንዲ ምኽኒት ግና ወሽጣዊ ፀገም እዩ** (While external events act as catalysts, internal weaknesses determine whether an organization can successfully adapt or ultimately collapse).[97] ናይ ተጋሩ ሊሂቃን ሓድነት ጥንኩር ኣብ ዝኾነሉ እዋን ናይ ግዳማውያን ሓይሊታት ኣስተዋፅኦ ውሱን ስለዝኾነን እቲ ቀንዲ

---

[94] ኣብ'ቲ ብኣይተ ጌታቸው ረዳ ዝምራሕ ዝነበረ ጊዜዊ መንግስቲ ተጀሚሩ ዝነበረ ናይ ምፍላይ ከይዲ ሕወሓት ሙሉእ ብሙሉእ ዝተቖፃፀሮ "መንግስቲ" ስልጣን ምስ ሓዘ ናብ'ቲ ዝነበሮ ተመሊሱ።

[95] ሌ/ጀ ገ/ፃድቃን ገ/ትንሳኤ፣ ፖለቲካዊ ምሕደራን መሪሕነትን ትግራይ ፣ 2018

[96] ናይ ኣይተ ጌታቸውን ጀነራል ታደሰ ወረደን ጊዜዊ መንግስቲ ስልጣኖም ዝተሓደጉ ካብ መትከል ውዕሊ ፕሪቶርያ ወፃኢን ብውሳነን ሓይሊን "ኮርን ልዕሊ ኮርን" ምኳኑ ይፍለጥ።

[97] Charles James: Management Systems and Strategic Failure: Insights from Real-World Cases, 2026

ጠመተና መጀመርያ ኣብ ውሽጥና ዘሎ ሕመቕ ምእላይ ክኸውን ኣለዎ። ኣብ ኢድ ተጋሩን መፃወቲ መይዳን ዘሎ ስለዝኾነ ንምእላይ ዝቕለለ ይገብሮ። ከምኡ'ውን እቶም ግዳማውያን ሓይሊታት ንኸጥቁዑና ዕድል ዝህብ ዘሎ ናይ'ቲ ኣማራራሓ ውሽጣዊ ድኽመት ክኸውን ስለ ዝኽእል (ከም ጂኦፖለቲካዊ ኩነታት ብግቡእ ዘይምግምጋም ፣ ድኹም ዲፕሎማሲያዊ ርድኢት ፣ ናይ ፀላእቲ ዓቕሚን ኣሰላልፋን ኣቐዲምካ ዘይምርዳእ ፣ ዓቕምኻ ገምጊምካ እኹል ምድላዋት ዘይምግባር ወዘተ)። ውሽጥኻ ኣሳጣጢምካ ነ'ቲ ደጋዊ ተፃብኦ ምግጣም ዝቐለለ እዩ።

ብናተይ ርድኢት ግዳማዊያ ሓይሊታት ናይ ትግራይ ሓድነት ክሕምሱ ዝኽእሉሎም ክልተ መንገዲታት ኣለዉ። እቲ ሓደን ወሳናይ ምኽኒትን ምድካም ወሽጣዊ ሓድነትን ናይ ሓባር ዕላማ ዘይምህላውን እንትኾን እቲ ኻልኣይ ድማ ናይ ትግራይ ሓይሊታት ኣፈላላዮም ብዘተ ይኹን ብሓይሊ ክፈትሑ ኣብ ዘይኽእልሉ ብርኪ ምስ ዝበፅሑ'ሞ ወይ ሓዲኦም ወይ ካዓ ክልቲኦም ደጋዊ ሓይሊ እንትዕድሙ እዩ። ናይ ትግራይ ልሂቕ ኣብ ኢትዮጵያ ከም ዘሎ ሓደን ቀንዲ ናይ ፖለቲካ ሓይሊን ተመሳሳሊ ድልየትን ባህጊን ምስ ዝነበሮምን ዘለዎምን ናይ ፖለቲካ ሓይሊታት (ቀደም ምስ ሸዋ ፣ ጎንደር ፣ ጎጃም) ምጥምማት ልሙድ ታሪኽና እዩ ነይሩ[98]። ድሕሪ ሞት ሃፀይ ዮሃንስ ድማ ናይ ሸዋ መሳፍንቲ ትግራይ ዓቢዪ ዓቕሚ ኣጥርያ ናይ ስልጣን ተናሓናሒት ከይትኸውን ጥራሕ ዘይኮነስ ካብ ፀወታ ክትወፅእ ብዙሕ ሰሪሖም እዮም። "ነጋድራስ ገ/ሒወት "ኣጤ ሚኒልክ የትግራይን ሕዝብ እንደ ሕዝባቸው ኣያዩትም" ብዝብል ዝገለፁዎ[99]።

ታሪኽ ፖለቲካ ትግራይ ናይ'ቲ ስናዕ ናይ ሸዋ ፖለቲካ ተረኽ ግዳይ ኰይኑ ከም ዝፀንሐ ቅድም ክብል ተጠቒሱ እዩ። ኣብ ሞንጎ ፖለቲካ ተጋሩ ብዙሕ ጊዜ ናይ ሸዋ ሽርሒ ይኣቱ። **እንተ ኽኢሎም ኮነ ኢሎም ኣብ ሞንጎ ተጋሩ ግጭት ንምፍጣር ይፅዕሩ ፣ እንተ ዘይኮይኑሎም ድማ ኣብ ሞንጎ ተጋሩ ተፃብኦ ምስተፈጥረ ኣብ ክንዲ ክዓርቁ ይጠቕመና እዩ ንዝብሉዎ ሓይሊ ድጋፍ ብማሃብ እቲ ጎንፂ ክጋደድ ዕዙዝ ታራ ይፃወቱ።** የገልግለና እዩ ንዝብሉዎ መስፍን ስልጣን ይህቡዎ ፣ ይግበኣኒ እዩ ንዝብል ካልእ መስፍ ድማ ከልኪሎም ጎንፂ ክፍጠር ይሰርሑ[100]። ኣብ ሞንጎ ራእሲ ኣሉላን ራእሲ ሓጎስን ንኽልቲኦም ሞት ምኽኒት ዝኾነ ኲናት ንኽጅመር ብተዘዋዋሪ መንገዲ ናይ ሸዋ ኢድ ከም ዘለዎ ይጥርጠር። ግዝኣታዊ ደረት ብዘይምንፃርን ክዋጠጡ ብምግባርን። ናይ ንጉስ ሓ/ስላሴ ጦር ነቲ ናይ ቀዳማይ ወያነ ቃልሲ ክስዕር ዝኻኣለ ብሓደ ወገን ናይ እንግሊዝ ኣውሮፕላን ዘብፀሖ ናይ ቁምቡላታት ዳርባን መርዚን እንትኾን ብኻልእ ወገን ድማ ናይ ኣኽሱምን ዓድዋን መሳፍንቲ ምስ መንግስቲ ሸዋ ስለ ዝወገኑ እዩ (ብደገዝማቲ ገ/ሒወት መሸሻ ዝምራሕ ጦር)። ዋላ ዘሕፍር እንተኾነ መምሃሪ ክኾነና ምእንቲ ክንፈልጦን ፅባሕ ከይድገም ክንኩኑኖን ዘለኣና ታሪኽ። ኣብ'ቲ ናይ 17 ዓመት ብረታዊ ቓልሲ ድማ ደርጊ ነቲ ዝፀንሐ ናይ ተጋሩ ዘይ ምስምማዕ ተበሊፁ ንሕወሓት ንምጥፋእ ካብ ከባቢታት ራያ ዘታኣኻኽቦ ሰራዊት እኹል ስልጠና ከይሃበ ናይ "ራዛ ሰራዊት" ዝብል ሹም ሂቡ ኣዋፊሩዎም ግና ኣብ ውሽጢ ኣዋርሕ ከም ዝተበተኑ ይዝከር።

እቲ ምጥምማት ሕዚ'ውን ኣሎ ፣ ናይ ትግራይ ሕድሕድ ምንቅስቓስ ግዳማውያን ሓይሊታት ብንቕሓት ዝካታተሉዎ ዋኒኖም እዩ። ናይ ተጋሩ ዓቕሚ ተጠቒሞም ናይ ኣራት ኪሎ ስልጣን ንምምላስ ገለ ናይ ኣምሓራ ሓይሊታት ምስ'ቲ ሓደ ናይ ሕወሓት ፍንጫል "ፅምዶ" ፈጢርና ይብሉ ኣለዉ። እዚይ **"ናይ ሓይሊታት ጥምረት"** ዝብል ሹም ዝተዋህበ ብድሕሪት ሻዕብያ ዘታሓባብሮ ሓይሊ ናይ ኣራት ኪሎ ስልጣን እንትጭብጥ እንተይ ክኸውን ከምዝኽእል ዘርኢ ንፁር

---

[98] Alemu Mullaw, Analyzing the Root Causes of Armed Conflicts in Northern Ethiopia, Peace and Security, ACCORD, Conflict Trends 2024/3

[99] ነጋድራስ ገ/ሂዎት ባይከዳኝ ስራዎች ፣ ነባር ምርጥ መፃሕፍት ሕትመት ፣ ኣኣዩ ፣ 2007 ኣ. ም. ግእዝ (11)።

[100] Tecle-Haimanot G/Selassie, Political History of Tigray: Rivalry for Power (1910-1935), A Thesis Presented to The School of Graduate Studies Of the Addis Ababa University, 2003

ሕንፃፅ የለን። ኣብ ኢድ ናይ ኣምሓሩ ዕጡቓት (ፋኖ) ዘሎ ምዕራብ ትግራይ ናብ ምምሕዳር ትግራይ ክምለስን ሓደ ሚልዮን ዝኾኑ ተፈናቐልቲ ተጋሩ'ውን ናብ መረበቶም ክምለሱ ዘኽእል ስትራተጂ ንሳኒ ገዲፍካ ዝግበር ፅምዶ ንትግራይ ኣይረብሕን። መሊሱ ኣብ ሞንጎ እቶም ሰብ ፅምዶ ካልእ ጎንፂ ከም ዘስዕብ ርዱእ እዩ። መንግስቲ ኤርትራ ይኹን ፋኖ ምዕራብ ትግራይ ናብ ትግራይ ክምለስ ስለ ዘይደልዩ። ግና ኣብ ሞንጎ ተጋሩ ፖለቲከኛታት ዘሎ ህልኽ ትግራይ ናብ ክልተ ገፅ ክትጥምት ገይሩዋ ኣሎ።

ኣብ ከይዲ ፖለቲካ ምስ ዝመስለካ ሓይሊ ምሕዝነት ምፍጣር ንቡር ይኹን'ምበር ገለ ምሕዝነታት ናብ ናይ ፖለቲካዊ ዓርሰ ቕትለት (political suicide) ከየምርሑ ጥንቃቐ የድሊ። ንኣብነት ዝኾነ ናይ ጀርመን ፓርቲ ምስ ናይ ናዚ ፓርቲ ክቐርብ ኣይፍትንን ፣ ዘኽፍሎ ዋጋ ስለ ዝፈልጥ። ስለ'ዚ ከምዙይ ዝበለ "ፅምዶ" ብሕዝብኻ ፣ ካልኦት ናይ ፖለቲካ ተዋሳእቲን ፣ ዓለም-ለኸ ትካላትን ክትንፀግ ዘግብር ክኸውን የብሉን። ከም ምስ ናይ ኤርትራ መንግስቲ ዝግበር ፅምዶ ዓይነት - ናይ ሰላም ታሪኽን ባህጊን ዘብሉ "ናይ ኣፍሪቃ ሰሜን ኮርያ" ተባሂሉ'ውን ዓለም ዝፈንፈኖ ስለዝኾነ። ትግራይ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ክሳብ ዘላ ምስ ፌደራል መንግስቲ ካብ ምስራሕ ካልእ መማረፂ ኣይብልናን። ነገር ግን ዝተፈፀመና ጀኖሳይድ ዘረስዕን ጊዝይኡ ምስ መፀ ብሕጊ ከይንሓትት ብዝዓግተና መንገዲ ክኸውን የብሉን።

ስለ'ዚ ብሓደ ወገን ትግራይን ናይ ትግራይ ትካላትን ምስ ዝመስሉወን ትካላትን ማሕበረሰባትን ምሕዝነት ምፍጣር ኣድላዪ ስለ ዝኾነ ብውነን ትካላዊ ብዝኾነ መንገዲን ክህነፅ ኣለዎ። ኣብ ዳሓን ጊዜ ዘይሃነፅካዮ ምሕዝነት ኣብ እዋን ፀበባ ስለ ዘይርከብ ከም'ቲ ኣብ'ቲ ጀኖሳይዳዊ ኲናት ዘጋጠመና በይንና ከይንተርፍ ኣቐዲምናን ትካላዊ ብዝኾነ መንገዲን ስትራተጂካዊ ምሕዝነት ንፍጠር። **እቶም ዝፍጠሩ ምሕዝነታት ኣብ ናይ ፖለቲካ ርእዮተ ዓለም ዝተመስረቱ ወይ ካዓ ብሓደ ፖለቲካ ፓርቲ ዝውሰኑ ክኾኑ ኣይግባእን። ንትግራይ ከም ትግራይ ዝጠቕሙዋ ክኾኑ ስለ ዘለዎም።** ብኻልእ ወገን ድማ ምስ ከምዚኦም ዝበሉ ሓይሊታት እንፈጥሮ ምሕዝነት ሓድነትና ኣብ ሓደጋ ዘውድቕን ንግዳማዊ በለፅ ዘቃልዕናን ከይኽውን ጥንቃቐ ምግባር ይግባእ። ነገር ግን ናይ ትግራይ ፖለቲካ ውድቀትን ምብትታንን ቅድም ቀዳድም ኣብ ኢድ ተጋሩ ይርከብ። ውሽጣዊ ኣፈላላያት ንናይ ደገ ሓይሊታት መእተዊ ከይኸውን ብዘተን ብስልጡን ኣሳራርሓን ምፍታሕ ናይ ደገ ሓይሊ ድኽመትና ከይብለፅ ይሕግዝ። ክፉት በረ እንተልዩ ዝደለየን ዝኻኣለን ስለ ዝኣትዎ። ተጋሩ ኣብ መሰረታዊ ጉዳያት ምስ ዝሓብሩን ንግዳማውያን ሓይሊታታ መእተዊ ምስ ዝኽልእዎምን ናይ ደገ ሓይሊ ፅዕንቶ እንተ ሃለወ'ውን ሓደጉኡ ድሩት ይኸውን።

## 19. መጠቓለሊ

ንምጥቕላል እቲ ሎሚ ዝረአ ዘሎ ናይ መሪሕነት ውድቀት ናይ'ዞም ዝተጠቐሱ ናይ ታሪኽን ልምድን ውፅኢታት እዮም ምባል ይካኣል። ዘይ ምዕሩይ መሪሕነትን ናይ ዓቕሚ ድሩትነትን ድማ ናይ ተጋሩ ሓድነት ኣብ ሓደጋ ዘውድቐ ከይኑ ንረኽቦ። ከም'ዙይ እንተ ቐፂሉ ናይ ቅድሚ ሎሚ ከያኣክል መፃእቲ ወለዶታት'ውን ኣብ ውድቀትን ተመሳሳሊ ናይ ተፃብኦ ዕንክሊልን ክነብሩ ይኽእሉ። **ሕዝቢ ትግራይ ኣብ ናይ ሓባር ረብሑኡ ምዕሳል ፀገም የብሉን ፣ ሃብ ዝበልካዮ ዝህብን ሓላፍነቱ ብግቡ ዝዋፃእን ሕዝቢ እዩ።** ተጋሩ ኣብ ፀበባ እዋን ሓድነቶም ኣስጢሞም እንትዓሙ ዝደልዩዎ ውፅኢት ከምዝረኽቡ እቲ ኣብ እዋን ፅንተት ዝተራእየ ዓለም ዘስደመመ ውዲት ግልፂ መረዳእታ እዩ። ሹዑ ከይተፀወዐ ከካብ ዝነበሮ ታኣኻኺቡ መስተንክር ዝሰርሐ ብኣዋጅ ታኣዚዙ ወይ ካዓ ብኣስገዳድ ኣይነበረን። ኩሉ ኣብ ድሕነት ሕዝቢ ጠጠው ስለ ዝበለ'ምበር። እቲ ሕዚ እንሪኦ ዘለና ምፍንጫል ድማ ኣነ ዝበልኩዎ እንተዘይኮይኑ ዝብል ዓንቃፅ መንገዲ ሒዙ "ውድብን ገድሊን" ኣብ ዝባሃሉ ጣኦታት ዝተሸጐጠ ፣ **ዓርሱ ካብ'ቲ ብሔር ንላዕሊ ገይሩ ዝርኢ ምልኪ (cult)**

**ስለ ዝፈጠርና እዩ።** ናይ ሕዝቢ ኣውያት ከየሰከፎ ድልየቱ ክገብር ዝደሊ ፣ ንፖለቲካ ሃልኪ ዝጠቅም እንተኾይኑ ዘይንቡር ባህሊን መስርሕን ዘታኣታቱ ንቡራት እሴታትና እንትስርሰሩ ድማ እናራኣየ ከም ዘይራኣየ ስኽ ዝብል።

እቲ ምልኪን ዝተላዕሉ ዘዕባታትን ኣብ ሓደ ዘበን እተፍጥሩ ጥራህ ዘይኮኑስ ገሊኦም ካብ ሓደ ወለዶ ናብ ካልእ ዝተሳገሩ እዮም። ኣብ'ቲ ናይ ሎሚ ወልዶ ጥራሕ'ውን ተወሲኖም ኣይተርፉን ፣ ቅልጡፍ ፍታሕ እንተ ዘይተገይሩሉ ደቅናን ቀፀልቲ ወለዶታትን በዚ ሕማም ምጉዶኦም ኣይቐርን። ስለ'ዚ ካብ'ቲ ሕዚ ኣቲናዮ ዘለና ሰፍ ዘይብል ፀገም ንምውፃእ ፍልይ ዝበለ ስጉምቲ ምውሳድ የድሊ። ሄነርይ ፎርድ (Henry Ford) ዝባሃል ኣሜሪካዊ "Coming together is a beginning; keeping together is progress; working together is success" - "ናብ ሓደ ምምፃእ ናይ መጀመርታ ስጉምቲ ፣ ብሓደ ምቕፃል (*ፅጉቕ*) ምዕባለ ፣ ብሓባር ምስራሕ ድማ ዓወት" ከም ዝበሎ ናይ ሓባር መድረኽ ከም መጀመሪ ዓርሰ-ፍተሻን ምርድዳእን ኔርና ሓቢርና ሰሪሕና ናብ ዓወት ክንበፅሕ ካብ ናይ ታሪኽ ምሩኽነት ምውፃእ ፣ ናይ ፖለቲካ ብልሒ ምውሳኽ ፣ ስነ ልቦናዊ ብሰለት ዘለዎምን ሕዝቢ ማእኸል ዝገብሩን መራሕቲ ክህሉዉናን ምግባር ይግባእ። ናይ ተጋሩ ሓበራዊ ዕላማ ብልዝብ ተወሲኑ ኣብ ዙርያ ናይ ሕዝቢ ቅቡልነት ዝረኸበ ዕላማ ሓቢርካ ካብ ምስራሕ ካልእ መንገዲ የለን። ሓበራዊ ዕላማ ዝፍጠር ድማ ምድምማፅ እንትህሉን ሓሳብ መእከቢ መድረኽ እንትፍጠርን ይኸውን። **ናይ ፖለቲካ ሓይሊታታ ክራዳድኡ እንተ ዘይ ኪኢሎም'ውን ሓሳቦም ናብ ሕዝቢ ኣቕሪቦም ሕዝቢ ዝወሰኖ ናይ ምቕባል ባህሊ ከማዕብሉ ኣለዎም**። ንሕዝቢ ዝሓሊ ናይ ሕዝቢ ድምፂ የኽብር። "ሕድሪ ሕዝብናን ስውኣትናን ኣይነዕብርን" ዝብል ጭርሖ ከም መፅሓፈ ዳዊት ምድጋም ጥራሕ ኣብ ዘብፅሓና የብሉን። የግዳስ ብግብሪ ናይ ሕዝቢ ኣውያት ዘሕሞምን ሰብኣዊነት ዝስሞዕምን ናይ ፖለቲካ ሊሂቃን ክህልዉና ምግባር ናይ'ዚ ወለዶ ሓላፍነት ይኸውን። ሕድሕድና'ውን ግቡእና ክንፍፅም ግድን ይብለና።

ሕዝቢ ትግራይ እዛ ዘበን'ዚኣ ብፍሉይ ዝዝክራ ኽትከውን እያ። ሕድሕድ ትግራዋይ ኣብ'ዛ ቁርፂ ዘበን እዚኣ ናይ ታሪኽ ታሓታቲ ከይኸውን እንታይ ክገብር ኣለኒ ኢሉ ዓርሱ ክሓትት ይግበኦ። እቲ ናይ'ቲ ውድቀት ኣካል ዝነበረ መሪሕነት ድማ እንተኽኢሉ ነቲ ዝፈጠሮ ፀገም ኣብ ምእላይን ነቲ ቀፃሊ ወልዶ ምዕሩይ ባይታ ኣብ ምንፃፍን ናይ ባዕሉ ዓሸራ ክገድፍ ኣለዎ ፣ ናይ'ቲ መፍትሒ ኣካል ብምኳን። እቲ ሓዱሽ ወለዶ ባዕሉ'ውን ናይ ታሪኽ ሃጓፋት ከም ዘለዉ ተረዲኡ ደጊሙ ዘይጋገየሉ መንገዲ ክፍጠር። **ስርዓተ ትምህርቲ ትግራይ'ውን ሓታትይ ወለዶ ብዝፈጥር መልክዑ ክቕረፅ** ናይ ስነ ትምህርቲ (Pedagogy) ሰብ ሙያታት ጥንቁቕ ምህዞን ዕዮን ይፅበዮም። **ፀገም ትግራይ ብዋናነት ፀገም መሪሕነት ስለ ዝኾነ ብትልሚን ብስርዓትን ዝምራሕ ፍሉይ ናይ መራሕቲ መሰልጠኒ ትክላት ተጣይሸን** መፃኢ ወለዶ ኣብ'ቲ ንሕና ኣቲናዮ ዘለና ውድቀት ከይጥሕል ብትግሃት ምስራሕ የድሊ። ከምኡ'ውን ናይ ሃይማኖት ትካላትን ዝምልከቶም ማሕበራዊ ውዳበታትን ነቲ ዘለናሉ ክፍለ ዘበን ዝምጥን ኣታሓሳስባ ኣብ ምህናፅ ናይ ባዕለን ግደ ክፃወታ ይግባእ። ኣድላይቲ ዘይኮኑ ባህሊታት ብምቕያር ፣ እዙይ ኣይትሕተቱ ፣ ከም'ዙይ ኣይባሃልን ወዘተ ካብ ዝብል ባህላዊን ሓይማኖታዊን "ማሕለኻታት" ዝወፀ ሓታታይ ወለዶ ኣብ ምፍጣር ናይ ባዕለን ግደ ክፍፅማ ኣለወን። እምነትናን ባህልናን ኣብ ጊዜ ንእስነት ስለ ዝቕረፅ ንቘልዑን መናእሰያትን ፍሉይ ጠመተ ሂብካ ምስራህ ግድን ይብል። መፃኢ ወለዶ ምድሓን ዝካኣል ካብ ንእስነት ጀሚሩ ብውነ እንተ ተሰሪሑሉ ጥራሕ ስለ ዝኾነ።

ማዓርግ ኣድሓኖም (Ph.D.)
ቶሮንቶ ካናዳ - ሓምለ 2018
Email: mtafere2@gmail.com